# ወግዒ ታሪኽ ፈንቅል - ቅያ ኣናብስ




*ግርማይ ወልደግዮርጊስ (መንከኒኖ)*

*ታሪኽ ሓንኲኽካ ከምዝነበር፡ ወይ ገፊል መፊሉ ኣሊኻ ወይ ድማ ንግዜ ዝግደፍ ገዲፍካ፡ ነቲ ምስ ግዜ ዝኸደልካ ጥራይ ጎሊልካ ብምውጻእ፡ ብብዙሕ ኣገባብን መኣዝንን ክጸሓፍ ከምዝከኣል ተመኩሮ ብዙሓት ጸሓፍቲ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ። ናይዚ ቀሊል ኣብነት፡ እቲ ንታሪኽ ቃልስና ምርኩስ ብምግባር ብኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ብዝንቡዕ ኣገባብ ተደሪሱ ብ"ኣጀኹም" በሃልቲ ተተባቢዑ ነናሻዕ ዝሕተም ዘሎ ከም "ሻዕብያ ኣልማረከኝም" (ሻዕቢያ ኣይማረኸንን- ነዚ ዝምልከት'ውን ኣብዚ ዛንታ'ዚ ክበርህ እዩ) "ቅስም የሰበረ እርምጃ" (ፍናን ዝሰበረ ስጉምቲ) ወዘተ. መጻሕፍቲ ምጥቃስ ይከኣል። እዚ ብስም "ናይ ህላወን ሞትን ውግእ-ፈንቅል" ብዝብል ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፍ ድማ፡ ነቲ ንታሪኽ ቃልስና ንምዝንባዕ ዝጸሓፍ ዘሎ ህውታትያ ጽሑፋት ግብረ መልሲ ንምሃብ ዘይኮነ፡ ኣብ ሓቂ ዝሰረተ ታሪኽ ቃልስና ኩሉ በብዓቕሙ ንክጽሕፍ ዝተፈጥረ ባይታን ምትብባዕን ክጥቀመሉ ስለዘለኒ እየ። ብቐንዱ ከኣ ከምቲ "ቅያ ኣንበሳ ዝጽሕፉ ክሳብ ዘይተረኽቡ፡ ታሪኽ ናይቲ 'ብኸምዚ ኣገባብ ኣንበሳ ቀቲለ' ዝብል ምስሉይ ሃዳናይ እዩ ክዝንቶን ክጸሓፍን" ዝተባህለ ብምዝካር። ብመሰረቱ ፍጻመታት ምርኩስ ገይሮም ዝጸሓፉ ጽሑፋት ኣብ ተዛማዲ ሓቂ'ምበር ኣብ ውጹእ ፍጹምነት ዝጸሓፉ ጽሑፋት ንምርካብ ኮነ ንምድላው ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ኣይኮነንዶ ፍጻመታትን ታሪኽን፡ ፍልስፍና'ውን ሓደ ዝጀመሮ ካልእ ዝቕጽሎን ዘማዕብሎን እምበር ውርጹጽ ፍልስፍና ዘቕረበ ፈላስፋ ንምርካብ ኣጸጋሚ'ዩ።*

*ልዕሊ ኩሉ ድማ ሕልሚ ፈሪሕካ ካብ ከይደቀስካ ምሕዳር ዝኸፍእ ስለዘየልቦ፡ ካብ "ይጽንሓለይን ከይብሉንን" ርሒቕና፡ ታሪኽናን ቅያታትናን ሎሚ ግድን ክጸሓፍ ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ከምቲ ሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም ምስ*

ሸምገሉ "ንምንታይ ታሪኽና በቲ እትገልጽዎ ደረጃ ዘይጸሓፍኩሞ" ዝብል ሕቶ ምስ ቀረበሎም፡ "ኣብቲ እንኽእሎ ዝነበርና ኣይገበርናዮን፡ ኣብቲ ክንገብሮ ዝደለናሉ እዋን ድማ ኣይከኣልናዮን" ክብሉ ዝመለሱሉ ስለዝኾነ። እዚ ጽሑፍ እዚ፡ ነቲ ኣብ 1990 ስጋለት ቀጣን ሰንጢቕካ ውሽጢ ባጽዕ ሓራ ንምግባር ዝተኻየደ ቀዳማይ ፈተነ ክሰልጥ ብዘይምኽኣሉ፡ ከም ናይ መወዳእታ ፍታሕ፡ መጥቃዕቲ ከቢድ ብረትን ጸላምን ጉልባብ ገይርካ፡ ባሕሪ ሰንጢቕካ መንከሲ ባይታ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ምስቲ ዳግማይ ብስጋለት ቀጣን ዝተፈተነ ስርሒትን ደብዳብ ከቢድ ብረትን ብምውህሃድ ብናይ ኢድ ብኢድ ውግእ ንናይ ሓዋሩ ፍታሕ ባብ ዘርሓወ፡ ብዓይነቱን ኩነታቱን ካብ ብዙሓት ብርቂ ቅያታት ህዝባዊ ግንባር ሓደ ዝኾነ ፍጻመ'ዩ ቱኽረት ገይሩ ከዘንቱ። ብባሕሪ ይኹን ብስጋለት ቀጣን ሰንጢቕም ነዚ ስራሕ እዚ ዝፈጸሙ ከኣ፡ ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 70ን ኣባላት ሓይሊ ባሕርን ምስ ኣባላት ከቢድ ብረት ናይ ክፍለ-ሰራዊት 74 እዮም። ስለዚ እዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብዚኦም ምርኩስ ገይሩ ከዘንቱ'ዩ። ይኹን ደኣ'ምበር ንኣንባቢ ምሉእ ስእሊ ክህብን ትርጉም ክህልዎን ምእንቲ ናይ ካልኦት ኣሃዱታት ቅያታት'ውን ንምግላጽ ተፈቲኑ ኣሎ። ብቐንዱ ምስ ቅድሚ ፈንቅል ዝነበሩ ኣዝዮም ጸለውትን ናይ ቀረባ ፍጻመታትን ምትእስሳሮም ኣገዳስነቱ ስለዝተራእየ፡ ናይ ዝበዝሓ ተዋጋእቲ ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 70 ቅድሚ ባጽዕ ዝነበረ ቀረባ ፍጻመን ውግእ ኣሶሳን (ውሽጢ'ምኽንያቱ ውግእ ኣሶሳ፡ ኣብ ስርሒት ፈንቅል ናቱ ዕዙዝ ኣበርክቶ ነይሩዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቶም ኣብ ኣሶሳ ዝተሳተፉ ተጋደልቲ ሓመዱም ከይነገፉ እዮም ናብ ስርሒት ፈንቅል ተጸሚዶም። እዚ ይኹን'ምበር ካልኦት ኣሃዱታት ኣበርክቶ ኣይነበሮምን ዘስምዕ ከምዘይኮነ ምርዳእ ኣገዳሲ ይመስለኒ።

ኣብዚ ክንጸር ዝግበኦ ጉዳይ እንተሎ፡ ኣብዚ ዛንታ'ዚ ንኩሉ ፍጻመታትን ተሳተፍቱን ብተር ከም ዓተር፡ ወይ ድማ ከም ስኒ-ኣድጊ ብማዕረ ንምስፋሩ ኣይከኣልን እዩ። ክንዲ ዝኾነ እዚ ተጠቒሱ ዘሎ ፍጻመታትን ፈጸምቱን ወከልቲ ናይቲ ዓቢ ውድብ ህዝባዊ ግንባርን ህዝብን ገይርካ ምውሳዱ ዘምሕር ይመስለኒ። ነዚ ዝጠቐስኩዎ ንምርዳእ ዝኣክል፡ እታ ንኻልኣይ ውግእ ዓለም ምርኩስ ገይራ "Documenting world war II The Eastern front (1939-1945) ብዝብል ኣርእስቲ ብሳይሞን ኣዳምስ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ 45 ገጻት ጥራይ ዝሓዘት ኮይና፡ ኣብ ውሽጢ ኣሳእል ዘለዋ እያ። እቲ ደራሲ "እቶም ነዛ መጽሓፍ ዘንበቡ፡ ነቲ ኣብ ምብራቓዊ ግንባር ዝነበረ ፍጻመታት ካልኣይ ውግእ ኢትዮጵያ) ብጽብብ ዝበለ ኣገባብ ቀሪዓለምና ብዝግባእ ክርድኡዎ እዮም" ክብል ኣስፊሩ ኣሎ። እቶም ኣብቲ ግንባር ዝተሳተፉ ሓይልታት ኩላቶም ድማ፡ ነዛ መጽሓፍ "ብምንኣሳን ንታሪኽና በቲ እንጽበዮን እንፈልጦን ኩርናዕ ኣየቕረበትን" ብምባል ዘይኮነ ነቒፎምዋ፡ "ንቐጸልቲ ወለዶታት መወከሲትን

መምሃሪትን እት'ኸውን መጽሓፍ" ብምባል፡ ብጽሑፍ ንደራሲ ኣተባቢዖምዎ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ፡ ደራሲ ክሳብ ዕለተ ሞቱ 60 ተመሳሰልቲ ናይ ታሪኽ መጻሕፍቲ ኣበርኪቱ። ምውራድ ካብ ድፋዓት ግዝግዛ ካብ ሩባ ግዝግዛ ካሳብ ዕጨ ደብራይን ክንዮኡን ተዘርጊሖም ዝርከቡ ዓበይቲ ጎቦታት፡ ገሊኦም ጥር እትብል ተ'ኸሊ ዘይብሎም ጸዋግ ገጽ ዘዘ'ኻ'ክሩ፡ ገሊኦም ድማ ብኣግራብ ገሪሞም "መዓልኩም" ኢልካዮም "እመስገኖ" ዝምልሱ ይ'ኹቡ ኣሎ።

ደኣ'ምበር ብብዝሒ ዳርባ ቦምባን ተ'ኹሲን ዝብኢ ከምዝበጎሎ ሰለፍ ኣድጊ፡ በኻል-በኻል ዝበዝሖም እዮም ነይሮም። እዞም ብተ'ኹሲ ዝተናወጹ ቦታታት፡ ኣብ ወርሓት ጥቅምትን ሕዳርን ናይ 1989 ግን፡ ናይ ሓዋሩ ሰላም ዝሰፈኖም ክመስሉ ብህድኣት ተመልኡ። ናይዚ ጉሉሕ መረጋገጺ ድማ፡ እቶም ከም ሰብ ውራይ ኣብ ግዜ ውግእ ጥራይ ዝረኣዩን ዝመላለሱን ዝነበሩ ኣሞራ ሰማይ ጠፊኦም በብዓይነተን ኣዕዋፍ ክዝምብያ ምጅማረን እዩ። ወ'ቕቲ'ውን ናይ ባሕሪ ክራማት ብምንባሩ፡ ካብቲ ዝሓለፈ ሃፊጽ ዘብል ወ'ቕትታት ተገላጊሉ ናብ ተዛማዲ ጠሊ ዝተሰጋገረሉ ህሞት ብምንባሩ፡ ንምንቅስቓስን ምዝናይን ምቹእ ግዜ ነበረ። "ካብ ብሱል ጥረ" ከምዝበሃል፡ ካልኣይቲ ሓይሊ ናይ በጦሎኒ ክልተ ብርጌድ 71 ዓሪዳትሉ ዝነበረት ቦታ ግን፡ ኣብ ደረት ጽርግያ ብምንባሩ ብ'ኽልቲኡ ወገን፡ መጥቃዕቲ ንምብጋስ ዝተቐረበት ገዓት መሰል ኩጀት ብምንባራ፡ ግንባር ምሉእ "ምድሪ ሰላም'ዩ" እናበለ፡ ንሳ ንበይና ክወግሕን ክዓርብን ዳርባ ኣርፒጂን ብሬናትን ሞርታርን ኣብ ዝባና "ሂም" ካብ ምባል ኣየዕረፈትን። ኣብታ ኩጀት ዓሪዶም ዝነበሩ ኣባላት ናይታ ጋንታን ሓይልን ድማ፡ ለይትን ዓልትን ተ'ኹሲ ምስምየም ዘይኮነ፡ እንተ-ዘይተተኵሱሎም ጥራይ እዮም ዝሻቐሉ ነይሮም።

"ተ'ኹሲ'ውን ምስኡ ትነብር እንተ'ኾይንካ እንተተፈልዩካ ይናፈ'ቕ'ዩ" በለት፡ እታ ደሓር ካብ'ዚ ድፋዕ'ዚ ናብ ተዛማዲ ሰላም ዝነበሮ ድፋዕ ምስ ኣሃዱኣ ዝተቐየረት ተጋዳሊት ኣልማዝ ግደ ዘወልዲ። ዝበዝሑ ኣባላት ክፍለ-ሰራዊት 70 ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ብርጌዳት 71ን 20ን ኣብ ተዛማዲ ሰላም ብምንባሮም፡ ፖለቲካውን ኣካዳምያውን፡ ንጥፈታት ባህልን ስፖርትን ማእቶትን፡ ንኩሉ መዓልታዊ ሂወቶም ዝብሕቱ ጉሉሓት ዕማማት ነበሩ። እዞም ንጥፈታት እዚኣቶም፡ ንሓደ ኣብ ቀዋሚ ድፋዕ ዝነብር ሰራዊት ንሞራላውን ሓንጎላውን ኣካላውን መዳዩ ዝሃንጹ፡ ኣብ ግዜ ሰላም ዝዕንብቡ ንጥፈታት ብምኳኖም፡ ካብ ተራ ክሳብ ላዕለዎት ሓለፍቲ፡ ኮሚቴታት ወዲቦም ብዕቱብ ዝሰርሑሎም፡ ንናብራ ድፋዕ መቐረትን መለሳን ዝህብዎ ተበሃግቲ ጉዳያት ነበሩ። ብፍላይ ብርጌድ 71፡ ንሰለስቲኦን በጦሎኒታት ዘሳተፈ ባህላዊ ውድድር ኣካይዳ ብምንባራ፡

ብመማዩት ኮሚተ ብዝተዋህበ ስነ-ጥበባዊ ሚዛን፡ ቀዳመይቲ በጦሎኒ ዕውትቲ ኮይና ረድዮ ተሸለመት።

ነቲ ብብርጌድ ደረጃ ኣብ ስነ-ጥበብ ዝተመርኮሰ ውዕዉዕ ባህላዊ ንጥፈት ዝተኻየደሉ ቦታ ድማ "ግዝግዛዊት ቦለኛ" ዝብል ስያመ ሃብዎ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ዳርጋ ብምሉኡ ግንባር ክበሃል ብዝከኣል፡ ብወገን ህዝባዊ ግንባር ይኹን ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ናይ ምጽባእ ተግባራት ከም በረድ ዝደስከለሉ፡ ክልቲኡ ተጻራሪ ወገን ንግዚኡ "ኣብዘዘለናዮን ከምዘለናዮን" ዝተበሃሉ ዝመሰለሉ እዋን እዩ ነይሩ። ብ11 ሕዳር 1989 ኣባላት ብርጌዳት 71ን 20ን (ክፍለ-ሰራዊት 70) "ድፋዓትኩም ንኣባላት ክፍለሰራዊት 16ን ካልኦትን ኣረኪብኩም ንብረትኩም ጠርኒፍኩም ውረዱ" ምስ ተባህሉ፡ "ንምንታይ? ናበይ?" ዝብሉ ሕቶታት ኣብ ኣእምሮኦም እኳ እንተነበሩ፡ ብምስጢር ዝተሓዝ'ምበር ሃህ ኢልካ ስለዘይዝረበሉ፡ ከም ወትሩ ዘዝመስሎም ባዕላዊ ግምታት፡ ማለት ገለ ንማእቶት፡ ገለ "ቦታ ምቕያር፡ ገለ ድማ ንስራሕ (ውግእ) እዩ ዝኸውን" ዝብል ግምታት ሒዞም፡ ዝነበሩሉ ድፋዕ ገዲፎም ንቑልቁል ወረዱ። ነቲ "ገዛውትና" ዝብልዎን ጉልበቶምን ረሃጾምን ኣፍሲሶም ዝሃነጽዎን ድፋዓት ንድሕሪት ቁሊሕ ኢሎም እናጠመቱ፡ ነቶም ደቂ "ገዛውትና" ብምባል ዝሰምይዎምን ፍቕርን ሌላን ዝመስረቱሉን፡ ብየማነ ጸጋም ዝኣሰሩን ናይ ክፍላተ ሰራዊት 52 ካልኦት ኣሃዱታትን ከይተፋነውዎም ብምኻዱም ስኽፍክፍ እናበሎም፡ ገለ ውሑዳት ድማ ምስዘን ዝተጠቕሳ ኣሃዱታት ምስ መዛኑኦም ናብ ዝምድና (ሕጸ) ገጾም ሰጒሞም ብምንባሮም ብዝተኸልፎም ዕድል እናጉሃዩ፡ እዮም ካብቲ ድፋዕ ዝወርዱ ነይሮም። ተጋዳሊት ኣልማዝ "ውረዱ" ምስተባሃሉ፡ ሓደ ዝኽሪ ማለት ዝኽሪ ኣቦኣ ኣብ ኣእምሮኣ ተመላለሰ። ገና ቆልዓ እንከላ- ነቲ ኣብ 1975 ዝተሰለፈ ኣቦኣ ደሃይ ንምግባር፡ ኣደኣ ሒዛታ ካብ ዓዲ ንፋስ ናብ ድርፎ እናወረዳ፡ ንኸዕርፋ ኣብ ሓደ ዝተሃደመ ገዛ እንከለዋ፡ በዚ መጽኣ ዘይተባህለ ካብ ዳርባ ሞርታር ንስክላ ከምዝደሓና ትዝ በላሞ፡ ከም ንቡርን ከም ኩሉ ቆልዓን ሌላኣ ኣብ ክንዲ ምስ ትምህርቲ ዝኸውን፡ ምስ ተዥሲ ኮይኑ ሕጂ'ውን ኣብኡ ትነብር ምህላዋ ተሰዊጡዋ "መግዛእቲ ዝብልዎ'ስ. . " ኢላ ስና ሓርቀመት።

ልቢ ኣብ ዝገበረትሉ ድማ፡ እንኮ ምርጫ ናብ ቃልሲ ምጽንባር ስለዝነበረ፡ ኣብ 1983 ናብዛ ዘላታ ሓይሊ ከምዝኣተወት፡ ሳላ ጻዕሪ ተጋደልትን ቅድሚኣ ዝጸንሓን ደቀንስትዮ ድማ፡ ማዕረ ሰባ "ተጋዳሊት" ዝብል ክብሪ ምርካባ ዘከረት'ሞ ውሽጣ ብፍስሃ መልአ። ኣልማዝ ድሮ ዓቕመ ኣዳም በጺሓ ተጋዳሊት ተባሂላ'ያ። ካብ 1987 ንደሓር ኣብ ዝምድና ድሕሪ ምጽናሓ፡ ኣብ 1989 ወግዓዊ ቃልኪዳን ንዝኣሰረትሉ ኣባል ብርጌድ 20 ክፍለ-ሰራዊት 70 "ወዲ

ሃርበለ” ምስ ተጋዳላይ ኣቦኣ ንኸተላልዮ ኣብ መስከረም 1989 ተፈቒዱላ ምስ ከደት ሽዓ ዝሓዘታ ጥንስን ኣቦኣ ንኽልቲኦም ዝሃቦም ሓንቲ ዝዓይነተን ክሹኽን፡ ድፋዕ ገዲፋ እናወረደት ብዝርዝር ዘከረቶ። እቲ ድፋዕ ገዲፍካ ምውራድ ንስራሕ (ውግእ) ምኳኑ ግምት ብዙሓት ብምንባሩ፡ ንሳ፡ ሰብ ንዕላማ እናተሰውአን እናተረጋረገን “ጥንሲ ኣለኒ” ኢልካ ምትራፍ “ምድሕርሓር’ዩ” ዝብል ምጉት ኣብ ኣእምሮኣ ጠጂኡ፡ ከም ኩለን መጋድልታ ንዝስዕብ ብደሆታት ዓይና ሰም - ስና ንኽስ ኣቢላ ክትገጥሞ ብምውሳን፡ ንሓለፍታ ከይሓበረት፡ ብጾታ ናብ ዝነጠብዎ ክትነጥብ ወሰነት።

ኣብዚ ሕዳር - 1989፡ ካብ ድፍዓት ግዝግዛ ዝወረደት ብርጌድ 71፡ ናይ ፈለማ ጉዕዞኣ ብመኪና ናብ ኣፍዓበት ነበረ። ኣብ ኣፍዓበት ምስ በጽሑ፡ ካብቲ ከተማ ፍንትት ኢሉ ንሸነኽ ደቡብ ኣብ ዝርከብ፡ ብመደብ ዝኾመርካዮ ዝመስል ዓበይቲ በዓትታት ዘለዎ ኣኻውሕ ኣዕረፉ። እቲ ከባቢ ናይ ኢትዮጵያ ዝዓበየ መዓስከር ዝነበረ፡ ናይቲ ኣብ መጋቢት 1988 ዝተደምሰሰ ምኩሕ ሰራዊት ደርግ “ናደው እዝ” ቀንዲ መዋፈሪ ብምንባሩ፡ ናቱ ኣሰራት ጎሊሑ ይርአ ነበረ። እዚ ዝመበገሲኡ ዕላል ድማ ብብዝሒ ይዕለል ነበረ። ምስጢርን ትርጉምን ድፋዓት ግዝግዛ ገዲፍካ ናብዚ ቦታ’ዚ ምውራድ ከይነጸረሎም ኣርባዕተ መዓልታት ምስ ገበሩ፡ 16 ሕዳር 1989፡ ምሸት ጸላም ከደኖ ዓበይቲ መካይን ኣብ ቅድሚኦም ተገተራ። ዝኾነ ሓበሬታ ዘይብሉ ተሰቒሎም፡ ካብ ኣፍዓበት ውሑዳት ሰዓታት ምስ ተጓዕዙ፡ ናይ ሰብ ምንቅስቓስ ብብዝሒ ዝረኣየሉ ምሕድግ ዝበለ “መልመተን” ዝተባህለ ስንጭሮን ኩጀታትን ዝበዝሖ ቦታታት ምስ በጽሑ “ውረዱ” ዝብል ትእዛዝ ተመሓላለፈ። እቶም ተጋደልቲ “ከመይ ድዩ ነገራቱ! ኣብዚ’ኽ እንታይ ኢና ክንገብር?” ተበሃሃሉ ንሓድሕዶም። ክንዮ እዚ ዝኸይድ ዕላል ምተደልየ፡ እንተኾነ ግን ኣብ ወተሃደራዊ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ኣይጸንሖን። ምስ ወግሐ፡ ኣብ ወተሃደራዊ መዳያቶም ብቑዓትን ምልከት ዓይነታት ብረት ዝነበሮምን ሰሰለስተ ሰባት ካብ በጦሎኒ፡ ብሕርያ ተኣኪቡ’ሞ ናይ ነፍሲ ወከፍ ብረት ተስፈር (ምስትኽኻል) ብጥንቃቐ ክገብሩ ዕቱብ ሓበሬታ ካብ ነፍሲ ወከፍ ኣዛዚ በጦሎኒ ተዋህቦም።

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብደረጃ መስርዕ፡ ብዓይነቱን ደረጃኡን ማለት- ካላሽናት፡ ብሬናት. . . እናበልካ ግዜ ተዋሂብዎ፡ መደብ ወጺኡዎ ተስፈር ከምዝግበረሉ ኮነ። ካብ ሳልሳይ ሰሙን ናይ ሕዳር ዝጀመረ ክሳብ ፍርቂ ታሕሳስ ድማ፡ ተኾሲን ምንቅስቓስን፡ ጥንካረ ኣካል ዘረጋግጽ ኀቦ ምድያብን ምውራድን ነዊሕ ጉዕዞታት ምግባርን ካልእን ዘጠቓለለ፡ ንዝኾነ ወተሃደራዊ ኩነት ክገጥሙሉ ዘኽእሎም ምቅርራባት ተገብረ። እታ ድቂ ሒዛ ምስኦም ዝወረደት ኣልማዝ እውን፡ ምስጢራ ኣብ ልባ ዓቍራ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ማዕረኦም ትሳተፍ

ነበረት። ብተመሳሳሊ ኣገባብ ሓይልታት ናይ ብርጌድ 20 ናብ ኣወልረይምን ሃበሮ ጻዕዳን ወሪደን ንብቕዓት ተጋዳላይ ዝፈታተን ውርጹጽ ወተሃደራዊ ታዕሊም ተዋህበን። ብዘይካ'ዚኣን ብ04 እትጽዋዕ በጦሎኒ ከቢድ ብረት ክፍለ-ሰራዊት 70 ኣካላውን ወተሃደራውን ታዕሊም ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ሽዑ ዝተዋህባ ኣብ መንኩብ ጸይርካ ዝትኮስ ፈኩስ ቢቴን'ውን ብግቡእ ተለማመደቶ። ተጋደልቲ ናይዘን ክልተ ብርጌዳትን ክፍልታትን ክፍለ-ሰራዊት 70 "ንሓደ ጽንዓትን ብልሓትን ዝሓትት ወተሃደራዊ ግጥም ተሓሪና'ለና" ናብ ዝብል መባእታዊ ግምት ተሰማምዑ። ንሽምዚ ዝዓይነቱ ስራሕ ምሕራዮም ድማ ውሽጣዊ ፍናንን ሓበንን ተሰምዮም። እቲ ካብ ድፋዓት ግዝግዛ ናይ ምውራዶም ምስጢር ጽልግልግ ኢሉዎም ዝነበረ ብመጠኑ በርሃው በለሎም። ናብዚ ግምት እዚ ብዝያዳ ክበጽሑ ዝሽኣሉ፡ ናይ ጸላኢ መዓስከር "ናደው እዝ" ቅድሚ ምድምሳሱ፡ ገለ ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 70 "ካብ ሳሕል ተበጊስካ ድፍዓት ጸላኢ ሰሊኹካ ብምሕላፍ፡ ስኒ ምንካስ ዝሓትት ነዊሕን ኣጻምእን ቦታታት ንኣስታት 24 ሰዓታት ተጓዒዝካ፡ ንኣፍዓበት ብድሕሪት ምጥቃዕ" ዝብል፡ ግን ከኣ ከም ትጽቢት ዝተገብረሉ ዘይሰመረ ፈተነ ተሳቲፈን ብምንባረን ብምዝካር'ዩ። ገለ ካብዞም ብጾት ንእንዳ ሽንቲ ምስ ኣበሉ፡ ገለ ድማ ናብ ድቃስ ምስ ከዱ "እሞ ድሕሪ እዛ ታዕሊም'ሲ ስርሒት (ውግእ) ኣላ ማለትዩ" በሉ። ኣብ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ታዕሊም ከም ዝወዳእካ ንምርግጋጽ ጽንብል ወይ ስነ-ስርዓት ምረቓ ኣይግበርን'ዩ። እታ እንኮ ከም ዝተወድአ እተረጋግጸላ መገዲ "ኩሉኻ ንብረትካ ጠርንፍ" እትብል ትእዛዝ ምስ እትመጽእ ጥራይ እዩ። ክንዲ ዝኾነ "ዕጥቅኻን ንብረትካን ኣዳሉ" ዝብል ትእዛዝ ካብ ላዕለዎት ንታሕተዎት ሓለፍትን ኣባላትን ተመሓላለፈ። 13 ታሕሳስ 1989 መሬት ጠለስ ምስ በለ፡ መካይን ዘይብሉ ብእግሪ "ተበገሱ" ተባህለ። ምኽንያቱ፡ መካይን ክወስደኦም እንተመጺኣን ብርሃን መኪና ብዓቢኡ ድማ ወረ ከያዳይ ብምኻኑ። ረድዮ ርክብ፡ ካብ ድፋዕ ምውራድ ካብ ዝጅምሩ ኣቋሪጸሞ'ዮም። እቲ ምንታይ- ጸላኢ ነዘን ረድዮታት ዝጸናጸና መሳርሒታት ስለዘለወኦ።

ስለዚ ምስጢራውነት ንምዕቃብ ይርሓቕ ይቕረብ ኩሉ ርክባትን መልእኽታትን፡ ሰብ ብምልኣኽ ይካየድ ነበረ። በዚ ድማ ብእግሮም ሩባን ኩርባን ጠሓሒሶም ናብቲ ናይ ቀደም ዝፈልጥዎ ገልጠም ኣተዉ። ካብዚ'ዩ ድማ ነጥበ መቐይሮ ናይ ዝተበገሱሉ ክንጸባረቕን ክጀማምርን ዝሽኣለ። ካብ ገልጠም ናብ ገልጠም "ዝኢትነገር" 13 ታሕሳስ 1989 ገልጠም ኣብ ዝኣተዉሉ፡ ናብ ኣዝዩ ውሑስን ደጀንን ህዝባዊ ግንባር ብእግሪ ተጓዒዞም ምእታዎም ስለ ዝደንጸዎም፡ ሓደ ሓደ ተጋደልቲ "እሞ ገለ ጸረሰውራ ዝኾኑ ብስም 5ይ መስርዕ ዝፍለጡ ከዳዓት፡ ካብ ሱዳን ተበጊሶም ጸይቂ ገይሮም ኮይኖም'ሞ ንዓኣቶም ንምውቃዕ ብሰላሕታ ክንመጽእ ተመሪጹ ይኸውን!" ክብሉ እንከለዉ፡ ገለ ድማ፡ "ምናልባት'ዶ ስርዓት

ደርግ ብፓራሹት ኣብ ደጀንና ሰራዊት ከየውርድ ተጠርጢሩ ኮይኑ!" ዝብሉ ባዕላዊ ግምታት ንስምዒታቶም በሓቱዎ። እዚ ዘረባ'ዚ መዓልቦ ከይረኸበ፡ ነቶም ካብ ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ ዘይፍለዩን መናብርቱን ዝኾኑ ከም ዶክመንትታትን ሰነዳትን፡ ሰሌዳ መምሃሪ፡ ፌስቶታት፡ ኮቦርታ፡ ሓሩጭ. . . ኮታ ጋዕ ገልጠም፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ጉዕዞ ዘይክእሉን ንፈተነ ኣብ ዝተገብረ ታዕሊም ስንፍ ዝበሉን "ይትረፉ" ተባህለ። "ደረቕ ራሽን" ዝብሉዎ ኖርወይ (ዓይነት ብሽኮቲ)፡ ፕሮቲን ኣብ መካይን ተጻዕነ። ካብዚ፡ ከቢድ ውራይ ይጽበዮም ምንባሩ ንነፍሲ-ወከፍ ርዱእ ኮነ። ኣልማዝ'ውን ሓኪም ጋንታ ብምንባራ፡ ንነብሳ ረሲዓ ወይ ጥንሳ ሓቢኣ ምስቲ ካልኣያ ሓኪም ሓይሊ ኮይና፡ "እከለ/እከሊት ተጸሊኡዎ ቀንዩ ወይ ይመስል" ብምባል ንገለ ከተትርፍ ወይ ክትውከስያ ሃቂና። ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን "ተጸሊኡኒ" ኢሉ ዝተርፍ ኣብ መስርዕ ይኹን ጋንታ ኣይተረኸበን። እቲ ጉዕዞ "ናበይ'ዩ" እቲ ክንድ'ዚ ተኣንጎት ተሸብሸብ ዝበሃለሉ ዘሎ'ኸ "እንታይ'ዩ?" ንዝብሉ ባህርያውያን ሕቶታት ዝምልሳ ጭብጥታት፡ ኣብ ኢድ ውሑዳት ሓለፍቲ ምስ ተኣስራ ክሳብ ስርሒት ዝጅመር ኣይክፍታሓን እየን። ወተሃደራዊ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ከምኡ እዩ። ካብዚ ተበጊሶም ከኣ'ዮም እቶም ተጕዓዝቲ "ጉዕዞ ዘኢትነገር" ክብሉ ዝሰየሙዎ። ማርቸድስን ኤነትረን ዝዓይነተን መካይን ጸላም ምድሪ ኣብ ቅድመኦም ተሰርዓ። "ቀዳመይቲ ሓይሊ ናይ በጦሎኒ እከለ ኣብዚ፡ ካልኣይቲ ሓይሊ ኣብቲ" እናተባህሉ ተጋደልቲ ኣብተን መካይን ተሰቕሉ። ዓይነት ናይ'ቲ ሰራዊት ብዝበዝሑ ደቂ 20 ዝቖመ እዩ።

እዚ ዕድመ'ዚ ድማ ወዮ ደኣ ዲስፕሊን ህዝባዊ ግንባርን ንቕሓትን ሓዊሱ ኮይኑ'ምበር፡ ክዘልልን ክሃልልን ዝመርጽ ውዑይ ወለዶ እዩ ነይሩ። ኣብ ውድቡ ዘለዎ እምነት ልዑል እዩ። ውድብ ዝኣዘዞ ጉዕዞ ንእወታዊ ምዕባለን ድርኺትን ምዃኑ ተቐቢሉ፡ እቲ መንእሰይ ብባህታ'ዩ ናብተን መካይን ብፍጥነት ከም ኣህባይ ዝሓኾረ። ሓለፍቲ ናይቲ ኣብ ሩባ ገልጠም ዝነበረ ኣሃዱ ሕክምና ክፍለ-ሰራዊት 70 "ናብ ስራሕ (ውግእ) ክንከይድ ስለዝኾንና ንመጥባሕቲ ኣሃዱ ዝኸውን ብቑዕ ዓቕሚ ሰብን ንዋትን ቀርቡ!" ዝብል ትእዛዝ፡ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ክፍለ-ሰራዊት ተዋሂቡዎም እዩ። እቶም ነዚ ዕማም እዚ ዝምረጹ ኣባላት ሕክምና "ካብ እመት ስድሪ ኣላታ" ከም ዝበሃል፡ ብኣካላዊ ብቕዓት፡ ብሞያ፡ ተጻዋርነትን ምትዕጽጻፍን ተወፋይነትን ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ክኾኑ ግድን ነበረ። በዚ መሰረት ተኸለማርያም ኣሚነ (ገደም) ዝመርሓ ዶክተር ብርሃነ ደብሮም ዝርከቡዋ 15 ዝኣባላታ ቀዳመይቲ መስርዕ፡ ዶክተር ቢንኣብ ዝመርሓ 20 ዝኣባላታ መስርዕ ድማ ካልኣይቲ መስርዕ መጥባሕቲ ኣሃዱ ተባሂለን ተመዳደባ። ካልኦት ኣሃዱታት ኤምዳድ፡ ቁጠባ፡ መጐዓዝያ. . . ብተመሳሳሊ ውዳበ፡ መኪና ተጻዒኖም ምስ ሰቦም ተጐዓዙ። መካይን ሞተረአን ኣግዒረን ትኪ እናነስዓ ተበገሳ። እቲ ጉዕዞ ኣብ ውሽጢ ዘተኣማምን ደጀን

ህዝባዊ ግንባር ግን ከኣ ጸላም ዝተጎልበበ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዘይጥጡሕ ሩባታትን ስንጭሮታትን፡ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ኣብ ብኽልተ ጎቦታት ዝተዓብሰ ጸበብቲ መገድታት ብምንባሩ፡ ሰብነት ከም ኣብ ተፈይቶ ዝሕቆን ጸባ፡ ቀጻሊ ምሕቋን የጋጥሞ ነበረ። ካብዚ ዝነቕለ ድኻምን ትኽስ ምባልን ብፍላይ ንገሊኦም ብኣጋ ጀመሮም። ሓደ ካብ ተጕዓዝቲ ነዚ ተዓዚቡ ግዲ ኮይኑ፡ ብኣባል ብርጌድ 23 ኣብርሀት ብርሃነ ዝተደርፈት "ጉዕዞ ብለይቲ" እትብል ደርፊ ዘኪሩ "ናይ ለይቲ ጉዕዞ ንጅግና ሰራዊት መን ክሕዞ - ጉዕዞ ብለይቲ ኣንቲ ተሃራፊት፡ ነጻ ምንቅስቓስ ንሰውራ ወሃቢት. . ." እናበለ ዜማ ኣሰንዩ ኣንጎድጎደ።

ገለ መረዋሕ ዝጥዕም ድምጻን ድማ፡ ዜማ ኣሰንየን ኣብ ኣየር ፈነውኦ'ሞ ኩሉ ስዒቡዎ ከም መዝሙር ብሓባር ክድረፍ ጀመረ። እዚ ደርፊ'ዚ፡ ካብ መኪና ናብ መኪና እናተሰጋገረ ተንቀሳቓሲ ማርሽን ባንድ ዘዘኻኽር ኮነ። እቲ ጉዕዞ፡ ኣብ መብራህቲ ናይ መኪና ዝተመርኮሰ ብምንባሩ፡ ናይዘን ክልተ ብርጌዳታትን ክፍልታትን ዝጸዓና መካይን ብርሃን፡ ሓንቲ ንኣሽቶ ተንቀሳቓሲት ከተማ መሰለ። ከምቲ ተጋደልቲ ኣብ ግዜ ጉዕዞ ንሓንቲ መኪና ሓሊፉ ንዝኸደ፤ ፊስኪያ ሓዊስካ "ዓሽ ኣውቲስታና" እናበልካ ዝግበር ምርስሳን፡ ንመራሕቲ መካይን ናይ ምውድዳር መንፈስ ፈጢሩ፡ ናብ ዞባ ጋሽ ባርካ ዝወስድ መገዲ ከም ማይ ክስተ ሓደረ። ብ14 ታሕሳስ 1989 ለይቲ ድማ ዛራ ኣተዉ። ኣብቲ እዋን'ቲ ዛራ መናሃርያ ናብ ኩሉ ወገናት እያ ዝነበረት። ተጋደልትን ህዝብን ብጻዕቂ ዝንቀሳቐሱላ "ከተማ ተጋደልቲ" ብምንባራ እንተላይ ጸላኢ ወትሩ ዓይኒ ምስ ኣንበረላ'ዩ።

ክንዲ ዝኾነ እዞም ብምስጢር ክንቀሳቐሱ ዝተደልዩ ናይ ኩለን ኣሃዱታት ተጋደልቲ፡ ካብቲ ቀንዲ ቦታ ኣስታት ሓሙሽተ ኪሎ ሜተር፡ እተን ብርጌዳት ድማ ካብ ሓድ-ሕደን ልዕሊ ሓደ ኪሎ ሜተር ተፈናቲተን ኣብቲ ዕሙር ዑብላት ተሓቢኣን ከም ዝውዕላ ተገብረ። ምድሪ ምስ ጸልመተ፡ ካብዚ ቦታ'ዚ ተበጊሶም ብርጌድ 20 ኣብ ታማራት ኣብተን ቀደም ብዘበን ሃይለስላሰ ፖሊስ ዓባይ ዓስኪሮሙሉ ዝነበሩ ኣባይቲ ኣዕሪፎም ክቕንዩ እንከለዉ፡ ኣባላት ብርጌድ 71 ድማ ሳዋ ኣተዉ። ሳዋ ኣብ ሰጣሕ ጎልጎል ዝተደኮነትን ናብ ኩሉ መኣዝን ንምንቅስቓስ ኮነ ንምርኣይ ዝጽግም እምባታት ዘይብላ ብምዃና፡ ጸቕጢ ዝበሃል ኣይስመዓካን እዩ። ኣባላት ብርጌድ 71 ጎረሮኦም ንምጥላል ብኾዝ ጠምጠም ኢሎም ምስታይ ኣብ ዝጀመሩሉ፡ ሓደ ካብኣቶም "እዚ ጸባ'ምበር ማይ ክትብሎ ዘጸግም'ዩ" ንዝበላ ዘረባ ተቐቢሎም፡ ጥዑም ሻሂ ንምስታይ በብወገኖም ሸፈትፈት በሉ። ኣብተን ዝጸንሑለን ውሑዳት መዓልታት "ደጊምሲ ኣብዚ ዞባ ጋሽ ባርካ ንዘለዋ መዓስከራት ጸላኢ ኢና ክንሃርም" ካብ ዝብል ባዕላዊ ሓሳብ "ባረንቱ፡ ወይስ ኦምሓጀር ንካልኣይ ግዜ ክንሃርማ" ዝብል ምጉት ምስናይ

ወተሃደራዊ ትንታነኡን ኣገዳስነቱን ኣብ መንጎኡም ዝለዓል ኣገዳሲ ኣርእስቲ ኮነ። "ንምርግጋጽ ንሓለፍትና ዘይንሓትት" ዝብል ሓደ ደፋር ግን ክርከብ ኣይተኻእለን። ምኽንያቱ ነዚ ኣብ ውሱናት ሓለፍቲ ጥራይ ዝተሓዝ ምስጢር ንምፍላጥ ኢልካ ምሕታት፡ ብባህሊ ህዝባዊ ግንባር ጥራይ ዘይኮነ ብወተሃደራዊ ባህልን ሕግን ነውሪ (Tabboo) እዩ ነይሩ። ስለዚ እቲ ዘኢትነገር ዝብል ብሂል ግድን ክቕጽል'ዩ።

ኣብ ውሽጢ እቶም እኩባት ተጋደልቲ ሓንቲ ብጸይቲ፡ ነቲ በብወገኑ ዝዝረብ ዝነበረ ባዕላዊ ዕላላት ቅጭ ዝመጽኣ ክትመስል "ስምዑንዶ! 'ኣደ ኣበይ ኢና ንድቅስ' ኢሉዋ ወዳ ነዲኡ፡ ንሳ ድማ 'ኣቦኹም ኣብ ዘደቀሱና' ክትብል መሊሳትሉ። ንሕና ድማ ውድብና ናብ ዝወሰደና ዋላ ደቡብ ኣፍሪቃ ይኹን ምኻድ ጥራይ'ዩ። ስለዚ ክንድዚ እንታይ ዘጨንቕ ኣለኩም?" ክትብል፡ ጸጋማይ ኢዳ ብረት ዓቲራ፡ የማናይ ኢዳ የማን ጸጋም እናበለት ገንሓቶም። ሓደ ብዕድመ ንኡስ ብምኳኑ "ማንጁስ" ዝብሉዎ፡ "ስምዒ! ንሓደ ሰብ ኣፍንጫኡ ክሳዕ ዘይተንከፍካዮ፡ ኢድካ ኣብ ቅድሚ ኣፍንጫኡ ከተንቀሳቕስ ፍቑድ'ዩ። ንሕና ድማ ምስጢር ሓለፍትና ክሳብ ዘይበርበርና ዝመስለና ገምጋም ክንህብ መን ይኽልክለና? እዚ ንገብሮ ዘለና ንባዕሉ ምውስዋስ (Exerccise) ንውግእ እዩ" በላ ብትሪ። ዘረባኡ ስለ ዘይተዋሕጠላ፡ "ስምዓኒ! ፍልስፍናኻ ኣብ ግዜ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ተጠቐመሉ" ኢላ ዘረባኣ ክትቅጽል እናበለት፡ ሓደ ካብ ሓለፍቲ "ያላ ኩልኻ ተዳሎ" ዝብል ትእዛዝ ምስ ኣመሓላለፈ፡ ብቕጽበት ኣቓልቦኦም ናብ ንብረት ምእካብን ምድላውን ኮነ። ብመሰረት መምርሒ ኣብ መካይን ይሰቐሉ'ምበር "እቲ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣብ ዘለዋ መዓስከራት ጸላኢ'ዩ ክካየድ" ካብ ዝብል ግምታቶም ከቶ ኣይረሓቑን።

ኣንፈት ጉዕዞ ናይተን ተጋደልቲ ኣባላት ክፍለሰራዊት 70 ዘሳፈራ መካይን ንሸነኽ ምዕራብ ናብ ዶብ ኤርትራን ሱዳንን ገጹ ዝቐንዐ ነበረ። ነዊሕ ተጓዒዘን ድማ ዒላ ዓብደላ ኣብ ዝተባህለ ቦታ በጽሓ። ድሕሪኡ ጉዕዞ ኣይቀጸለን። ኣብ ዒላ ዓብደላ ምጽናሕ ኮይኑ። እቶም ተጋደልቲ ዒላ ዓብደላ ኣብ ዝጸንሑለን መዓልታት ዳግማይ ታዕሊም ከምዝጅምሩ ተገብረ። ጥንሲ ኣልማዝ ንቡር ግዜን ባህርያዊ መስርሕን ሓልዩ ኣብ ከባቢ ፍሕኛኣ ተጸዊኑ፡ ሸንቲ ነናሻዕ ክመጽኣ ጀመረ። ኣብ ታዕሊም፡ ዘብዘብ ክብሉ እንከለዉ፡ ዓቕላ ይጸባ እሞ፡ መስርዕ ቁርጽ ኣቢላ ናብ ከውሊ ጽግዕ ኢላ ትሸይን። ነዚ ዘስተብሃለ ወዲ ሙሳ ዝተባህለ መራሒ ጋንታ "ዝሓባእክዮ ጃሎን ስዋ'ዶ ክትሰትዪ ሓዲርኪ ኢኺ ክንድዚ ናብ እንዳ ሸንቲ ምምልላስ" ብምባል ኣብ ስክፍታ ኣእተዋ። እንተ ንሳ ግን ምስ ስክፍታኣ ክሳብ መወዳእታ ካብ ንጥፈታት ናይቲ ኣሃዱ ከየቋረጸት ምቕጻል ዘይስገር ምርጫኣ ነበረ። ካብ ዒላ ዓብደላ እንደገና ተበገስ ኮነ። ተጋደልቲ ዝተሰቐሉወን መካይን ሞተረአን ከየተንፈሰ "ዓዕ" እናበለ ንኣስታት 21 ሰዓታት

ብዘይ ምቁራጽ ብዶባት ኤርትራን ሱዳንን ወሰና ወሰን ተጓዕዛ። እዚ ኣንፈት ጉዕዞ'ዚ'ውን ኣብቶም ተጋደልቲ ሓደ ግምት ወይ ትንታኔ ፈጠረ። እቲ ግምት "ብሱዳን ተጎዝጉዝና ንምድሪ ኢትዮጵያ ብምጥዋይ፡ ንመተማን ሑመራን ንምህራምዩ" ዝብል ነበረ። እዚ ኩሉ ግን ከምቶም ዝቐደሙ ካብ ባህጊ ምትንታን ዝሓልፍ ጭብጢ ኣይነበሮን - ጉዕዞ "ዘኢትነገር" ኮይኑ'ዩ ቀጺሉ።

ኣብዚ ትንፋስ ዘይህብ ነዊሕ ጉዕዞ፡ ንመራሕቲ መካይን ዝተጻዕኖም ብቓላት ዘይግለጽ ድኻም ኣብ ቦታኡ ኣቐሚጥካ፡ እቶም ኣብተን መካይን ተሰቒሎም ዝነበሩ ብድኻም ዝተሰነፉ ክድቅሱ ጀመሩ። ጉዕዞ ነዊሕን ዘረብርብን ብምንባሩ ድማ፡ ኣባላት ሕክምና ክፍል-ሰራዊት 70 ገደምን ዶክተር ብርሃነን ናይ ዝነበሩዋ መራሕ መኪና፡ ዓይኑ ብዘይ ድልየቱ ስዒሩዎ ሰም በለ፡ እንተ እግሩን ኢዱን ግን ስቴርሶን ማርሻን ይቐያይር ነበረ። ነዚ ዝተዓዘቡ ገደምን ዶክተር ብርሃነን ኣብ ብራሾኦም ካብ ዝነበረ ማይ ሕፍንቲ ኣብ ኢዶም ኣዕቍሮም ገጢቦም ሓደግዎ'ሞ፡ ካብ ዘሰንብድ ሕልሚ ከም ዝበራበር ብህሩር ቛሕ በለ። እዛ ንዛረበላ ዘለና "ወዲ ሃይለ" ዝመርሓ ዝነበረ መኪና፡ ኣባላት ኣሃዱ መጥባሕቲ ዝጸዓነት እያ ነይራ። ኣብ ግዜ ውግእን ሰላምን ተራን ኣዳስነትን ናይዞም ኣብ ሞያ ሕክምና ዝነጥፉ ብምግንዛብ፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ እቶም መራሕቲ መካይን፡ እዚ ኩሉ ናይ ሳጓን ካልእን ዘጋጥሞም ሰፍ ዘይብል ስራሕ ኣብ ግምት ብምእታው፡ መራሕ መኪና ብሰሪ ትኽስ ምባሉ ሓደጋ ከየጋጥም ገደምን ዶክተር ብርሃነን ክሕልዉዎን ከዘናግዑዎን ባዕሎም ሓላፍነት ብምስካም፡ ነቲ ዝተረፈ ጉዕዞ ቀጸሉዎ። ኣብተን ከዕርፉለንን ክዕንገሉለንን ዝተወሰና ሓጸርቲ እዋናት፡ ብዘይካ ሓጸርቲ ቆጣቕጢ ሰብ ይኹን ኦም ዘይነበረን ኮይነን፡ በዚ መጽኣ ዘይበሉወን ናይ እከለ'የን ዘይብሃላ ቦጣት፡ ደበኽ ኢለን ጽምኦም ከተታ። ከም ኣመጻጽኣአን ድማ፡ ካብ ኣዒንቶም ተኸወላ። ኣብዚ ህሞት እዚ፡ ዝጕዓዙሉ ዝነበሩ መሬት ሱዳን ብምኳኑ፡ በቲ ሓደ ሱዳናውያን፡ በቲ ካልእ ድማ፡ ካብ ዶብ ናብ ዶብ ዝሰጋገሩ ሰለይትን ዘይሰለይትን ኢትዮጵያውያን ከይረኽቡዎም፡ ክንዮ እዚ ገለ ሞራሎም ኣብ ሰንኮፍ ዝጸንሐ ተጋደልቲ ምልቓ ኢሎም ከይጠልምዎም'ሞ ስርሒት ከይፈሽል፡ ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ "እዚ ግበር" ዝበሎ ዘይብሉ፡ ንነብሱን ብጾቱን ከባቢኡን ብውሽጣዊ ሕልና የቋምት ነበረ። ካብ ዓይኒ ኣባይ ግልል ንምባል ካብቲ ቀንዲ ጽርግያ ኣስታት ክልተ ኪሎሜተር ርሒቕካ ብሓውሲ ጽርግያ ምጕዓዝ እዩ ተመሪጹ። ጽርግያ ምርጋጽ ግድነት ኣብ ዝኾነሉ ድማ ብለይቲ ጥራይ ነበረ። እቲ ቦታ ሰጣሕ ጎልጎል ኮይኑ፡ ንቱኽረት ጠመተኻ ዝሰብር ኩርባ ይኹን መኻውሎ ስለ ዘይነበሮ ዝማእማኣካ ማርሻ ምስ ረገጽካ ምቅይያር ብዙሕ ዘየገድሰሉ ጉዕዞ ነበረ።

ኣብ ውሽጢ እዚ ጉዕዞ እዚ፡ ሓንቲ መኪና ካብ መኣዝን ወጺኣ ሽታሕታሕ እናበለት ንየማን ገጻ ሃተፈት። ድሕሪኣ ናይ እትጉዓዝ ዝነበረት መራሕ መኪና ነቲ ኩነታት ኣስተብሂሉ ብርቱዕ ክላክ (ጥሩምባ) እናገበረ ብጥንቃቐ ሰዓቦ። እቶም ኣብታ መኪና ዝነበሩ ተጋደልቲ በቲ ብርቱዕ ክላክ ተበራቢሮም፡ ካብ ቀንዲ ጽርግያ ወጺኦም ይሃትፉ ምንባሮም ኣስተውዒሎም፡ ብሓይሊ ንፖርቶ ቦጋልዮ ሃረምዎ'ሞ ከም ከበሮ ካህናት ዲም-ድም ምስ በለ፡ እቲ ብምሒር ድኻም ኣብ ህልም ዝበለ ድቃስ ዝጸንሐ መራሕ መኪና ብቕጽበት ተበራቢሩ፡ ኣበርቲዑ ልጓም ብምሓዝ ናብ ዓቢ ሃጓፍ ካብ ምእትው ንስክላ ደሓነ። ስንባደ ደኣ ኣበራቢሩዎ እምበር፡ ብዝነበሮ ድኻም ከበሮ ኣዊንቱ'ውን ክገልሆ'ዩ ዝሽገር ነይሩ። ጠንቂ ብርቱዕ ድኻም ምኽኑ ኩላቶም ብምግንዛብ፡ ነቲ መራሕ መኪና ደንገጹሉን ኣተባብዑዎን። ንክበራብር ማይ ንክሕጸብ ብራሾታት ማይ ኣቐበሉዎ። ምምራሕ መኪና ዝኽእሉ ገለ ተጋደልቲ'ኳ እንተነበሩ፡ "ዝይምልከተካ ምስራሕ" ስለዝቐጽር እናደለዩ ኣፎም ኣከቡ። እቲ መራሕ መኪና፡ ካብቶም "ንጽንኩር ጉዕዞ ክጻወሩ ዝኽእሉ" ተባሂሉ ዝተሓርዩ ምኽኑ ዘከረ'ሞ ብስንፍና ምግላጹ ኣሰከፎን ነብሱ ጸልኣን። ንናይ መወዳእታ ጫፍ ዓለም ንምብጻሕ ዝሸዱ ዘለዉ ኮይኑ ተሰሚዑዎ ድማ፡ ነታ ማይ እናንጠብጠበት ንክበራብር እትሕግዞ ዝነበረት ሕብሪ ቆርበታ ጸሊም ብምኽኑ ጥራይ "ጁኑቪ" ዝብል ሳጓ ዝጠበቓ ሓንቲ ካብ መራሕቲ ጋንታታት "ብጸይቲ ገለ ኣይቀረብናን" በላ ብዓቕሊ ጽበት ነቲ ኣብ ርእሱ ዝነበረ ማይ ጸግ እናበለ። ንሳ ንባዕላ እቲ ጉዕዞ ኣንፈቱ ሓርቢቱዋ እዩ ነይሩ። "ዝኢትነገር" እናበለት ከም ሰባ እትጉዓዝ ዝነበረት ክነሳ ግን "ሕጂ ደኣ ወዲእናዮ እንዲና እንታይ ተሪፉና ብጻይ" በለቶ ንስለ ሞራል። ንመዓልታት ምስ ተጓዕዙ፡ ኣብ ሓደ ቦታ ደው በሉ። እተን ሒዘናኦም ዝመጽኣ መካይን ድማ ተመልሳ። ኣብ ክንድአን ካልኦት ብሉጻትን ብቑዓትን መካይን ተቐሪበን ጸንሓኦም። "ተሰቐሉ" ተባህሉ።

ምስ ተሰቐሉ፡ እተን መካይን ዳርጋ ፍርቂ ካብ ቦታአን ኮናትል ጨው ተረግሪጉ ጸንሖም። "ጨው" በሉ ብምግራም። እቲ ኣብ ጉዕዞ ዝገጥሞም ዝነበረ ዘዝሓደሰ ተርእዮታትን ኣጋጣሚታትን ካብ ምብዝሑ ዝነቐለ ንምትንታኑ እውን ስለ ዘሸገሮም በታ "ዝኢትነገር" እትብል ቃል ክዓጽውዎ ወሰኑ። መካይን ንሓድሕደን እናተጠማመታ ክጕዓዛ ግድን ስለ ዝነበረ፡ ተጠማሚተንን ተጸባብየንን ይጕዓዛ ነበራ። ናይዘን ኩለን መካይን ደሮናን በኾኽታን ተደማሚሩ፡ እቲ ንሳተን ዝሓልፈኦ ከባቢ ዓቢ ናይ ዕደና ቦታ ወይ ናይ ህንጻ ስርሓት ዝካየደሉ ቦታ የምስሎ ነበረ። እቲ ኩነታት ብመሰረቱ ደው ምባል ዘየፍቅድ ብምንባሩ፡ ሽንቲ ዝመጽኦም ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ ጫፍ ድሕሪት ናይ መኪና ኮይኖም፡ ኣታኽልቲ ከም ዘስቲ ኣትክልተኛ መሲሎም ሽግሮም ከቃልሉ እንከለዉ፡ ንደቀንስትዮ ብሓፈሻ፡ ንከም ኣልማዝ ዝኣመሰላ (ጥንሰን ሓቢአን

ዝጐዓዛ) ብፍላይ ከቢድ ነበረ። 27 ታሕሳስ 1989 'ጀብል ፋው' ኣብ ዝብሉዎ መሬት ሱዳን ምስ በጽሑ፡ "ወይለይ ውድበይ ሎምስ ንሱዳን'ያ ከተጥቅዕ ግዲ" በለ ሓደ ነገራቱ ዝሓርበቶ። እቲ ደሮና ከይኮኖ ኣካላቱ ምሉእ ብነጸላ ጎልቢቡ ዝጐዓዝ ዝነበረ "ቀሺ" ዝሳጓኡ መራሕ ጋንታ ድማ፡ "ኣድላዪ እንተኾይኑ ደኣ የግዲ. . ." በለ ዘረባ መጢጡ። እቶም ሰኽ ኢሎም ክሰምዑ ዝጸንሑ ተጋደልቲ ድማ ሰሓቕ ኣሰንዮም፡ ነታ "ኣድላዪ እንተኾይኑ ደኣ የግዲ" እትብል ሓረግ እናደጋገሙ ከም ማስቲካ መጠጡዋን ተዋዘዩላን። ሽሕ'ኳ ኣብ ምድሪ ሱዳን ምእታዎም ድንግርግር እንተበሎም፡ ብመንፈስን ሕልናን ክቕበሉዎ ዝኽኣሉ ግን፡ ዘይከም ኣብ ምድሪ ኤርትራ፡ ናይ ደብዳብ ነፈርቲ ይኹን ካልእ ስክፍታታት ብመሰረቱ ዝተቓንጠጠ ብምንባሩዩ። ጉዕዞ ቀጺሉ ብ28 ታሕሳስ 1989 "ወልደል ኒል" ዝተባህለ ቦታ በጽሑ።

ኣብዚ ቦታ'ዚ ሰብ ኣብ ዘይርእዮም በረኻ ኮይኖም ምንቅስቓሳቶም ደሪቶም፡ እንተላይ ነቲ ቀዳማይ ጻውዒት ናይ ተፈጥሮ ዝኾነ ቀልቀል'ውን ንደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን "ንስኻትክን በዚ ንስኻትኩም ድማ በዚ" ዝብል ሓፈሻዊ ዘረባ'ምበር፡ ዓይኒ ዝሰብር መኸወሊ ዘይብሉ ቦታ'ዩ ተፈቒዱሎም። ዝተዋህቦም ፕሮቲን (ጥሕኒ. . . ) ብቐሊሉ በጽቢጾም፡ ጸባ (ሳልሳይ ዓለም) ኣኻፍዮም ቆሪሶምን ተመሲሖምን ወዓሉ። ልዕሊ ኩሉ ነቶም ስቴርሶ መኪና ብምሓዝ ብዘይ ዕረፍቲ ዝዘወሩ መራሕቲ መካይን ቅድሚ ዝኣገረ ብምዕንጋል፡ ግቡእ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ንክረኽቡ ምሒር ተገዳስነት ተራእየ። እቲ ጉዕዞ ተናዊሑ ንዝጸንሐ ምግራምን ግምታትን ካልእ ዝሓደሰን ምስ በዝሐ፡ ነታ ሓንቲ ብጸይቲ ተጋዳሊት "ዋላ ንደቡብ ኣፍሪቃ ይውሰዱና፡ ውድብና ናብ ዝወሰደና ምኻድ'ዩ" ዝበለታ ዘረባ ርዒሞም ጉዕዞ ቀጸሉ። ገለ ተፈጥሮ ናይ ምድናቕ ተውህቦ ዝነበሮም ድማ፡ ሰለም ከየበሉ ንኽባቢታት ብምዕዛብ ይምሰጡ ነበሩ። መብዛሕትኡ ግን፡ እቲ ንነዊሕ ሰዓታት ኣብ መኪና ኣብራኾካ ጨቢጥካ ጉዕዞ ዝሰልከዮ ድማ፡ ካብ ደሮናን ዕንብረን ንምክልኻል ነጸላኡ ተጎልቢቡ ዝድቅስ ወይ ክድቅስ ዝፍትን'ዩ ነይሩ። ጉዕዞ ብመኣዝን ዓለም ምስ ዝግምገም፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ናብ ምዕራብ ገጽካ'ዩ ነይሩ። ኣብ ጋሽ ባርካ ምስ በጽሑ ግን፡ ናብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣንፈትካ ብምጥዋይ ናብ ሱዳን ኮነ። ኣብ ምድሪ ሱዳን ድማ ናብ ደቡብ ሱዳን ገጽካ ነዊሕ ጉዕዞ። ኣብ መወዳእታኡ ምዕራባዊ ወገን ኢትዮጵያ ሒዝካ ንውሽጢ ኢትዮጵያ ድሕሪ ምጕዓዝ "በገስ" ኣብ ዝተባህለ ቦታ ብ30 ታሕሳስ 1989 በጽሑ። ኣብዚ ቦታ'ዚ፡ ምስኦም ኣብቲ ጉዕዞ ዘይነበሩ ኣባላት ኮማንዶን ሃንደሳን ውድብ ጸንሑዎም። "ከመይ - ከመይ ድዩ ነገራቱ?" በሉ ተግባራት ውድቦም ህዝባዊ ግንባር ኣስደሚሙዎም።

እዞም ኣባላት ኮማንዶ፡ ካብ ውሽጢ ኤርትራ፡ ከካብ ዝነበሩዎ ቦታ በብዝጥዕሞም መኣዝን መጺኦም ኣብ ዒላ ዓብደላ ዝተኣከቡ እዮም። ኣብዚ ቦታ'ዚ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ናይቲ ውድብ “ኣብ ኤርትራ ብእነካይዶ ውግእ ጥራይ ቃልስና ክሓጽርን ሸቶና ክንወቅዕን ከጸግምዩ። ምኽንያቱ 10 ሽሕ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ሎሚ ካብ ስራሕ ወጻኢ እንተገይርናዮም ንጽባሒቱ ገፌሮምን ገፌጦምን 20 ሽሕ ኣምጺኦም ይዋግኡና። ስለዚ በዚ ኣገባብ እዚ ክንቅጽል ከጸግም'ዩ፡ ልዕሊ ኩሉን ቀንድን ግን፡ ከምቲ ኣብ ትግራይን ወሎን ቃልስታት ህዝቢ ትግራይን (ወያነ) ኢህኣደንን ቅኑዕ ቃልሲ ውጹዓት ምኳኑ ኣሚንና ብዓቕምና ብምድግጋፍ መኣዝን ከም ዝሕዝ ዝገበርና፡ ኣብዚ ኣብ ወለጋ ብፍላይ ድማ ተቓለስቲ ኦሮሞ ንደሞክራስያዊ መሰላቶም ዝገብሩዎ ምንቅስቓስ ንምሕያልን ፍናን ንምሃብን እጃምና ንምብርካት ኣብ ዝተወጠነ መደብ፡ ንስኻትኩም ኣባላት ኮማንዶ ልኡኻት ውድብን ህዝብን ኤርትራ ኮይንኩም ክትሰርሑ ተመዚዝኩም ኣለኹም። ኣብ ኩሉ ዝካየድ ስርሓትን ምንቅስቓሳትን ከኣ ከም ወትሩ ብቐረባ ምሳኹም ኣለና። ከም ልሙድ ዓወት ምሳናዩ - ዓወት ንሓፋሽ!” ዝብል መምርሒ ሂቦምዮም ናብዚ ዓቢ ዕማም ኣበጊሰሙዎም።

ኣባላት ኮማንዶ ከምዚ ዝዓይነቱ ስርሓትን ሓበሬታን ዝለመዱዎ ንቡር ህይወቶም ብምኳኑ፡ ኣይሓደሶምን። ብመሰረት ኣቃውማኦምን ሸቶታቶምን እቲ ዝወሃቦም ዕማም፡ ዝያዳ ተጻዋርነት፡ ብልሓት፡ ጥበብን ትብዓትን ንመስዋእቲ ቅሩብ ምኳንን ዝሓትት ምኳኑ'ውን ብግብሪ ኣመስኪሮሞ እዮም። ነዚ ብሕጂ ዝወሃቦም ከቢድ ሓላፍነት ንምፍጻም፡ ቀዳመይቲ ጉጅለ ኮማንዶ ኣብ ለካቲት 1989 ናብ ወለጋ ክትብገስ እንከላ፡ ካልኣይቲ ጉጅለ ድማ ኣብ ነሓሰ 1989 ተበገሰት። ኣብ ምድሪ ኦሮሞ ምስ በጽሑ፡ መበገሲ ቦታኦም “በገስ” ዝተባህለ ምድረ ወለጋ እዩ ነይሩ። ስርዓት ደርግ (ኢትዮጵያ) ምንቅስቓስ ኦሮሞ ከምቶም ድሮ ዝተፈልጡ ናይ ወያነን ኣምሓራን ከይውደብን ኣብ ህዝቢ ስሙ ከይገንን ብምስጋእ፡ ብደርቂ ካብ ዝተጠቕዐ ከባቢታት ትግራይን ካልኦት ቦታታትን ኣሽሓት ሰባት ኣምጺኡ ኣብቲ ቦታ ኣስፈሮም። እቲ ብልሓት እዞም ሓደስቲ ሰፋሮ፡ ምንቅስቓስ ኦሮሞ ብሱዳን መታን ከይድገፍ፡ ኣብ ዶባት ሱዳንን ኢትዮጵያን ከምዝሰፍሩ ብምግባር፡ መስመር ተቓለስቲ ኦሮሞ ከምዝዕገት ንምግባር'ዩም። እዞም ሓደስቲ ሰፋሮ፡ ብዕጥቅን ኣከዳድናን ኮታ ብኩሉንተናኡ ካብቲ ከባቢ ፍልይ ዝበለ ሰብ እንተርእዮም፡ እቶም ነዚ ዝረኣዩ ቀዲሞም ሓንቲ ጥይት ንላዕሊ ይትኩሱ'ሞ፡ ብተመሳሳሊ ካልኦት እናተቐባበሉ እቲ ሓበሬታ ናብ ወተሃደራት ደርግ (ኢትዮጵያ) ከም ዝበጽሕ ይገብሩ ነበሩ። ድሕሪ'ዚ እቶም ቀወምቲ ወተሃደራት ናይቲ ስርዓት፡ ብቕጽበት መጺኦም ኣድላዪ ዝብሉዎ ስጉምቲ ይወስዱ።

ስለዚ እዞም ኣባላት ኮማንዶ ፈለማ ነዘን ስርዓት ደርግ ዘቖመን ሰፈራታት ከይተራእዩ ብጥበብ ክሰግሩወን ነይሩዎም። ቀጺሎም ህዝቢ ኦሮሞ ክርእዮም የብሉን። ድሕሪ'ዚ እዮም ነተን መዓስከራት ተጸጊዖም ትሕዝቶአን፡ ቁመናአን ብዝሒ ሰበንን ኣጽዋራተንን ከጽንዑ። እቲ ቦታ፡ ዝበዝሐ ኣዋርሕ ካብ ዓመት ማይ ዝዘንቦ ብምኻኑ፡ ብሰብ ዝውሕጥ ሳዕሪ ዝተሸፈነ'ዩ። ወተሃደራት ደርግ፡ ተጋደልቲ ኦሮሞ በቲ ሳዕሪ ተኀልቢቦም ከይመጽኡዎም ብምስጋእ፡ ነቲ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ሳዕሪ ብቐጻሊ ምስ ኣቃጸሉዎ እዮም። ስለዚ ኣባላት ኮማንዶ ኣብዚ ዝተቓጸለን ዝሓረረን ቦታ በጥ ኢሎምን ተመሳሲሎምን እዮም መጽናዕቶም ክፍጽሙ ዝድረኹ ነይሮም። በዚ ምኽንያት ሓደ ኣባል ኮማንዶ ይኹን ኣባል ሃንደሳ፡ ኣብ መጽናዕቲ ቀንዩ እንትተመሊሱ፡ ምሉእ ሰውነቱን ኣካላቱን ጸለሎ መሲሉ'ዩ ዝምለሶም ነይሩ። ብከምዚ መገዲ'ዚ፡ ካብ በጎስ ዝተባህለ መበገሲ ቦታኦም ነቒሎም፡ መገዲ ምስ ወዲ ዓዲ ከምዝብሉዎ ምስ ኣባላት ተጋደልቲ ኦሮሞ ተሓባቢሮም፡ ክሳብ 150 ኪ-ሜ ንውሽጢ ኢትዮጵያ ሰሊኾም ብምእታው፡ ጸላኢ ዝዓረደሉ ቦታታት፡ ንመጥቃዕቲ ዝምችኡ ኣገባባት፡ ጸላኢ ምስ ተደፍአ ክሕዞም ዝኽእል መከላኸሊ ቦታታት ፈሊጥካ ድብያ ንምግባር ዝጥዕም ቦታታት ወዘተ. ብደቂቕ ኣጽኒዖም ይምለሱ ነበሩ።

ኣብዚ ዝተጠቕሰ ቦታታት ከም ባሕታውያን ወይ ፈለስቲ፡ ካብ ወተሃደራት ኢትዮጵያን ህዝቢ ኢትዮጵያን ብጥበብ እናተሓብኡ ኩነታት ጸላኢ ብዝሑን ዓይነት ኣጽዋሩን ቦታታቱን ብደቂቕ ንኽጽንዑ ኣብቲ ቦታ ንኣዋርሕ እዮም ጸኒሖም። ስለዚ፡ እተን ድሒረን ዝመጽኣ ኣሃዱታት ክፍለ ሰራዊት 70ን ኣባላት መካናይዝድ 74ን ዝፍጽምኦ ዕማማት፡ ኣብ መጽናዕቲ ናይዞም ዝጠቐስናዮም ኣባላት ኮማንዶን ሃንደሳን ውድብ ህዝባዊ ግንባር መሰረት ዝገበረ እዩ። ምድሪ ወለጋ፡ ብኣዝዮም ነዋሕትን ልዕሊ ቁመት ሰብ ዝኾኑ ሳዕርታትን ካልእ ዓይነት ኣግራብን ዝተመልአ፡ ዱር ዝበዝሐ እዩ። እተን ዝርካበን ቀጠንቲ መንገድታት፡ ሰብ ምስ ከምኡ ሰብ ንክራኸብ ንዕድል ዝተረፋ'የን ዝመስላ። ካብኡ ወጻኢ ንሓድሕዳካ ንምርኻብ ሳዕሪ ከተቃጽል ኣለካ። ባህርያዊ ኣግራብ ማንጉስ፡ ቡንን ባናናን ከም ሓረግ ንሓድሕዱ ተሓናጊሩ'ዩ። ኣራንሺ'ውን መጺጽ ደኣ ኮይኑ'ምበር ከም ልብኻ'ዩ። ዕፉን ኣይዕጸድን'ዩ፡ ዘድልየካ ሒዝካ ንገዛኻ ምኻድ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብቲ እዘን ኣሃዱታት ዝኸዳሉ እዋን፡ ገሊኡ ነቒጹ፡ ገሊኡ ብርኪ ፈልዩ ገሊኡ ድማ ኣጭሒሙ ወይ ድማ ሸዊቱ ነይሩ። ሓሸማ ሕብረን ጸሊም ደኣ ኮይኑ'ምበር ከም እንስሳ ዘቤት እየን ዝኻሰያ።

ተጋደልቲ ናብቲ ህዝቢ ከይዶም መነባብሮኡ ቅድሚ ምዕዛቦም፡ ኣብቲ ቦታ ዘሎ ባህርያዊ ጸጋታት ምስ ተዓዘቡ፡ “ኢትዮጵያ እዚ ዝመስል ጸጋ እናሃለዋ፡ ንምንታ'ዮም መራሕታ መሬትን ባሕርን እንዳ ኣማቶም ንኽወሩ ሃነፍነፍ ዝብሉ”

ክብሉ ንሓድሕዶም ተሓታተቱ። እቲ መልሲ ኣብ ነዊሕ መዋእል ዝተለማመዱዎ፡ ናብ ባህልን ባህርን ዝተሰጋገረ “ምግባት” ዝብል ሕማም ምኳኑ ኣብ ናይ ሓባር መረዳእታ በጽሑ። መብዛሕትኦም ተጋደልቲ፡ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሰራውሩ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ጥራይ ዝተሓጽረ ዝመስሎም ዝነበረ፡ ከምቲ እታ ብጸይቲ ንስለ-ዘረባ “ውድብና ዋላ ደቡብ ኣፍሪቃ ይውሰደና ክንከይድ ኢና” ዝበለቶም ዘኪሮም “እዚ ውድብ እዚ'ኮ ዘይገብሮ የብሉን” ኣብ እትብል ሓሳብ ሰመሩ። እዚ ናይዞም ተጋደልቲ ኣብቲ ቦታ ምጽናሕ ድማ፡ ናብ ናይ መወዳእታ ዕላማ ከም ዝበጽሑ ንክግንዘቡ ሓጊዙዎም።

ኣብ ውሽጢ ምድረ ወለጋ (ኢትዮጵያ) ብፍላይ ድማ በገስ ዝተባህለ ቦታ ምስ በጽሑ፡ ብ29 ታሕሳስ 1989 ብኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 70 ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ (ጀነራል) ኣኼባ ተገብረሎም። እቲ ኣብ ብዙሕ ውዑይን ዝሑልን ውግኣት፡ ካብኣቶም ከይተፈልየ ንዓመታት ምስኦም ብምግዳሉ ብደቂቕ ዝፈልጥዎ መራሒኦም፡ ኣብ ቅድሚኦም ኣብዚ ሓድሽ ምድረ ባዕዲ ደው ምስ በለ ውሽጣዊ ቍሕታን ቅሳነትን ተሰምዮም። ናብዚ “ንምንታይ ዕላማ መጺእና!” ዝብል ውሽጣዊ ሻቕሎት ከም ዝቐነዮም ብምግንዛብ፡ ፍሽኽታ ኣሰንዩ “ከምቲ ገሌኹም ብጭርቃን ጉዕዞና ንደቡብ ኣፍሪቃ'ዩ ዝበልኩሞ ዘይኮነ፡ ናብዚ ኣብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ዝርከባ መዓስከራት ንምድምሳስ'ዩ” ምስ በሎም ሰሓቕን ጨብጨባን ብሓደ ፈነውዎ። ቀጺሉ “ከምቲ ቻይናዊ ወተሃደራዊ ስትራተጂስት ሳንጹ 'ኩሉ ዓይነት ውግኣት ኣብ ምድንጋር'ዩ ዝምርኮስ' ማለት ንጸላኢ ኻ ኣብ ዘይተቐረበሉ ሰዓት፡ ድኹም ሽነኻቱ ኣለሊኻ፡ በርቃዊ መጥቃዕቲ ፈጺምካ፡ ኣብ ፖለቲካውን ኣእምሮኣዊን ነውጺ ከም ዝሽመም ድሕሪ ምግባር፡ ስውር ምባል'ዩ። ውጽኢት ናይዚ ከኣ ነቲ ብሄራዊ ጭቆና ስርዓታት ኢትዮጵያ ንኽኣሊ ዝቃለስ ውድብ ኦሮሞ መንከሲ ወይ መቃለሲ ባይታ ፈጢርካሉ ናብ ቀጸልቲ ምዕባለታት ምቁማት እዩ” ኢሉ ንገለ ካልኢታት ዝግ ድሕሪ ምባል፡ “ውግእ ንዓና ንስለ ናጽነትናን ሓርነት ህዝብናን እንገብሮ

ዝመለኻናዮ ሃገራዊ ግቡእ'ኳ እንተኾነ፡ እዚ ኣብዚ እንገብሮ ውግእ ምስቲ ኣብ ደጀንካን ሃገርካን እትገብሮ ውግእ ሓደ ዓይነት ትሕዝቶን ብደሆን ኣይኮነን ዘለዎ። እትዋጋእሉ ባህርያዊ ተፈጥሮ ልዕሊ ጸላኢ ክብድሃካ ይኽእል'ዩ። ስለዚ ነዚ፡ ነብሱ ዝኸኣለ መኸተን ምቅርራብን የድልዮ። ስለዚ ከም ቀደምና ስኒ ምንካስ ጽንዓትን ተበላሓትነትን፡ ሓደ ክንዲ መስርዕ፡ መስርዕ ድማ ክንዲ ጋንታ ኮይንና ክንዋጋእ ክንድረኽ ኢና” ብምባል፡ ንዋሕዲ ናብ ብዝሒ፡ ንጸገማት ናብ ጻጋታት ዝቕይሩሉ መካኒዝም ምፍጣር ከምዘድሊ ድሕሪ ምጥቃስ፡ “ዝገበርናዮም ልምምዳት፡ ነዞም ክጠቕሶም ዝጸናሕኩ ብደሆታት ዝበቕዑ ምኳኖም ኣየጠራጥርን። ብዛዕባ ቀረብ ተተኰስቲ ዘሰክፍ ስለ ዘይብልና ንዋጋ

መስዋእቲ ዘውሕድ ብቑዕ ተኸሲ ንምክያድ ድሕር ከም ዘይንብል ከረጋግጸልኩም እፈቱ - ዓወት ንሓፋሽ!” ክብል ዘረባኡ ዛዘመ። “ዓወት ንሓፋሽ!” ዝብል ድምርን ድሙቕን ግብረ መልሲ ድማ ተዋህበ። እዚ ኣኼባ'ዚ ዕላማ ናይቲ ንነዊሕ ተጓዒዞም ዝመጽኡዎን ዝሃለኹዎን ብዝርዝር ዘነጽር ኮነ። ኣብዚ መሬቱን ሰቡን ዘይፈልጡዎ ምድረ ጫካ'ዚ፡ ኩለንተን ናብዚ ስራሕ'ዚ ዝመጽኣ ኣሃዱታት፡ በብወገነን ብ31 ታሕሳስ 1989፡ ነቲ ተዛንዩን ቀሲኑን ዝነበረ ሰራዊት ደርግ ሃንደበትነት ተጠቒመን ተርግእ ክፍጽማሉ ከም ዓጻዱ ማሽላ ማዕጺደን ኣዋዲደን ቦቦታአን ሓዛ። 2ይቲ ሓይሊ ናይ በጦሎኒ 2 ብርጌድ 20 ምስ ሓንቲ ሓይሊ ናይ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ ከተጥቅያ ዝተዋህባ ቦታ፡ ኣብ ዶብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ዝርከብ “ኩርሙክ ኢትዮጵያ” ዝተባህለ ቦታ'ዩ። ኩሉ'ቲ ንመጥቃዕቲ ዝተሓርየ ቦታታት ኣገዳስነቱ ካብ ሓድሕድ ዘይፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ኩርሙክ ኢትዮጵያ ግን እቲ ብቐዳማይ ደረጃን ብቐልጡፍን ክተሓዝ ዝግበኦ ቦታ'ዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ታንክታት ህዝባዊ ግንባር ኣብቲ ውግእ ክሳተፋን ኣድላዪ ሓገዝ ክገብራን እንተኾይነን፡ እታ እንኮ መሰጋገሪት ቢንቶ፡ እታ ሓደ ሻለቃ (በጦሎኒ) ዓስኪሩላ ዝነበረ ቦታ'ያ ነይራ። ክንዲ ዝኾነ መራሕ ሓይሊ ተጋዳላይ ርስቶም ኪዳነ ምስ ኣባል ኮማንዱን ዝምልከቶምን ኮይኑ፡ ኣብ ሓደ ብርኽ ዝበለ ቦታ ኮይኑ ብኸሻፋ (መነጽር) ብደቒቕ ድሕሪ ምጽናዕ፡ ናብ ቦታኡ ተመልሰ። ኩሉ'ቲ ናብዚ ቦታ'ዚ ንምብጻሕ ዝሓለፉዎ ቦታታት ድማ ኣብ ውግእ ናይ ዝተቐትሉ ሬሳታት ይገጥሞም ብምንባሩ፡ ረጊጸሙዎ ዘለዉ መሬት፡ ቦታ ውግእን ቅትለትን ምንባሩ ገመቱ። ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ፡ እታ ሓይሊ ብኣባላት ኮማንዶ እናተመርሐት ብሰላሕታን ተጠዋውያን ናብቲ መዓስከር በጽሐት። ሓፈሻዊ ክሊማ ናይቲ ቦታ ራህዲ ዝዓብለሎ ብምዃኑ ቅድሚ ፍርቂ ለይቲ ድቃስ ክወስደካ ዘይሕሰብ'ዩ።

ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ ግን፡ ሃለዋት ዝወስድ ድቃስ'ዩ ሒዙካ ዕዝር ዝብል። ክንዲ ዝኾነ እቲ ናይ መጥቃዕቲ ግዜ (ዜሮ ሰዓት) ካብ ፍርቂ ለይቲ ንደሓር ኣብ ዘሎ ግዜ ብፍላይ ሰዓት ሓሙሽተ ወጋሕታ ክኸውን ተወሰነ። ብመሰረት ናይ ቀረባ ትዕዝብቲ መራሕ ሓይሊ ርእሶምን ምስኡ ዝነበረ ኣባል ኮማንዶን፡ እታ ሻለቃ ኣብ ዓሚቝ ድቃስ ነበረት። እዚ ንመጥቃዕቲ ዝምችእ ኣጋጣሚ ምዃኑ ገምጊሞም ናብ ኣባላቶም ተመልሱ። ንሰዓት ሓሙሽተ ርብዒ ጎደል ጋንታታቶም ሒዞም ናብ ዕርዲ ጸላኢ ብሰላሕታ ተጸግዑ። ንጋንታታቶም ድማ ዘጥቃዓሉ ቦታታት ኣትሓዙወን። ሰዓታቶም ምስ ረኣዩ ንሰዓት ሓሙሽተ ሓሙሽተ ጎደል ነበረ። ከም ዕላማ መንከስን መበገስን ቦታ ክጸርጉ ቀዳሞት ዝተሓርዩ ምንባሮም ብምግንዛብ፡ ሓይልታት ህዝባዊ ግንባርን ኦሮሞን ተኹሲ ክጅምሩ መራሕ ሓይሊ ርስቶም ትእዛዝ ሃበ። እቲ ካብታ ሓይሊ ዝትኩስ ዝነበረ ናይ ኣድራጋ ጠያይትን ቦምባ ኢድን ኣርፒጂታትን ነቲ ዝጸንሐ ጸላም

ናብ ብርሃን ጥራይ ዘይኮነ ናብ እሳተ ጎመራ ቀየሮ። ወተሃደራት ደርግ ሃንደበትነት ናይቲ መጥቃዕቲ ሕልሚ'ምበር ጋህዲ ምዃኑ ንምርድኡ ግዜ ወሰደሎም። ክሳብ ዝርደኦም ድማ ግደ ሞትን መቑሰልትን ኮኑ። ገለ ካብቶም ናብ ውነኦም ተመሊሶም ክዋግኡ ዝፈተኑ ወተሃደራት ዝትኩስዎ ዝነበሩ ተኹሲ ድማ ካብ ሕንጥሸው ዝሓልፍ ትርጉም ኣይነበሮን። ይኹን ደኣምበር ውግእ ምዃኑ ስለዘይተርፎ፡ካብታ ሓይሊ ብኣጻብዕቲ ዝቑጸሩ ክውግኡ እንከለዉ፡ ሓደ ኣባል ግንባር ሓርነት ኦሮሞ ተሰዊኡ። ንሰዓት ሽዱሽተ ርብዒ ጎደል ድማ እታ ሓይሊ ንብምልእታ መዓስከር ተቖጻጸረታ። እተን ታንክታት ድማ ቢንቶ ሰጊረን ንውሽጢ ምድሪ ኢትዮጵያ ክኣትዋን ዕዙዝ እጃመን ከበርክታን ዕድል ረኸባ። እዛ ሓይሊ ዝጀመረቶ ተኩሲ ንኹለን ሓይልታት ደወል ብስራት ኮይኑ ዘዝተዋህበን ዕማም ምድምሳስ መዓስከራት ብቕልጣፈን ትብዓትን ኣሰላሰለኦ። እተን ክልተ ሓይልታት ማለት ናይ ህዝባዊ ግንባርን ግንባር ሓርነት ኦሮሞን

ዕማመን ፈጺመን ኣመት ውጉኣተን ስዉኣተንን ክገብራ ጀመራ። ማዕረ ማዕረኡ ድማ፡ እታ ኣብ ቅድሚት ኮይና ቀዳማይ ረድኤት እትህብ ዝነበረት ኣሃዱ መጥባሕቲ፡ ብመሰረት መስርሕ ምክፍፋል ዕዮ፡ ንመጥባሕቲ እትገልግል ሓንቲ ንእሽቶ ቴንዳ ተኺላ፡ ነቶም 15 ኣባላታ ኣብዚ ዝስዕብ ዕማማት ከፋፊለቶም፤

ሀ- ንኡስ ኣሃዱ መጥባሕቲ

ለ- ድሕረ መጥባሕቲ ውጉእ ናብ ውነኡ ክሳብ ዝምለስ እትከታተል

ሐ- ንመጥባሕቲ ቀዳምነት ዝግበኦም ኣለልያ ምስናይ ኩሉ ተደላዩ ምቅርራባት እትገብር (screen)

መ- ቁስሊ ዝሕክሙ፡ መራፍእ ዝወግኡን መድሃኒት ዝዕድሉን

ሰ- ቁጽሪ ውጉእ ብዘየገድስ ምግብና እተዳሉ

ረ- ቀዳማይ ረድኤት ንዝረኸቡ ኣብ መኪና ጽዒና ናብ ካልኣይቲ መስርዕ እተብጽሕ ብዘይካ'ዚ ካብ ሓይሊ ጸላኢ ተቖሪጹ ብዝተረፈ ናብ ውጉኣት መጥቃዕቲ ከይፍጽም ሓለዋ ከባቢ'ውን ካብዛ ጉጅለ እዚኣ'ዩ።

ስለዚ፡ ዝኾነ ኣባል ናይ'ዛ መስርዕ ዝተዋህቦ ዕማም ብዘየገድስ፡ ንነብሱ ን15 ሰባት ወኪሉ ክሰርሕ ነይሩዎ። ውግእ ምስ ተጀመረ፡ ውጉኣት ክውሕዙ ጀመሩ። ብመሰረት ዝተገልጸ ምክፍፋል ዕዮ ስርሖም እናሰርሑ እንከለዉ፡ እቲ ውግእ ንቕድሚት ስለ ዝገስገሰ፡ ብረድዮ ርክብ "ያላ ስዓቡና!" ተባህሉ። ስለዚ ነቶም መጥባሕቲ ዝተገብረሎም ድሕሪ መጥባሕቲ ግድን ምክትታል ክግበረሎም ዝግባእ'ኳ እንተነበረ፡ ካብ ብጾቶም ክተርፉ ስለዘይነበሮም፡ ነታ ውጉኣት ጽዒና ናብ ካልኣይ መስርዕ እተብጽሕ ካብ ክልተ ዘይበዝሑ ኣባላት ዝነበሩዋ ጉጅለ ኣረኪቦም ቀጸሉ። ሳላ ዕቱብ ምክንኻንን ምክትታልን ናይቶም ዘብጽሑን

ናይቶም ተቐቢሎም ቀጸሊ ሓገዝ ዝገብሩን ካልኣይቲ መስርዕ ኣሃዱ መጥባሕቲ ድማ፡ ኣብ መገዲ ዝተኾልፈ ወይ ድሒሩ ዝተሰውአ ብጻይ ኣይነበረን።

ኣብ ዝሰዓቡ መዓልታት ጽዑቕ ውግእ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ንኣባላት ሕክምና ክፍለሰራዊት 70 ድኻምን ጽዕነት ስራሕን ማዕረ ማዕረኡ ተዓጻጸፎም። መዓልቲ ዓሪባ መዓልቲ ትትካእ። ዘይምድቃስ ንቡር ኣካል ስራሕ ተወሰደ። ሓደ ረፉድ ብስም "ኣልጀዚራ" ዝጽዋዕ ተጋዳላይ ሚኪኤል፡ ኣብ ኣፍልቡ ብኽቢድ ስለዝተሃርመ፡ ደም ናብ ሳንቡእ ብምዝዓን፡ ከቢድ ሕጽረት ምስትንፋስ ኣጋጠሞ። "መጥባሕቲ ከድልዮ ድዩ ኣይከድልዮን ቅድሚኡ ዝስርዑ ይህልዉ'ዶ ኣይህልዉን" ዝብል ሕቶ ንምምላስ ገዳይምን ምኩራትን ኣባላት ናይ'ታ ኣሃዱ ማለት የማነ ጸጋይ (ሻፍለ) ዮሴፍን ክውስኑ ነይሩዎም። ሻፍለ ክብደት ማህረምቲ ኣልጀዚራ ገምጊሙ፡ ብመደገፍ ሓጊዙ ትኽ ኢሉ ኮፍ ከም ዝብል ድሕሪ ምግባር፡ ነዊሕ መርፍእ ኣምጺኡ ናብ ሳንቡኡ ብምኽታት፡ ዝዘዓገ ደም ኣውጺኡ ኣየር ከም ዘስተንፍስ ንምግባሩ ይቃለስ ነበረ። እንተኾነ መርፍእ ኣብ ሳንቡእ ኣልጀዚራ ምስ ተሰኹዐት፡ ሻፍለ ክጽወር ዘይክእል ብርቱዕ ድኻምን ግዜ ሂብካ ዘይምምጋብን ዝጠንቁ፡ ውነኡ ስሒቱ ከም ዝተቐርጸ ገረብ ራዕ ኢሉ ተዓልወ። እቲ ውጉእ ርድኡኒ ከይብል ነዛ እስትንፋስ'ውን ብሓይሊ እዩ ዘስተንፍስ ዝነበረ። እንተኾነ ሓደ ካብቶም ውጉኣት፡ ስኑ ነኺሱ ጎተት እናበለ ናብቶም መጥባሕቲ ዘካይዱ ዝነበሩ ከይዱ "ርድኡና" በሎም። ኣብ ዕማም መጥባሕቲ ዝነበሩ ዶክተር ብርሃነን ገደምን ድማ ከብዱ ከፊቶም መጥባሕቲ ዝገብሩሉ ዝነበሩ ተጋዳላይ ገዲፎም ክኸዱ ጸገሞም። ንሓደ ካብ ኣባላት ብዓውታ ጸዊዖም ንኽረድእዎም ሓበሩዎም። እቲ ብሓበሬታ ተመሪሑ ናብ ቦታ ፍጻመ ዝኸደ ኣባል ሕክምና፡ በቲ ሓደ መሳርሕቱ ሃለዋቱ ኣጥፊኡ ተሰጢሑ፡ በቲ ካልእ ድማ መርፍእ ኣብ ሳንቡኡ ዝተሸኽቶ ሰብ ክሰሓግ ብምዕዛቡ ሓርበቶን ጨነቐን። እታ ብቕዳምነት ክገብራ ዝሓለነ ነቲ መርፍእ ካብ ሳንቡእ ኣልጀዚራ ምምሻት ነበረ። ኣብ ዝፈተነሉ ድማ፡ እቲ ጥበብ ጠፍኦ። ስለዚ ሓደ ካብ ኣባላት መጥባሕቲ ዝኾነ ገደም፡ ጋወኑ (ናይ መጥባሕቲ ግርምብያለ) ኣውጺኡ ናብቲ ቦታ ብምኻድ፡ ከምቲ ቀደም ቆልዑ እንከለና ኣብ መሬት ኣሻኻኻት ዓለም እንጻወቶ ዝነበርና ዘዀኽር፡ መርፍእ ካብ ሳንቡእ ኣልጀዚራ ኣውጽኦ። ንሻፍለ ድማ ኣድላዪ ረድኤት ብምግባር ውነኡ ከም ዝፈልጥን ትንፋስ ከም ዝረክብን ገበረ። ድሕሪ'ዚ ናብ መጥባሕቲ ክፍሊ ተመሊሱ ናይ መጥባሕቲ ዕማሙ ቀጸለ።

ኣሃዱታት ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ድሕሪ'ቲ ውግእ ካብ ጸላኢ ዝተሰልበ ንብረት ክጠራንፉ ምስ ጀመሩ፡ ተጋደልቲ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ ንተጋዳላዮም ምስ ኩሉ ዕጥቁን ብረቱን ክቕብሩዎ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ተዓዘቡሞ፡

ተቓወሙዎም። በዚ ከኣ ምርድዳእ ሰኣኑ። ልዕሊ ኩሉ ተጋደልቲ ኦሮሞ ብዘይካ ቋንቋ ኦሮሞ፡ ቋንቋ ኣምሓርኛ ይፈልጥዎን ይርደኦምን'ኳ እንተኾነ ክዛረቡሉ ሞት ኮይኑ ዝስመዮም ምኩሓት ብምንባሮም፡ በየናይ ቋንቋ ከም እትረዳዳእ ንተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርበቶም። ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ናብ መራሕ ሓይሎም ርስቶም (ወዲ ቀሺ) ከይዶም፡ "ተጋደልቲ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ ብረትን ንብረትን ምስ ሰዉእ ይቐብሩዎ ኣለዉ" ክብሉ ሓበሩዎ። ነዚ ዝሰምዐ ርስቶም ኣስደመሞ! ሓቂ'ዩ ኢሉ ክኣምን ተጸገመ። ዝያዳ ንምንጻር ንመራሕ ሓይሊ ናይ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ ጸዊዑ ከብርሃሉ ሓተቶ። እቲ መራሕ ሓይሊ፡ ኣብ ባህሎም ዝኾነ ተጋዳላይ እንተተሰዊኡ ዝኾነ ንብረቱ ምስኡ ከም ዝቕበር ገለጸሉ። ወዲ ቐሺ ብምግራም ንዝተኣስረ ገጹ ኣኽሪሩ ብምጥማር፡ "ንበል ረድዮ ርክብ እንተነይሩቶ'ኸ ምስኡ ትቕበር ማለት ድዩ?" ክብል ሓተቶ። "ብባህሊ ተቓለስቲ ኦሮሞ'ዶ ትቕበር'ወ!" ክብል ሓጺርን ብቱኽን መለሰሉ። ርስቶም "ንስኻትኩም ምስ ንብረቱ ቅበሩዎ፡ ብድሕረኹም እንገብሮ ባዕልና ኣለናዮ። ስማዕሞ! ንሕና ንጸላኢ ብብረቱን ብጥይቱን እናበልና እዛ ብራሾ መስተዪት ማይ'ኳ ዘይንገድፍ፡ ብረት ኣብ መቓብር ክንገድፍ ዘይሕሰብ'ዩ" በሎ።

ሰራዊት ነታ ኣብ ዶብ ኢትዮጵያን ሱዳንን እትርከብ ከተማ ኩርሙክ ድሕሪ ምቁጽጻሩ ኣባላት ሕክምና ክፍለ-ሰራዊት 70 ምስ ክፍልታት ግንባር ሓርነት ኦሮሞ ናብታ ከተማ ኣተዉ። ሽዑ ተጋደልቲ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ መብዛሕትኡ ዝእክቡዎ ዝነበሩ ንብረት ካልሲ ናይ እግሪ ብምንባሩ፡ እቶም ኣባላት ሕክምና ብምድንጻው ይዕዘብዎም፡ ስርሖም ድማ ትርጉም ኣልቦ ኮይኑ ይስመዮም ነበረ። ገለ የዋሃት'ሞ ዝረኸብዎ ኣኪቦም ይህብዎምን ብልቦም ይስሕቅዎምን ነበሩ። እዞም ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብቲ ቦታ ክቐናንዩ ምስ ጀመሩ፡ "ቦጀለ" (chigoe) ዝበሃል ኣእጋር ኣቝሲሉ ዘቑሪ ሕማም፡ ብሰሓ ኣምሲሉ ከቀናዝዎም ጀመረ። ካብዚ ድማ ትርጉምን ኣገዳስነትን ካልሲ ተረድኡ። እንተኾነ ግን ሽዑ ምስ ደለዩዎ ካልሲ ንጸበል ኢልካ'ውን ዘይርከብ ኮነ። ሰራዊት ደርግ ፈለማ እቲ ብሓይልታት ህዝባዊ ግንባር ዝተፈነወሉ መጥቃዕቲ ሃንደበትነቱ'ኳ ግር እንተበሎ፡ ደሓር ግን ነኺሱ'ዩ ክዋጋእ ጀሚሩ። ከምቲ ዝተጠቕሰ እቲ ቦታ ጫካታት ዝበዝሖ ብምንባሩ፡ ውግእ ብዝመረጽካዮ ኣይኮነን። ባህርያዊ ድሩትነት ስለ ዝውስኖ ኣብ ጸቢብ ቦታ እዩ ዝካየድ። ከተግፍሕ እንተፈቲንካ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ገለ ክትብል እልይ እንተ ኢልካ ናብ ዝነበርካዮ ክትምለስ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ብሰሪ እዚ ቅድሚ መጥቃዕቲ፡ ሓንቲ ሓይሊ ብጸላም መኣዝና ኣጥፊኣ ተኸዊላቶም ሓዲራ ናይ ዜሮ ሰዓት ኢኺሉ ተኹሲ ምስተጀመረ'ያ ብሓበሬታ ተኹሲ ናብቲ ውግእ ተጸንቢራ።

እታ ሕቡእ ጥንሲ ሒዛ እትጉዓዝ ዝነበረት ኣልማዝ ግደ እውን ሳልሳይ ርእሳ ናብ ብቐረባ ዘማዕደዉዋ ሩባ ንጋንታ መምስሒ ዝኸውን ማይ ከምጽኡ ምስ

ከዱ መምለሲ ጠፊኡዎም ነበረ። ብኸለል ምስ ረብረቡ፡ ማዮም ክዕዮም ኣብቲ ዕሙር ጫካ የማነ ጸጋም ሃሰው ክብሉ ኣማስያኡ፡ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣባላት መካናይዝድ ክፍለ-ሰራዊት 74 ኣብ ዝነበሩዎ ቦታ ድርግም በሉ። ወያ ማይ ከምጽኡላ'ሞ ክትምሳሕ ዝሓሰበት ጋንታ ኣይምሳሕ ኣይድራር ኮይና፡ ኣብ ምድላይ ኣባላት ምድሪ ዓረባ። ብረድዮ ምስ ኣባላት ከቢድ ብረት ምህላዎም ምስ ተፈልጠ ግን ጋንታ ጥሜታ ረሲዓ እፎይታ ኣስተንፈሰት። ዝበዝሓ ኣሃዱታት ፊት ንፊት ከጥቅዓ እንከለዋ፡ ገለ ኣሃዱታት፡ በቲ ሓደ ነቲ ካብዚ መጥቃዕቲ'ዚ ዝሃደመ ንምኩላም፡ በቲ ካልእ ድማ ካልኦት መዓስከራት ንምድምሳስ፡ ኣብ ድቕድቕ ጸላም፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ማዕረ ቁመት ገዛ ዝበጽሕ ዱር ቃንጥሻን ሳዕርን፡ ብኣባላት ስለያን ኮማንዶን እናተመርሑ ንሽይጠፋፍኡ ኢድ ንኢድ እናተተሓሓዙ፡ ካብ ገባብልን ኣትማንን ንስክላ እናደሓኑ፡ በዳሂ ግጥማት ኣካይዶምን መስዋእቲ ከፊሎምን መዓስከራት እናደምሰሱ ን1989 ብዓወት ተፋነዮም ን1990 ብብሩህ ተስፋ ተቐበሉዋ። ከምቲ ዝተጠቕሰ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ፈለማ እቲ ሃንደበትነት መጥቃዕቲ፡ ካብቶም ብቐረባ ዝፈልጦምን ዝንዕቆምን ብቲ ከባቢ ዝነብሩ ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ መሲሉዎ፡ ተጻዊሩ ብዓቕሙን ክእለቱን ክከላኸል'ኳ እንተፈተነ፡ ስሉጥነትን ብቕዓትን ናይ ውግእ በቲ ሓደ፡ መልእኽታት ረድዮ ርክብ ድማ ብቋንቋ ኤርትራ ምኳኑ በቲ ካልእ ምስ ፈለጠ "ህዝባዊ ግንባር በየን ኣቢሉ ናብቲ ግንባር መጺኡ!" ዝብል ሕቶ መልሲ ክረኽበሉ እናሃቀነ፡ ማዕረ'ቲ ነቲ መሪር ናይ ምጽዋርን ንመስዋእቲ ቅሩብነትን ውፉይነን ናይ ምኳን ባህልን ዘማዕበለ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ክዳረግ ብዘይምኽኣሉ፡ ዕርድታቱ ረጥሪጡ ህድማ ተተሓሓዞ።

ኣብ ውሽጢ ሰሙን ዘይኣክል ግዜ፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ብርጌዳት 71ን 20ን (ክፍለ-ሰራዊት 70) መካናይዝድን ኣባላት ኮማንዶን ስለያን ብሓባር ኮይኖም፡ መጋዘን፡ ሸርቀለ፡ ባምቦሲ፡ ኩምሩክ፡ ኣጉቤላ፡ ኩታ ወርቅን ኣገዳሲት ቁጠባውን ምምሕዳራውን ማእከል ናይ ክፍለ ሃገር ወለጋ ዝኾነት ኣሶሳን ብ5 ጥሪ 1990 ተቖጻጸሩ። ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንኣሶሳ ተቖጻጺሩ ንቕድሚት ምስ ገስገሰ፡ ኣባላት መጥባሕቲ ኣሃዱ፡ ኣብ ኣሶሳ ኣብ ዝርከብ ሆስፒታል ኮይኖም ዕማሞም ንምቕጻል ናብታ ከተማ ኣተዉ። ኣብ ክፍሊ መጥባሕቲ ናይቲ ሆስፒታል ድማ፡ ሓደ ካብ ብርኪ ንታሕቲ ዝተቖርጸ እግሪ ኣብ ሓደ ሸሓኒ ጸንሖም። ከም ግቡእ ክቕበር'ዩ ነይሩዎ። እንተኾነ እቶም ሓካይም ናይቲ ስርዓት ከምኡ ክገብሩ ዕድል ኣይረኸቡን። ኣዝዩ ቅልጡፍን ጽዕቑዕን ውግእ ብምንባሩ'ዩ። እዞም ኣባላት ሕክምና ኣብዚ ሆስፒታል'ዚ ኮይኖም በቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ መስርሕ፡ ውጉኣት ተተቐቢሎም ድሕሪ ምሕካም ናብታ ካልኣይቲ መስርዕ ኣሃዱ መጥባሕቲ የፋንዉዎም ነበሩ። ሓደ መዓልቲ ኣባል መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ስዉእ ብጻይ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ፡ ናብቲ ዝሰርሑሉ ዝነበሩ

ሕክምና ሃንደበት ደበኽ በለ፡ ንውጉኣት ዘይሩ ድሕሪ ምዕዛብ፡ ንሓላፊ ናይታ መስርዕ ንገደም ጸዊዑ፡ “ነዞም ውጉኣት ካብ ዘድልዮም ዝኀደለ ነገራት እንታይ ኣሎ፤” ክብል ሓተቶ። ገደም “ከምዚ ረኺቦሞ ዘለዉ ቀጻሊ ይግበረልና ምሉእ'ዩ ዘሎ” ክብል መለሰሉ፡ ናይ ተስፋን ዓወትን ምልክት ፍሽኽታ ኣሰንዩ። ነዚ ክብል ዝኸኣለ፡ ካብ ሜዳ ኤርትራ ዝተማልኡዎ ይኹን ኣብ ግዜ ውግእ ዝረኸቡዎ፡ መግብን ዓይነት መሳርሕን መድሃኒትን ኣዝዩ ብዙሕን እኹልን ብምንባሩ እዩ። ስዉእ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ “ኣራንሺ'ኸ ረኺቦም'ዶ፤” ክብል ኣብ ኣእምሮ ገደም ዘይጸንሐ ዱበላ ሕቶ ሓተቶ። ገደም “ኣራንሺ. . . ኣራንሺ ዲኻ ዝበልካ፤” በለ ኣፉ ማይ መሊኡ፡ ከም ማይ እናወሓጦ። “እወ ኣራንሺ” መለሰ ብጻይ ዓሊ ምጥርጣር ናይ ገደም ብምስትብሃል። ገደም “ኣነ ክሳብ ዘለኹ ዝመጽአ ኣይረኣኹን” በሎ ዓይኒ ዓይኒ ናይ ብጻዩ እናረኣየ። ብጻይ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ ሕቛኡ ሂብዎ ምስ ተዓዝረ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን፡ ሓንቲ ኣራንሺ ዝጸዓነት ናይ ጽዕነት መኪና መጺኣ፡ ልክዕ ከም ምርጋፍ ኣእማን፡ ነቲ ኣራንሺ ካብ ዝባና ናብ ባይታ ክዕያቶ ተዓዝረት። ውጉኣት ይኹኑ ኣባላት ሕክምና ምብላዕ ከም ባህግኻን ከብድኻን ኮነ። ገደም ኣብ ሎሚ ኮይኑ፡ “ሽዑ ኣራንሺ ምስ ጸገበኩ'የ. .” ብምባል ብዓይነ ሕልና ይዝክሮ። እዞም ተጋደልቲ ልዕሊ'ቲ መግብን ሽሻይን፡ ላዕለዎት መራሕቶም ኣብ ጎድኖም ምህላዎም ምስ ተዓዘቡ፡ ኣገዳስነት ናይቲ ኣብ ምድሪ ኢትዮጵያ ዘካይድዎ ዘለዉ ወተሃደራዊ ስርሒት ዕዙዝ ምኳኑ ዝያዳ ተሰቆሮም። ብፍላይ ዶክተር ብርሃነ ደብሩ፡ “ህዝባዊ ግንባር ኣብ 1984 ንተሰነይን ዓሊግደርን ከጥቅዕ እንከሎ፡ ገለና ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ስርሒት ናይ ምቕጻል ፈላሚ ተበግሶ'ዩ መሲሉና ነይሩ። እንተኾነ ውድብና በቲ ኣብ ተሰነይን ዓሊግድርን ዝሰለቦ ኣጽዋርን ተተኮስትን ገይሩ ናብ ሰሜናዊ ሳሕል ብምምላስ ንግንባር ውቃው እዚ ደምሲሱዎ። እዚ ድማ መን ይፈልጥ ንግንባር ከረን መደምሰሲ ሓሲብዎ ይህሉ” ክብል ርእይቶኡ ሃበ።

ኣብ ሆስፒታል ኣሶሳ ንሕክምናዊ ሓገዝ ኢሎም ዝመጽኡ ሰለስተ ኩባውያን ጸንሑዎም። ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ከኣ፡ ባህሪ ስርዓት ደርግ ብምግንዛብ፡ ብነፈርቲ ገይሩ ነታ ከተማ ክድብድባ ስለዝኽእል ብላኼማ ከይጠፍኡ ካብታ ከተማ ክወጽኡ ሓበሩዎም። እንተኾነ እቶም ኩባውያን “ኣብዚ ናትና ባንዴራ የንበልብል ኣሎ። እዚ ህዝቢ እዚ ድማ ህዝቦም እዩ፡ ስለዝኾነ ብሕልና ይኹን ብሕጊ ኣይክገብሩዎን እዮም” ብምባል ተዛንዮም ኮፍ በሉ። ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ድማ፡ ከምቲ ኣደታትና ዝብላኦ “ኣፍኩም ዝበሎ ይግበረልና- ንርኢ!” ብምባል ተፋነውዎም ይኹን'ምበር ነዊሕ ከይጸንሑ ነፈርቲ ኲናት ስርዓት ደርግ መጺአን “ዓይኒ የብለይ ስኒ - ብኣልማማ ብቦምባታት ደሰቐኦም። ብዙሓት ካብ ዜጋታት ኢትዮጵያ ደቂ ኣሶሳ ግዳይ ሞትን መቑሰልትን ኮኑ። እቶም ኩባውያን ድማ “ንሕና ደኣ ከምዚ ዘይመሰለና. .” ብምባል ምስናይ ራዕዱ፡ ህዝባዊ ግንባር

ናብ ሓደ ውሑስ ቦታ ክወስዱም ናብ ለመና ኣተዉ። እቶም ተጋደልቲ "ብኽበሮ ሓዲጋ ብሕምብጢጥ" ዝብል ምስላ ኣበው ዘከሩ። ብጠለቦም መሰረት ድማ ናብ ሱዳን ኣሰገሩዎም። ንውጉኣት ህዝቢ ኣሶሳ ድማ ህዝባዊ ግንባር ዘድሊ ሕክምናዊ ረድኤት ገይሩ ምስቶም ኩባውያን ንሱዳን ኣግዓዞም። እቲ ስርዓት ነቶም ብስም ደርቂ ካብ ዓዶም ኣዘናቢሉ ብስም "ሰፈራ" ናብ ኣሶሳ ዘስፈሮም ተጋሩ፡ ንኣታቶም ተባሂሉ ዝተፈላለየ ዓይነታት መግቢን ክዳውንትን ዝሓዘ መኻዚኖታት ርግርግ ኢሉ እናሃለወ፡ ብግቡእ ዝዕድሎም ብምስኣኖም፡ ከም ሰብ ዘይኮነ ከም ዘንቢል ብቐሊሉ እተልዕሎም ማህሚኖም እዮም ጸኒሖሞም። ነዚ ዝረኣየ ሓላፊ መጉዓዝያ ክፍለሰራዊት 70 ዝነበረ ወዲ ባሻይ (ፍትገ) ነቲ መኻዚኖ ከፊቱ ምስ ኣባላቱ ኮይኑ፡ ብተርታ ክዕድሎም ጀመረ። እዞም ሰፋሮን ህዝቢ ኣሶሳን፡ ከምቲ ስርዓት ደርግ ብዛዕባ ህዝባዊ ግንባር- ሸፋቱን ዘመትትን ዝብሎም ዘይኮነ ሓልዮት ህዝቢ ዘለዎም ፍትሓውያን ኮይኖም ምስ ረኸቦም "መን'ዩ ሸፍታ" ንዝብል ሕቶ ከሰላስሉ ጀመሩ። ተጋዳሊት ኣልማዝ ግደ፡ ሓኪም ጋንታ ብምንባራ፡ ውጉኣት ሒዛ ካብ ቅድመ ግንባር ናብ ኣሶሳ መጽኣት።

ኣብ ማዕዶ ኣብ ዝነበረት ሃንገር፡ ካብ ኣባላት ብርጌድ 20 ገለ ኣባላት ተዓዚበት፡ ልባን ዓይናን ካብቲ ኩሉ ተጋዳላይ ናብቲ ብልቢ እተፍቅሮን መጋድልታን ብዓል እንዳኣን ወዲ ሃርበለ ኣቋመተት። ጨሚታ ከአ ረኸበቶ። ልባ ረበጻሞ ክትጽውያ ድንዕ ድንዕ በለት። እንተኾነ፡ "ኣርኪባ ድማ እዚኣ" ከይትበሃል፡ ከም ሓፋር ሕጽይቲ ክሳብ ካብ ዓይና ዝኸወል ኣፉ ብኽፉቱ ቀዘዝ ኢላ ተረፈት። ንጽባሒቱ ኣልማዝ ትርከቦም ኣሃዱ፡ ካብ ኣሶሳ ተበጊሶም ንገስጋስ ዝሕግዝ ውግእ ከካይዱ ኣብ ዝወጽኡሉ፡ ጸላኢ ነታ ኣካል ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝኾነ ኦሮሞታይን ካልኦት ብሄራትን ዝሓቖፈት ከተማ ኣሶሳ ሃንደበት ደጋጊሙ ብነፈርቲ ደብደባ። ከም ሳዕቤኑ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ዝርከብዎም ህዝቢ ኣሶሳ ግደ መስዋእትን መቑሰልትን ኮኑ። ኣልማዝ ካብ ኣሶሳ ዓሰርተታት ኪሎሜተራት ርሒቑ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ቀጻሊ ውግእ ኢዳ ተወጊኣ ምስ ካልኦት ውጉኣት ብጸታ እያ ናብ ሕክምና ኣሶሳ ዝተመልሰት። እቲ ኣብ ከብዳ ዝነበረ ዕሽል ገና ካብ ማህጸን ከይወጽአ ስቅያት ኣዲኡ ኣስተማቒሩ፡ እቲ ምህላው ናይዚ ዕሽል'ዚ ዘይፈልጥ ወዲ ሃርበለ ዝርከቦም ኣሃዱ ድማ ምስ ሓደ ንረዳት ዝመጽአ ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ልዑል ናይ ምውጋእ ተመኩሮ ዝጸንሖ ፓራ-ኮማንዶ ጽዕጹዕ ውግእ ይቕጽሉ ነበሩ።

ቶም ናብታ ከተማን ዝሓሸትን እትበሃል ኣብ ቁጽጽሮም ዝኣተወት ኣሶሳ ዝኣተዉ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ስማን ክዉንነታን በበይኑ ኮይኑ'ዩ ጸኒሑዎም። ዝበዝሐ ክፋል ንሰራዊት ከገልግል ዝቖመ ትካላት እምበር ንህዝቢ ኣገልግሎት ክህቡ ዝግበኦም ማሕበራውያን ትካላት ዓንዮም እዮም ጸኒሖምዎም። ህዝቢ ናይ'ቲ ከባቢ ድማ፡ ብጥራሕ እግሩ ዝጕዓዝን ርኡይ

ዕርቃን ዘጠቅየን ኮይኑ፡ ቁጠባዊ ሕሰም ኣብ ገጽ ነፍሲ ወከፍ ነባራይ ይንበብ። ብፍላይ በቲ ቦጀለ ዝብልዎ ብኸብዲ እግሪ ብዝኣተወ ሓሰኻ ዝመጽእ ሕማም ብኸቢድ ኣብ ርእሲ ምስቓዮም፡ ኣብ መግቢ ዝኣቱ ጨው ንፈውሲ'ውን ደሊኻ ፈጺሙ ዘይርከቦ ብምንባሩ ዳርጋ ዝብዝሕ ክፋል ናይቲ ህዝቢ ብጉሩንጉሪት (ጎይተር) ዝሳቐ'ዩ ነይሩ። ከም ገለ ጨው እንተተረኺቡ ድማ፡ ኣብቲ ቀንዲ ባህጎም ዝኾነ ቡን፡ ኣብ ፍንጃል ሓንቲ ፍረ እናኣእተዉ እዮም ዝሰትዩዎ። እቲ ብህዝባዊ ግንባር ኣብ መካይን ዝመጾ፡ ተጋደልቲ "ንምንታይ ጨው!" ኢሎም ዝተገረምሉ ጽዕነት፡ ዳርጋ ከም ሉል ተቐጺሩ ብኾናትል ቡን ተተቐይሩ ናብ ኤርትራ ከም ዝግዕዝ ተገብረ። ህዝቢ ኦሮሞ በቶም ንስርዓት ደርግ ከገልግሉ ዝተዓሰቡ ወተሃደራት ሰኪሑ ብምጽንሑ፡ ንታሪኽ ህዝባዊ ግንባር ካብ ዘይምፍላጥ፡ ፈለማ ብፍርሕን ጥርጣረን ክርእዮምን ካብኣቶም ክርሕቕን'ዩ ጀሚሩ። ብቋንቋኡን ብዝፈልጦም ደቂ ዓዱን መንነትን ዕላማን ህዝባዊ ግንባር ምስ ተገልጸሉን፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ ግብራዊ ኣካይዳ ናይ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ምስ ተዓዘበ፡ ካብ ሰብ እኽሊ ይስፈር ኮይኑዎ፡ ብፍሕሽው ገጽን ፈገግታን ክቐርቦም ጀመረ። ልዕሊ ኩሉ እቶም ካብ ትግራይ፡ ብስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያም በስገዳድ ብሰፈራ ናብ መሬት ኦሮሞ ዝመጽኡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ደቂ ትግራይ፡ ንተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ምስ ረኣዩን ብቋንቋ ትግርኛ ዝዛረቡ ምስ ገጠምዎምን፡ ዝነበሮም ተነጽሎን ብሕትውናን ግፍፍ ኢሉሎም ናጽነት ዝረኸቡ ኮይኑ ተሰምዮም። ህዝቢ ኦሮሞ እቶም ብማዕከናት ዜና "ሕጊ ኣልቦ ሽፋቱ" እናተባህሉ ዝግለጹ ዝነበሩ ተጋደልቲ ኤርትራ፡ ከምኡ ዘይምዃኖም ክግንዘብ ክኣለ። ተቐማጠ ኣሶሳ፡ እታ ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ "ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ እንተተፈልያ፡ ጨው ፈጺምኩም ክትቀብጽዋ ኢኹም" ዝብልዎም ዝነበሩ ስክፍታ ትፈጥረሎም ምኽና ግን ኣብ ዕላሎም ኣይሓብኡን። ነዚ ድማ "ኣይኮነንዶ ኤርትራ ሓራ ኮይናን መንግስቲ ኤርትራ ቆይሙን፡ ተጋደልቲ ክነስና ጨው ጽዒንና'ዶ ከይመጻእናኩም" ብዝብል ግብራዊ ስራሕ እምነቶም ከም ዝጸንዕ ተገብረ። ይኹን'ምበር እተን ናይ ዝተፈላለያ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ብፍላይ ድማ ኣባላት ብርጌድ 71ን 20 ናይ ክፍለሰራዊት 70 ዝጸንሑወን መዓልታት ውሑዳት ብምንባረን ምስቲ ህዝቢ ዕምቈ ዝበለ ሌላን ፍልጠትን ክስርጹ ኣይከኣሉን።

ኣልማዝ ካብ ብዛዕባ ህዝቢ ኦሮሞን ቦታታቱን፡ ብዛዕባቶም ተወጊኦም ናብ ሕክምና ኣሶሳ ዝመጽኡ ንወዲ ሃርበለ ደቂ ኣሃዱኡ፡ ክሕብኡዋን ንዝሓተተቶም ሕቶ ብሓፈሻ ወይ ብጠዋይ መገዲ ክምልሱላን ብምጅማሮም "ናይ ነገር ጣቋ ድዩ" ዝብሉ ጥረ ሓሳባት ከሻቕሉዋ ጀመሩ። ከም ሞት ሕጹይ ብዛዕባ መዛምድኻ ልዕሊ ካልኦት ምህንጣይን ምግዳስን ዘሕድሮ ስክፍታ ጸቒጡዋ ግን፡ ጨጨንሩ ንውሽጢ ገይራ ማዕረ ብጾታ ምጉዓዝ ቀጸለት።

እቶም፡ ኣብ ኣሶሳ ብርቂን ዕዉትን ስርሒት ዝፈጸሙ ተጋደልቲ ምስቲ ዘካይድዎ ውግእን ዝሓለፉስዎ ገዚፍ ዓወትን ብምንጽጻር ዝኸፈሉዎ ዋጋ ከቢድ ኣይነበረን። ጀጋኑ ስዉኣቶም ብግቡእ ሓመድ ኣዳም ኣልቢሶም፡ ነቶም ዝበዝሑ ውጉኣቶም ብልዑል ክንክን ሒዞም ናብ ምድረ ኤርትራ ከም ዝግዕዙ ድሕሪ ምግባር ከኣ፡ ንቀጻሊ ዝካየድ ውግእ ትርጉም ዘለዎ ክብድ ዝበለ ኣጽዋርን ናይ ሕክምና ንብረትን ስንቅን ኣብ መካይኖም ጽዒኖም፡ ብ14 ጥሪ 1990 ነቲ ብእግሮም እሞ ከኣ እናተዋግኡ ዝሓለፉዎ ቦታታት ማለት ካብ ድቡስ ንኩምሩክ ኣስታት 163 ኪሜ፡ ካብ ክምሩክ ንበገስ ኣስታት 127 ኪሜ፡ ብመኪና ተጓዒዞም ወልደል ኒል ኣብ ዝበሃል ምድሪ ሱዳን በጽሑ። ኣብዚ ዕለት እዚ፡ ድምጺ ሓፋሽ ነቲ ንሳቶም ዝፈጸምዎ ቅያ እንተ ኣቃልሓቶ ብምባል ኣብ ኣጋ ምሸት ረድዮ ውልዕ እንተበሉ፡ "ህዝባዊ ግንባር ኣብ ኢዱ ዝጸንሑ 10 ሽሕ ምሩኻት ኲናት ሰራዊት ኢትዮጵያ ነጻ ክለቆምን ናብ ዓዶም ከፋንዎምን ወሲኑ" ክትብል ሓበረት። እዞም ካብ ዓቢ ስርሒት ኣሶሳ ዝተመልሱ ተጋደልቲ፡ ናታቶም ዜና ክሰምዑ ብሂጎም ስለዝነበሩ፡ ነዚ ዜናʼዚ ምስ ሰምዑ ብዙሕ ኣይተገደሱሉን። እኳ ደኣ ነቲ ብድሕሪኡ ዝቐጸለ ደርፊ ድምጻዊ ተፈኖ ጥራይ ከድህቡሉን ክቀጻጸዩሉን ተራእዩ። ካብ ምድረ ሱዳን ወልደልኒል፡ ንጀበል ፋው ኣስታት 326 ኪሜ፡ ካብ ጀበል ፋው ንዒላ ዓብደላ ኣስታት 408 ኪሜ፣ ካብ ዒላ ዓብደላ ንዓዳይት ኣስታት 175፡ ካብ ዓዳይት ንመዝረት ኣስታት 103 ኪሜ፡ ካብ መዝረት ድማ ኣስታት 90 ኪሜ ድሕሪ ምጒዓዝ ብ26 ጥሪ 1990 ናብታ ዝተበገሱላ መሬት ዓዶም ገልጠም ተመልሱʼሞ ሩፍታ ተሰምዮም።መካይንን መራሕቲ መካይንን፡ ንድሕሪ ሕጂ ዘይንቀሳቐሱ ክመስሉ፡ ሞተረ መኪናኦም ምሉእ ብምሉእ ኣዕረፉዎ። ካብቲ ቦታ ስርሒት ክምለሱ ጥራይ ልዕሊ 1500 ኪሜ እዮም ተጓዒዞም።

ከምቲ ኣብ ምጅማር ናይʼቲ ጉዕዞ "ንደቡብ ኣፍሪቃʼዮም ግዲ ክወስዱና" ዝበለቶ ብጻይቶም ዝመሳሰል ጉዕዞ ድማ ነበረ። እቲ ቅድም "ዝኢትነገር" እናተባህለ ዝተጓዕዝዎ ጉዕዞ ድማ ናብ ዝንገር ጉዕዞ ተቐየረ። ኣብ ግዜ ምምላስ ብፍሉይ ንኣባላት ኣሃዱ መጥባሕቲ፡ ብህጹጽ ብዘይ ዕረፍቲ ናብ ቦታኦም ክምለሱ እዩ ትእዛዝ ተዋሂቡዎም። ወተሃደራዊ ዕማም ኩሉ ብምስጢር ስለ ዝተሓዝ፡ ኣባላት ሕክምና ክፍለ-ሰራዊት 70 እዚ "ህጹጽ" ትእዛዝ ምስ መጽኦም፡ "እሞ ብድሕረና ኣብ ሜዳ ኤርትራ ገለ ወተሃደራዊ ምቅይያራት ኣጋጢሙ ኣሎ ማለትʼዩ" ብዝብል ግምት ከብዶም ሓቝፎም እዮም ናብ ሃገሮም ዝተመልሱ። ኣብ ገልጠም ምስ በጽሑ፡ ነቶም ኣብኡ ዝሓደግዎም ብጾቶም እንተሓተቱ "ዋላ-ዋላ ከምታ ዝሓደግክሙዋ ምድረ ሰማይ ሰቲʼያ ዘላ" ክብሉ መለሱሎም። "እዚ ተብተብን ያላን ደኣ ናበይን ንምንታይንʼዩ፣" ዝብል ሕቶ ድማ ብጠልጠሉ ተረፈ። ገለ ካብኣቶም ግን እታ ዶክተር ብርሃነ ደብሩ ኣብ ኣሶሳ እንክለዉ

"እዚ መጥቃዕቲ'ዚ መበገሲ ንካልእ ዓቢ . . ." ዝበላ ዘከሩ። ኣብ ህዝባዊ ግንባር፡ ግን ምስጢር ኣይኮነንዶ ርእሱ፡ ጭራኡ'ውን ክትረኽቦ ኣጸጋሚ'ዩ ነይሩ። ምዕቃብ ምስጢር ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ስለዝነበረ። እዚ ምምላስ ካብቲ ምኻዳ ዝተፈልየ ዝገብሮ "ናበይ ኢና!" ዝብል ሕቶ ዘይብሉ ዕላማኻ ወቒዕካ፡ ዓወት ጨቢጥካ ዘድሊ ኣጽዋርን ንብረትን ሰሊብካ ምስ ቦታታት ሌላ መስሪትካ፡ ከም ምሁር ናይ ጆግራፍ ብዛዕባ ኣቀማምጣ መሬትን ጸጋታትን ምስ ኤርትራ ብምዝማድ እናተንተንካን እናተመያየጥካን፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ እቶም ኣብ ምድሪ ባዕዲ ንስለ ናጽነት ሃገር ክብሉ ብትብዓት ንዝተሰውኡ ጀጋኑ፡ ከም ዝመላለስ ሕልሚ ቅጅል እናበሉኻ፡ ብትዝታ እትወሓጠሉ ህሞት ምንባሩ'ዩ። እቶም ንኣባላት ብርጌድ 71 ቅድሚ ካብ ገልጠም ምኻዶም፡ ከም ኣረኣእያ በርቂ ዝረኣይዎምን ዝረኸብዎምን፡ ኣብ ሩባ ገልጠም ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ክምለሱዎም እንከለዉ ብመንፈስን ዓይነትን ብመጠኑ ተቐየሩዎም። ዳርጋ መንፈስ ቱሪስት ዝዓሰሎም ኮይኖም ረኸብዎም። ይኹን ደኣምበር፡ ገለ ኣባላት' ናይቲ ብርጌድ ኣብ ከብዲ እግርኻን ኣብ መንጎ ኣጻብዕትኻን ኣትዮም ንቀርበት በሲያም ቁስልን ረኽስን ዝፈጥሩ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ስንክልና ዘስዕቡ ባልዓት ስለ ዘጥቅዕዎም፡ ብወረጦ ነቶም ሓሳኹ ካብ እግሮም ከውጽኡን ፈውሲ ረኽሲ ክውግኡን ኣብ ሓድሽ ስራሕ ተጸምዱ።

እቲ ናይ ኣሶሳ ስርሒት፡ ከም ትጽቢት ሰብ ውዕሎ፡ ብድምጺ ሓፋሽ ክንዲ ዝቃላሕ፡ ብረድዮ ርክብ ንሓለፍቲ ጥራይ ከምዝሕበርን ዝፈልጥዎን ብምግባሩ፡ ናይዛ ኣሃዱ ካብ ግንባር ምውጻእን ናብ ዘይተፈልጠ ቦታ ምኻድን ንብዙሓት ተጋደልቲ ሕንቅል ሕንቅሊተይ እዩ ኮይኑዎም ነይሩ። ገድልን ዕላልን፡ ኣኸባርን "ሚ-ሃላ"ን መኻይዲ ተጋደልቲ ብምንባረን፡ ኣብቲ ውዕሎ ዘይነበረ ተጋዳላይ፡ ናይ "እንቋዕ ደሓን መጻእኩም" ብመንኩብ ድሕሪ ምትንናጽ፡ "ጉዕዞን ኩነታትን ከመይ ነበረ!" ዝብል ዕላላት ዓመረ። ድሕሪ ወተሃደራዊ ፍጻመ፡ ነቲ ዝወዓልካዮ ምግላጽ ኣበሳ ዘይብሉ ምውርራስ ተመኩሮ ስለ ዝሕሰብ ነፍሲ ወከፍ ዘዝፈልጦ ብጉጅለ - ጉጅለ፡ ዕላልን ወግዕን ደመቐ። ውግእ ብዘይ መውጋእትን መስዋእትን ስለ ዘይካየድ፡ ብዓል መን ተሰዊኡም ዝብል ሕቶ ዘይተርፍ ሕቶ ነቕለ'ሞ "ብዓል እከለ፡ እከሊት፡ ተሰዊኦም፡ ብዓል እከለ - እከሊት ድማ ተወጊኦም" ተባህለ። እቶም ነዚ ዝሰምዑ፡ ነቲ ኣብ ምድሪ ኢትዮጵያ ከይድካ መስተንክራዊ ቅያ ፈጺምካ ምምላስ፡ ምስቲ ኣብ ግዜ መራሒ ኡጋንዳ ነበር ኢዲ ኣሚን፡ እስራኤላውያን ሃንደበትነት ተጠቒሞም ጅሆ ንዝተታሕዙ ዜጋታቶም ዝገበርዎ "90 ደቓይቕ ኣብ ኤንተበ" ምስ ዝብል ቅያ (ስርሒት) ንምዝማዱ ሃቀኑን ተሓበኑን። መስዋእቲ ብጾት ዝፈጠሮ ስምዒት ንውሽጢ ውሒጥካ እጃምካ ገይርካ ንምስዋእ ግደኻ ምጽባይ ብምኳኑ ድማ፡ "እጃምና

ኣብ እንፍጽመሉ ዕለት የራኽበና" ክብሉ ምስ ውሽጦም ዘተዩ። ውግእ ምዕራብ ኢትዮጵያ (ኣሶሳ) ንስርዓት ደርግ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዝመረጾ ሰዓትን ቦታን ድላዩ ክፍጽም ከምዝኽእል ዝያዳ ዘግሃደሉ፡ ነየናይ ከተማን መዓስከርን ሓልዩ ነየናይ ክሓድግ ኣብ ወጥሪ ዘእተዎ፡ ናይ ቅድመኡ ዝነበሩ ፍጻመታት ፍሉይ መቐጸልታ'ዩ ነይሩ። ውግእ ኣሶሳ ንህዝባዊ ግንባር ድማ፡ ናይ ምውጋእ ዓቕሙን ስልቱን ዘጎልበተ፡ ነቲ ጸላኢ፡ ህዝባዊ ግንባር 'ኣበይ ከጥቅዕ ይኽእል' ዝመራመር ናይ ምክትታል ኣገባቡ ዝሓዋወሰን ዝሓናኸረን እዩ ነይሩ። ነቶም ኣብቲ ፍጻመ ዝተሳተፉ ብርጌድ 71/20 ናይ ክፍለ-ሰራዊት 70ን ካልኦትን ድማ፡ ነዊሕ ጉዕዞ ተጓዒዝካ ናይ ምጥቃዕ ዓቕሚ ዝደለብሉን ንካልእ ተመሳሳሊ ፍጻመ ድልውነቶም ዘረጋገጹሉን ኣጋጣሚ ነበረ።

## ቅድመ ምድላዋት ንስርሒት ፈንቅል

ገለ ካብቶም ካብ ኣሶሳ ተመሊሶም ኣብ ገልጠም ኣብ ተዛማዲ ዕረፍቲ ዝነበሩ ኣባላት ክፍለ-ሰራዊት 70፡ "ደጊምሲ ናይዚ መሬት ሰለስተ ሃገራት ማለት ኤርትራ፡ ሱዳን፡ (ሰሜንን ደቡብን) ኢትዮጵያ ሰንጢቕና ዝፈጸምናዮ ውግእን ሃልክን፡ ኣብዚ ሩባ'ዚ (ገልጠም) እንተወሓደ ክልተ ሰሙን ንሕጸን ግዲ ንኸውን" በሉ። ሚኪኤል ስዩም ዝብሉዎ ሓደ ካብ መራሕቲ ጋንታ ናይ ብርጌድ 71፡ ኣብ ኣሶሳ ካብ ዝረኸቦ ባኮታት ሽጋራ ሓንቲ ምዝዝ ኣቢሉ ክርቢት ሸጥ ኣቢሉ ብምውላዕ ትኪ ናብ ውሽጢ ሳንቡኡ እናመጠጠ፡ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ክረኽቡ ባህጉ ገለጸ። ሓደ ካብቶም ኣብ ባይታ ኣንጺፎም ምስኡ ብሓባር ደቂሶም ዝነበሩ፡ ንሱ'ውን ምስ ባህጊ ወዲ ስዩም ከም ዝሰማማዕ ንምግላጽ፡ "ንሕምቶዶ ሕቶ፡ ደሓር ከኣ ከምቲ ብተበተብ ዝመጻእናዮን ዝነበረና ስክፍታን፡ ኣብዚ ግንባር ዝኾነ ዝተፈጥረ ወተሃደራዊ ምቅይያራት የልቦን። ብውሑዱ ባህሊ'ኳ የርእዩናን የሳዕስዑናን ይኾኑ" በለ።

ኩሎም ዝፈልጡዎ ወናም ሳዕሳዓይ እዩ። ይኹን'ምበር ኣይ ከም ባህጎምን። እተን ዝጸንሑወን ክልተ ሰለስተ መዓልታት ንስርሒት ወለጋ (ኣሶሳ) ኣብ ምግምጋም ብኣኼባታት ሓለፋ። ኣብ ዝቕጸለ መዓልታት እውን "ኣኼባ መራሕቲ ጋንታ ክግበር ስለዝኾነ፡ መራሕቲ ጋንታታት ካብ ቦታኹም ከይትንቀሳቐሱ" እትብል ሓበሬታ ካብ ሓለፍቲ ሓይሊ ተመሓላለፈት። ነዚ ሓበሬታ'ዚ ከሕልፉ ዝተደረኹሉ ምኽንያት፡ እቶም ካብ ድፋዕ ዝወረዱ ተጋደልቲ፡ ንዕላልን ምብጻሕን ናብቶም ብዙሕ ግዜ ዘይረኽብዎም ናይ ክፍልታት ክፍለ ሰራዊት (ሕክምና፡ ባህሊ፡ ኤምዳድ፡ ቤት ጽሕፈት ብርጌድን ክፍለሰራዊትን) ከምዝንቀሳቐሱ ርዱእን ልሙድን ብምንባሩ፡ ናብዞም ዝተጠቕሱ ምስ ከዱ ተብተብ ዘብል ጉዳይ እንተተረኺቡ ከይስእንዎም ብምስጋእ እዩ። እዚ ትእዛዝ እዚ ንባዕሉ "እንታይ ደኣ ኾን ሃልዩ እዩ" ዝብል ስክፍታ ክፈጥር

ግድን ኮነ። ምኽንያቱ ገምጋም ናይቲ ውግእ፡ ኣብ ገልጠም ዝኣተዉሉ ካልኣይ መዓልቲ ተገይሩ፡ ዝንቀፍ ተነቒፉ፡ ዝምጎስ ድማ ተመጒሱ ምዕራፍ ተዓጽዩ እዩ። እቲ ኮይኑ እቲ፡ መራሕቲ ጋንታ ሓሳባቶም ምስ ነብሶም ገይሮም፡ ነታ ሰዓት ተጸበዩዋ። ኣብታ ዝተጸውዑላ ሰዓት ኣብ ትሕቲ ነፍሲ ወከፍ መራሕ ሓይሊ ተኣከቡ። እቲ ኣብ ጽንኩር ይኹን ርሁው እዋን ዘይጎድል ምስጉን ነብሲ ዝተዓደለ ሓጺርን ዶጭዳጭን፡ ሓደ ካብ ምኩራት መራሕቲ ሓይሊ፡ ርስቶም ወዲ ቀሺ፡ "ከመይ ውዒልና" ምስ በለ፡ "ግርም" ዝብል ሓጺርን ልሙድን መልሲ ተጋዳላይ ተዋህበ። ዘርባኡ ብምቕጻል "ከም ናይ ቅድሚ ሕጂ ሎሚ'ውን ጉዕዞ ክህልወና'ዩ። ናበይ ገጽናዩ ዝፈለጥናዮ የለን። ሓንቲ ዘረጋገጽናያ እንተላ ዝኾነ ዘጋግም ጋዕገልጠም ንብረት፡ ዝኾነ ንጉዕዞ ዝጽግም ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎ/ዘለዋ ድኹም ሰብ ክንማላእ ከምዘይብልና'ዩ" ኢሉ ካብ ገጻት ኣባላቱ ግብረ መልሲ ከንብብ ዝደለየ ክመስል ብኣዒንቱ ኣዚሩ ረኣዮም። ድምጹ ብምብራኽ ድማ፡ "እንብገሰሉ ሰዓት ስለ ዘይፍለጥ ድማ፡ ነፍሲ ወከፍ ሓላፊ ኣባላቱ ጠርኒፉ፡ ኣብ ተዳሎ ይጽናሕ" ድሕሪ ምባል ከኣ፡ ከምቲ ልሙድ መዕጸዊ ዘረባ "ኣብ ስራሕን ዓወትን የራኽበና" ዝብል ቃላት ተዛሪቡ ብድድ ኢሉ ተበገሰ። ካብታ ዘረባ'ቲኣ ጀሚሮም፡ መራሕቲ ጋንታ ነቲ ዝተባህለ ንምትግባር ቀልቦምን ሃሞምን ምስ ጋንታታቶም ኮነ።

ሰዓት ክልተ ድሕሪ ቀትሪ፡ መራሕቲ በጠሎኒ ምስ ምልክታቶምን ምሉእ ዕጥቆም ዓጢቖምን፡ ቅድሚ'ተን ጋንታታት ብዝነበረ መገዲ ሓለፉ። ድሕሪ ዚኣቶም ምብጋስ ምኽኑ ርዱእ ስለዝነበረ፡ ኩሉ ተጋዳላይ ዕጠቕ-ተዳሎ ከይተባህለ፡ ዕጥቁ ዓጢቑ ብምሉእ ልቢ ንጉዕዞ ቅሩብ ኮነ። ከም ወዮ ዝሓሰብዎ "ኩልኻ ተሰራዕ" እትብል ቃል ከመ ቅጽበት ተቓልሐት። መሳርዕ ሰመራ። ዝሰለጠን ጋንታን ሓይልን ድማ ነቲ ጉዕዞ ጀመረኦ። እቲ ጉዕዞ ናብ ኣፍዓበት ገጹ ንሓውሲ ደቡባዊ ምዕራብ ኮነ። ተጋደልቲ ናይዘን ሓይልታት ከም ናይ ቀደም "ናበይ ደኣልና ወይ ናበይ ኮን ንኸውን!" ዝብል ባዕላዊ ትንታነ ከልዕሉ ኣይመረጹን። ምኽንያቱ፡ ካብ ሕሉፍ ተመኩሮኦም እቲ ዘልዕልዎ ትንታነታትን ግምታትን ናብ ዝጭበጥ ትሕዝቶ ክወስዶም ስለ ዘይከኣለዩ። ናይታ ብጸይቲ ናብ ኣሶሳ እናኸዱ ባርካ ምስ በጽሑ ". . . ኣቦኹም ኣብ ዘደቀሱና" እትብል ዘረባ ድማ ትዝ በለቶም። ብዙሓት ካብዞም ተጋደልቲ፡ ካብ ውዑይ ኲናት ምዕራብ ኢትዮጵያ ዝመጽኡን ገልጠም ካብ ዝኣትዉ ሳልስቲ ዘየዕረፉን ምስ ምንባሮም፡ ናብ ኲናት ዘይኮነ፡ ከም ልሙድ ስርሖም ድፋዕ ንምሓዝ ዝተበገሱ ኮይኑ ተረድኦም። እንተኾነ ናይ እግሪ ጉዕዞ ብምንውሑ፡ እቲ ዝኸድዎ ዝነበሩ ንዕቱብን ፍሉይን ስራሕ ምኺኑ ግምታት ኣሕደሩ። ጉዕዞ ምስ ተጀመረ፡ ሩባ ይውድኡ ሩባ ይትካእ፡ ሽንጭሮ ይውድኡ ሽንጭሮ ይትካእ፡ ኣብ ቅድሚኦም ዘማዕደውዎ ጻሕ ዝበለ መገዲ ስትይ የብልዎ'ሞ' ካልእ ማዕረኡ ኩድም ኢሉ

ይጸንሖም። ድኻም ጀማመሮም። ገለ መሳርዕ ክቑረጻን ዳሕረዎት ዘብዘብ በዚሕዎም ንቐዳሞት "ህድእ በሉ ሓልዉና" ዝብል ዘረባን ትእዛዝን ክመሓላልፉሎም ጀመሩ።

እቲ ሓንሳብ ብግመ ክዕጾ፡ ሓንሳብ ድማ ብትርር ዝበለ ጸሓይ ክዝበጥ ዝወዓለ መሬት፡ ዓንጺ ዓንጾ ንማዕጾ ከምዝብልዎ፡ ናብዞም ተጋደልቲ ሃፍኡ እናሰደደ፡ ካብቲ ሃፈጽታኡ ዕማኾ ሃፈጽታ የማቕሎምን ይልብልቦምን ነበረ። ከም ሳዕቤኑ ረሃጽ ካብ ኩሉ ክፋላት ኣካላት ከም ፈልፋሊ ዒላ ክነትዕ ጀመረ። ዝፈሰሰ ረሃጽ ክትካእ ባህርያዊ ሕጊ ስለዝኾነ፡ ጽምኢ ማይ ኣገዳሲ ሕቶ ኮይኑ ጎረሮ ቃዕ በለ። ከምዝፍለጥ ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ ዝተሓንገጣ ብራሾ ማይ ኣላቶ። ንሳ'ውን በቲ ናብ ሾልቂ ዝተቐየረ ኣከባቢ ንዝስተ ዘይኮነ ንሻሂ ዝተዳለወት መሰለት። ንኣ እውን ትኹን ንምስታያ ፍቓድ ካብ ሓለፍቲ ግድን'ዩ ክሕተት። ኣብ ዝጥዕም እዋን 'ማይ ስተዩ'ዩ ዝብሃል' እምበር 'ማይ ክንሰቲ'ዶ' ኢልካ ድማ ኣይሕተትን'ዩ። ምኽንያቱ እቶም ማይ ምስታይ ዘፍቅዱ፡ ኣብ ኩሉ ሓሳረ መከራ ምሳኻ ስለዘለዉ፡ ጽምኡ ድኻሙ ምስኦም'ውን ኣሎ። ከምቲ ንሳቶም ንነብሶም ከም ነብስኻ ዝርእዩዋ፡ ንስኻ'ውን ነብስኻ ከም ነብሶም ርኢኻ፡ ንኣታቶም ኢኻ ትመስል። ስለዚ ነታ ንስለ ዕላማ "ምጽማም" እትብል ሓረግ ተጋዳላይ ትቕነታ። ጽምኢ'ውን ረብሪቡ ከምዝሓድግ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ተመኩሩሉ'ዩ። ተሓሰመ ሓሰመ ብወቕዒ ጸሓይ (ኮልፖ ዲሶሎ) ይወድቕ'ሞ ብኩሉ ወገን ፍሉይ ክንክን ይግበረሉ። ናብዚ ደረጃ'ዚ ዝበጽሕ ተጋዳላይ ግን ኣዝዩ ውሑድዩ።

ድሕሪ ናይ ኣርባዕተ ሰዓታት ጉዕዞ፡ ምድሪ ዓይኒ ሕዝ ከብል ናብ ሃበሮ ተጸጊዖም ብእምባሃራ ገይሮም ኣፍዓበት ቅድሚ ምብጻሖም፡ መገዲ ክልተ ሰለስተ ሰዓታት ምስ ተረፎም፡ ገበገብ ኣብ ዝተባህለ ቦታ፡ "እታ ኣብ ግዜ ድኻም ካብ ኩሉ ንላዕሊ እትበሃግ "ኣብሩኽ" እትብል ቃል ተመሓላለፈት። እዛ ቃል ካብ ኩሉ ድምጽታት ናይ ኣዕዋፍ በሪኻ እትስማዕ ጥዕምቲ ቃለ ሙዚቃ እያ። ድሕሪ'ዚ "ተመስገን- ማሽ-ኣላህ" ዝብላ ቃላት ካብ ኩሎም ተጐዓዝቲ ተደራሪበን ተሰምዓ።

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ትረኻ'ዚ፡ እቶም ኣብ ስርሒት ኣሶሳ ተሳቲፎም ዝተመልሱ ተጋደልቲ፡ ካብ ገልጠም ተበጊሶም፡ ድሕሪ ናይ ኣርባዕተ ሰዓታት ጉዕዞ፡ ምድሪ ዓይኒ ሕዝ ከብል ናብ ሃበሮ ተጸጊዖም ብእምባሃራ ገይሮም ኣፍዓበት ንምብጻሕ መገዲ ክልተ ሰለስተ ሰዓታት ምስ ተረፎም፡ ገበገብ ኣብ ዝተባህለ ቦታ፡ ከምዘዕረፉ ገሊጽና ነይርና። ኣብ ውሽጢ'ቲ ናብ ጎቦታት ዝቕርቀር ስንጭሮ ድማ፡ ጋንታታት በቦታአን ተዋህባ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ "ኣብ ብራሾኡ ዘሎ ማይ ይስተ" ዝብል ትእዛዝ ተመሓላለፈ። ማዕረቲ ዝጸንሐ ክቱር

ጽምኢ፡ ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ ነታ ብራሽ ሓንሳብ ናብ ጎረሮኡ ምስ ተኾላ ክሳብ ትጽንቀቕ ዝገድፋ ኮይኑ ኣይስምዓካን። እንተኾነ ካብ ተመኩሮኡ፡ ከምዚ ዓይነት ኣሰታትያ ናቱ ናይ ጥዕና ሳዕቤናት ከምዘለዎ ስለዝፈልጥ፡ ፈለማ ነቲ ኣብ ኣፉን ጎረሮኡን ዝጸንሐ ናይ ረሃጽን ደሮናን ግናይ ምናይ ንምጽራግ ሓንሳብ ወይ ክልተ ሳብ ጎጻጉጹ ቡጭ ድሕሪ ምባል ተዛንዩ ክሰቲ ጀመረ። መራሕቲ ጋንታት የማነ ጸጋም እናተንቀሳቐሱ ንመራሕቲ መስርዕ፡ “መዳቕሶኹም ኣብዚ'ዩ፡ ድራርኩም ገባብሩ፡ ዋርድያታት ስርዑ” ዝብል ትእዛዛት ሃቡ። ኣብቲ ብተመን ዕንቅርቢት ዝተፈልጠ ኣጻምእ ቦታታት፡ ኣብ ከባቢየይ ተመን ወይ ካልእ ለመምታ ክጸንሓኒ'ዩ ኢሉ ዝሓስብ ሰብ ኣይነበረን። ንነዊሕ እዋን ብሓደ ካብ ምንባር ዝነቐለ፡ ነዞም ፍጡራት እዚኣቶም ከም መሰረታውያን ተጻባእቲ ሓሲበምዎም ኣይፈልጡን። እቶም ለመምታ'ውን ተጻባእነቶም ኣይከም ብዝሖምን። “ኩልና ውጹዓት ስለዝኾንና ተሓባቢርና ብሓደ ንነብር” ኣብ ዝብል ሓሳብ ዝተሰማምዑ መሰሉ። ስለዚ ኩሉ ተጋዳላይ ዕጥቁ ፈቲሑ ናብ ፍጹም ምዝናይን ኣመት ከርስኻ ምግባርን ሸፈትፈትን ኣተወ።

እቲ ስንጭሮ ኣብ ኣብራኾም ብዘተንፍሱ ጫሕ-ጫሕ ዝብሉ ብርክት ዝበሉ ሓይልታት ተመሊኡ ክነሱ፡ ተደሪሮም ዋርድያ ኣውጺኦም ምስ ደቀሱ፡ ከም ቀደሙ ንበይኑ ዘሎ ክሳብ ዝመስል ጸጥ በለ። ተጋዳላይ ኣይኮነንዶ ኣብ ዓስኪሩሉ ዘይፈልጥ ሓድሽ ቦታ፡ ኣብ ዝዓረደሉን ከም ኣጻብዕቲ ኢዱ ኣብ ዝፈልጦን ቦታ'ውን እንተኾነ፡ ለይቲ ተንሲእካ ከባቢኻ ምቁማትን ከም ማይ ምግብና ዝኣመስሉ ጉዳያት ምስላጥን፡ ልሙዳት ዕማማቱ ብምንባሮም፡ ድቃስ ይጽገብ ኣይጽገብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ነዚ ዕማም'ዚ ክዓምም ነበር። ማይ ዘምጽእ ማይ ንምምጻእ፡ ነቲ ቦታ ብዝፈልጡ ኣባላት ተመሪሑ ጀሪካን ኣንጠልጢሉ ተንቀሳቐሰ። ዋርድያ ዝወጽእ ድማ ናብ ኩሉ መኣዝን የዐዝብ'ዩ ኣብ ዝተባህለ ዝበረኸ ቦታ ደይቡ ሓለዋ ቀጸለ፡ ዝተረፈ ድማ ድኻሙ ንምውጻእ ካብ ጸሓይ ተኸዊሉ ዝድቅሰሉ ቦታ ኣብ ምጥጣሕ ምድሪ እናጻሕተረ፡ ኣሻኹን ፈንጨጋሩን ኣብ ምእላይ ይነጥፍ ነበረ። ብዘይ ፍቓድ ሓለፍቲ ዝኾነ ምቅስቓስ ከምዘይህሉ ሓበሬታ ተዋሂብዎም ብምንባሩ፡ እዚ ሓበሬታ እዚ ድማ ኣብ ውሽጡ ዝሓቖፎ ወተሃደራዊ ምስጢር ስለዘለዎ፡ ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ ንምንቅስቓሱ ብገዛእ ርእሱ ተቖጻጸሮን ገትኦን። ከም ማሕስእ ዝወሓጠ ገበል ድማ ኣብታ ዘለኻያ ሕስይስይ ምባል ኮነ። እዚ ይኹን'ምበር ክቱር ድኻም ስለዝነበሮም፡ ድቃስ ልዕሊ መግቢ ቦታ ረኸበ። መጋቦ ምሳሕ ኢሎም ኣብ ዝንቕንቕዎም ግዜ፡ ምዕዝማዝም ዘይተርፍ ኮነ። እንተኾነ ነታ ኣብ ድፋዓት ሰሜናዊ ሳሕል እንከለዉ “ንወዲ ዓከርን ጸላእን ኣይተናሕሲ” እትብል ኣብ ሓንቲ ዓባይ ከውሒ ዝወቐሩዋ ጥቅሲ ብምዝካር፡ ግድን ክምገቡ ነይሩዎም። ህላወ ብዝሒ ሰብ፡ ምስ ምንቅስቓስን ወጃዕጃዕን'ዩ ዝነጸርን ትርጉም ዝህልዎን። እቲ ኩነታት ናበይ'ዩ

ኣንፈቱ፣ ንምታይ ዕላማ'ዩ፣ ዘይፍለጥ ብምንባሩ ጥራይ ዘይኮነ "ምንቅስቓስ ዝበሃል የለን" ዝብል ወተሃደራዊ መምርሒ ተወሲኹዎ፡ ርዝነት ናይቲ ቦታ ማዕረ ርዝነት መቓብር ከበደ። ከም ውጽኢት ናይቲ ንነዊሕ ሰዓታት ዝተጓዕዝዎ፡ ብዝተዋህለለ ረሃጽን ርስሓትን፡ ውሽጣዊ መንፈስን ግዳማዊ ቆርበትን ምውህሃድ ሰኣኑ። ሓደ ካብኣቶም፡ ነተን ሰለስተ መዓልታት ኣብ ዝዛሪ ማይ ሩባ ገልጠም ዝወዓሉለን ናይ ጨብረቕረቕ መዓልታት ዘኪሩ፡ "ኦየ እዛ ዓለም እዚኣ፡ ሓንሳብ ኣብ ገነት፡ ሓንሳብ ኣብ ገሃነም ተንብረካ፡ በሉስ'ከ ነዚ ምስቲ ዝነበርናዮ'ሞ ኣዛምዱዎ" ኢሉ፡ ንዝተረፈ ዘረባ፡ ብናይ ምግራም ፋጻ መልአ። ካልእ ተጋዳላይ ከኣ ትቕብል ኣቢሉ፡ "ናትና ናይዞም ደቂ ተባዕትዮ ዝደለ ምኾነ፡ ናይዘን ብጾትና ደቀንስትዮ እዩ ዘተሓሳስበኒ፡ ኣንታ ናታተን ገድልስ ንበይኑ እዩ" በለ።

ነጸላኡ ተጎልቢቡ፡ ኣብ ውሽጢ ነጻላኡ ኮይኑ ድማ፡ እዘን ደቀንስትዮ ንድርብ ጭቆና ክቃለሳ ዝሓልፈኦ መስገደላት ቅጅል ኢሉ ተራእዮ። በይኑ ከኣ ከስተንትን ጀመረ። እተን ጽግያት ዝጀማመረን ደቀንስትዮ፡ ነብሰን ክሕጸባ እቲ ግዜን ኩነታትን ዘይጥዕም ብምንባሩ፡ ካብ ክልተ ብራሾ ዘይበዝሕ ማይ ሒዘን ኣብ ከውሊ ኮይነን፡ ብምክዋን ጸገማተን ብግዝያውነት ክፈትሓ ጀመራ። ጸሓይ ዑደታ ፈጺማ እናተኣልየት እንከላ፡ እቶም ተጋደልትን እቲ ቦታን ግን ኣብ ዘለውዎ ካልኣይ መዓልቲ ሓለፈ። ኣብ ካልኣይ መዓልቲ፡ ሰዓት ሸሞንተ ናይ ምሸት ገለን ተጎምብዮም ንድቃስ ክመጣጠሩ ገለን ከኣ ስርሒት ምዕራብ ኢትዮጵያ ኣልዒሎም እናተጨራረቑ "ተንስእ ተዳሎ" ዝብል ሓድሽ ትእዛዝ ተመሓላለፈ። መስርዕ ኣብ ትሕቲ መራሕ መስርዕ፡ ጋንታ ኣብ ትሕቲ መራሕ ጋንታ ከምኡ እናበላ በጦሎኒታት ተሰርዓ። ኣንፈት ጉዕዞ ድማ ናብ ሰሜናዊ ባሕሪ ኮነ። ከባቢ ዓ'ን ምስ በጽሑ ኣብኡ ወዓሉን ሓደሩን። ካብኡ ተበጊሶም ድማ ከባቢ ማይ ኡለ በጽሑ። እዚ ቦታ'ዚ ካብ ቀንዲ ድፋዓት ኣስታት ኣርባዕተ ሰዓታት ኣቢሉ ዝኸውን እዩ ነይሩ። እዋኑ ክራማት ባሕሪ ብምንባሩ ምስ ህጥራን ክራማትን ካብ ከበሳ ኣብ ግዜ ክራማት ውሒዙ ኣብቲ ከባቢ ዝተሰትየ ማይን ተደማሚሩ፡ መሻሉ ክሳብ ንታንከታት ከውሕጥ ዝኽእል ብራኸን ጻዕቅን ነበሮ። እዞም ተጋደልቲ ክፍለሰራዊት 70፡ ኣብዚ ቦታ'ዚ ተሓቢኦም ወይ ተኸዊሎም ወዓሉ። ልዕሊ ኩሉ ግመ ብምንባሩ፡ ብናይ ርሑቕ ጠመተ ከይንርአ ዝብል ስግኣት ወይ ስክፍታ ኣይነበረን። ኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 70 ተጋዳላይ ፍሊጶስ ወልደዮሃንስ (ጀነራል) ካብ መራሒ ሓይሊ ንላዕሊ ንዝነበሩ ሓለፍቲ ኣኪቡ፡ ናብዚ ቦታ'ዚ መምጽኢኦምብ ቅድሚኦም ዓሪዱ ዝነበረ ሰራዊት ጻላኢ ደምሲሲካ፡ ባጽዕ ሓንሳብን ንሓዋሩን ሓራ ምግባር ምዃኑ ድሕሪ ምሕባር፡ ከምቲ ኣብ ምድረ ኢትዮጵያ (ወለጋ- ኣሶሳ) ዝተራእየ ቅልጣፈ፡ ውህደት፡ ኣድማዕነትን ጽንዓትን፡ ኣብዚ'ውን ክድገም ከምዘለዎ ብምዝኽኻር፡ እቲ ኣብኡ

ዝተጠርየ ተመኩሮ ንዝያዳ ምብልሓት ክሕግዝ ከም ዝኸእል ገለጸሎም። ካብዚ ንደሓር ነፍሲ ወከፍ ኣዛዚ ብርጌድ ኣብ ብርጌዱ ንዝርከቡ ሓለፍትን ተራን ብሓባር ክነግሮም መምርሒ ሂቡ ብ “ዓወት ንሓፋሽ”! ተፋነዎም። ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ (ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ) ኣብቲ ቦታ ከም ዝተራእየን ንኣዘዝቲ ክፍላተሰራዊት ኣኼባ ገይሩሎም ዝብል ጥሉል ወረ ካብ ሓደ ናብ ካልእ ምስ ተመሓላለፈ “ዎው! ባዕሉ ብቐንዱ እንተመጺኡ ደኣ ምድረ ሰማይ ሓዲኣ'ላ” ዝብል ግብረ መልሲ እናተቓልሐ ከደ'ሞ፡ ተጋዳላይ ንነብሱ ንዝዓበየ ስርሒት ከም እትውጠር ገበረ። ካብ መራሕቲ ጋንታ ንታሕቲ ዘበሉ፡ ኣብዚ ቦታ'ዚ ምስ በጽሑ፡ ኣብ ቅድሚኦም ንሰምሃር (ባጽዕ) ዘቋምት ቀዋሚ ድፋዕ ብምጽንሑ፡ ግምታት ናይ ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ ዳርጋ ናብ ዝጭበጥ ምስሊ ክኸይድ ግድን ነበረ። ኩሉ ኣባል ክፍለሰራዊት 70 ድማ ብመሰረት መምርሒ በብብርጌዱ ተኣከበ። ብርጌድ 71 ድማ፡ ብኣዛዚ ብርጌድ ስዉእ ብጻይ ዳኒኤል ኣብርሃ (ጨዓይ) ተኣከበት። ጨዓይ ኣብ ቅድሚ'ቶም ሓድሽ ሓበሬታ ብሃንቀውታ ዝጽበዩ፡ ምሉእ ብምሉእ ሮማዕ ኢሎም ብኣንኩሮ ዝጽበይዎ ዝነበሩ ተጋደልቲ ቆመ። እቲ ነዊሕ ቁመቱ መሊሱ ቆመተ። በቲ ኮርታዕ መልሓሱ “ሰላማት ብጾት” ክብል ኣፉ ከፈተ።፡

« ወርቂ” ዝብል ሓባራዊ መልሲ ተዋህቦ። ንኸሓስብ ይኹን ነቲ ዘረባ በየን ክጅምሮ ዝብል ሓሳብ ግዲ ዓኒትዎ ኮይኑ፡ ንገለ ካልኢት (ሰከንድስ) ስቕ ድሕሪ ምባል፡ “እሕሕ” ዝብል መጀመሪ ቃል ኣቐደመ። ቀጺሉ “ናብዚ መምጽኢና ኣይትስሕትዎን ትኾኑ። ክፍለሰራዊትና ክፍለ-ሰራዊት 70 ብፍይ ብርጌድና 71፡ ነዚ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ዓምባኹ ሰራዊት መግዛእቲ ደምሲስና ሕነ ናይቶም ኣብ 1977 ኣብ ሳሊና ማይ ጨው ውሒጥዎም እንከሎ እናተዋግኡ ኢዶም ንዘይምሃብ ክሳብ መወዳእታ ዝተረጋረጉን ዝተሰውኡን ብጾትና ፈዲና ንሰምሃር (ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ) ሓንሳብን ንሓዋሩን ሓራ ክንገብራ ኢና መጺእና ዘለና” ኢሉ ዘረባኡ ክቕጽል እናበለ፡ ገለን ብስምዒት ብድድ ዝብል፡ ገለን ከኣ ንየማነ ጸጋም ፍሕትሕት ዝብል ገለ ከኣ ብረቱ ንላዕሊ ዊጥ ኣቢሉ “ዓሽ ያኣሽ! ማይ ሁመክ ስኽፍ ኣይበልካ - ከነተግብሮ ኢና” ዝብል ነጎድጓዳዊ ድምጺ ዓገቶ ነቲ ስምዒት ንምትህድዳእን ኣቓልቦ ንኺህብዎን፡ ብኢዱ ጠቓዕ-ጠቓዕ ድሕሪ ምባል፡ “ቀንዲ ዕላማ መጥቃዕትና ነተን ኣብዚ ግንባር ዓሪደን ዘለዋ ብርጌዳት ጸላኢ ደምሲስካ፡ ንመስመር ኣስመራ ባጽዕ ቆሪጽካ፡ ንወደባዊት ባጽዕ ሓራ ምግባር'ዩ። እቲ ነጥቅዓሉ ቦታ ኅላጉል ዝበዝሖን ጸብለልታ ነፈርቲ ውግእ ክረኣየሉ ትጽቢት ዝግበርን ምኻኑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጸላኢ ኣብ ናይ ምውጋእ ብቕዓቱን ወኒን ሰራዊት ምትእምማን ስለዘጥፍአ ሓይሉ ኣብ መካናይዝድ ዘድሃበ'ዩ። ንኣብነት ካብ ጋሕተላይ ክሳብ ወደባዊት ባጽዕ ሓደ ኣጋር ክፍለ ሰራዊትን መካናይዝድ ኣሃዱን ልዕሊ ሚእቲ ዝኾና ታንክታትን ሞተራይዝድን

ዝዓጠቓ ብርጌዳት 27- 29-4 ኣሰሊፉ'ዩ ዓጽዩዎ ዘሎ። ኩሉ'ቲ ብረድኤት ዝወሃብ ሓገዛት ናብ ኣጽዋር እናቐየረ ኣብ ጸሊም ኣፍሪቃ ክንድ'ዚ ታንክታትን ከቢድ ብረትን ዝዓጠቐ ሰራዊት ስርዓት ደርግ ጥራይ እዩ" ኢሉ ዝግ ድሕሪ ምባል፡ "ካብ ሕሉፍ ተመኩሮና ናይ 1977 ብቐንዱ ድማ ካብ ውግእ ምዕራብ ኢትዮጵያ ተበጊስና፡ እዚ ንዓና ጽቡቕ ኣጋጣሚ ንምድምሳስ ጸላእን ምስላብ ንብረትን ምጉልባት ሓይልናን እዩ" ምስ በለ ጣቕዒትን ፋጻን ዓመረ። ቀጺሉ ጨዓይ "ኣብዚ ግጥም'ዚ ተራ ናይ መካናይዝድ ኣሃዱታትና ክዓዝዝን ታንኪ ብታንኪ ግጥም ክህሉን ትጽቢት ዝግበረሉ እዩ።

እንተኾነ ታንኪ ብዘይ ምትሕብባርን ህላወን ኣጋር ሰራዊት ትርጉም ክህልዋ ስለዘይክእል፡ ናትና ናይ ኣጋር ሰራዊት ሓሞትን ቅልጣፈን ተወፋይነትን ምስ መካናይዝድ ምውህህሃድን ወሳኒ ግደ ከምዘለዎ ክጠቕሰልኩም እፈቱ። ልዕሊ ኩሉ ንሕና ኬድና እነጥቅዖ ምድረ በዳ ዝበዝሖን ነዊሕ ሰዓታት ተጓዒዝካን ዝትግበር ምሒር ምጽማም ዝሓትት ብምዃኑ፡ ሕሉፍ ተመኩሮ ጉዕዞ በረኻታት ኣሶሳን ካልእን ትርጉም ክህልዎ ትጽቢተይ'ዩ" ብምባል ዘረባኡ ምስ ዛዘመ፡ ኩሎም ብስምዒት ብድድ ብምባል ንሓድሕዶም ክተሓቛቖፉን ክሰዓዓሙን ሕሉፍ ዝኸሪ ናይ 1977 ዘኪሮም ክደፋነቑን ተራእዩ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ህዝቢ ኤርትራ ንነዊሕ እዋን ብመግዛእቲ ምስቓዩ፡ ንተጋዳላይ የስተንትኖን ኣስናኑ የሐርቅሞን'ዩ ነይሩ። እቲ ብኾርታዕ መልሓስ ናይ ኣዛዚ ብርጌድ 71 ተጋዳላይ ዳኒኤል (ጨዓይ) ዝተዋህበ ቁም ነገር ሓዘል መግለጺ ድማ፡ ነቲ ተጋዳላይ ምስ ህዝቡ ንምትሕቑቓፍ ዝነበሮ ሃረታ ዝምልስ፡ ዕምሪ መግዛእቲ ድማ ዘሕጽርን ብምዃኑ ድሕሪ'ቲ መግለጺ ተጋዳላይ ነናሻዕ እናደጋገመ ንሓድሕዱ ይሰዓዓምን ይደፋነቕን ነበረ። ብፍላይ ደቂ ባጽዕን ከባቢኡን ፍሉይ ሓለፋ ከም ዝተገብረሎምን ንእኦም ጥራይ ከም ዝብጸሖምን ዝወሰዱዎ ክመስሉ "ዓሽ ማሳዊኖ" ብምባል ብባህታ ክፍንጭሑ ደለዩ። ድሕሪ'ዚ ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ ሽሕ'ኳ ብቐደሙ ዕጥቁ ካብ ፈለማ ጽፉፍን ድሉውን እንተነበረ፡ ኣብ ግዜ ስራሕ (ውግእ) ዝኾነ ዝጽግም ነገር ከይህሉ ናብ ምድቃቕ ብምእታው፡ ገለ ዕጥቁ ዓጢቑ ዘብዘብ ይብል'ሞ ገለ ንኣሽቶ ባህ ዘይተብል ስምዒት እንተተሰሚዓቶ፡ ንኣ ብኣጋ ከመዓራርያ ይፍትን ነበረ። ገለ ከኣ ቦምባታቱ ኣውጺኡ እማናታቱ ይፍትሽ ነበረ። ካልኦት ድማ ሽዳኦም (ኮንጎ) ኣውጺኦም ትንኣስ ትዕበ ቀዳድ፡ ሓጺን ኣብ ጓህሪ ኣርሲኖም ብመን ቀደመ ይለጋግቡ። ገሊኦም ብራሾኦም ለቕሊቖም ማይ ክሳብ ዓንቀራ ይመልኡዋ። ነታ ፈውሲ ቁሪ፡ እንተ ተውጊእካ መጀነኒት፡ እንተተሰዊእካ ድማ መግነዚት ዝኾነት ነጸላ፡ ነፍሲ ወከፍ ምስ ካልኣዩ ኮይኑ ክጠውያን ከስጥማን ህርድግ ይብል ነበረ። ገለ ድማ ኣብ ግዜ ውግእ ርእሲ ብማዕዶ ተራኣዩት (ተኸሻፊት)

ብምኳና፡ ነታ ካብ ብላይ ሚላኖ ሸቓቚጡ ዝሰፈያ ቆቢዕ፡ ድልውነታ ንምርግጋጽ ኣብ ርእሱ ይገብራ።

ኣብ መወዳእታ ድማ ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ፡ እታ መድሕንን ፈዳይት ሕነን ዝኾነት ብረቱ፡ ዓይነታ ብዘየገድስ ብዝግባእ ጽሬት ክከናኸንን ካብኡ ሓሊፉ ድማ ዘድልያ ከም ዘይትን ካልእን ጥረ ነገራት ከማልኣላ ሽፈትፈት በለ። ክሳብ ተኹሲ ዝጅመር፡ ሓለፍቲ ኣባላቶም ብደቒቕ ናይ ምቁጽጻር ሓላፍነት ኣብ ዝባኖም እዩ። ክፍለ-ሰራዊት 70፡ ጸላኢ ኣብ ድፋዕ ኣሎ እናበሎ ብሰላሕታ ናብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ተወርዊሩ፡ መጥቃዕቲ ፈጺሙ ተሰዊሩ ከብቅዕ፡ ሕጂ'ውን ጸላኢ ኣብ ኣሶሳን ከባቢኡን'ዩ ዘሎ እናበሎ፡ ለይትን መዓልትን ብዘይዕረፍቲ'ዩ ናብዚ ቦታ'ዚ ጠበቕ ኢሉ ዘሎ። ስለዚ ብዝኾነ ምኽንያት እቲ ዓቢ ስርሒት ከይፈሽል፡ ብስቱር ኣገባብ ንሓድሕድካ ምቁማት ግድነታዊ ዕማም ወተሃደራዊ ስርሒት እዩ ነይሩ። ሽዕብ ካብቲ ምስ ጸላኢ ፊት ንፊት ተፋጢጡ ኣብ ድፋዕ ዝነበረ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ፍንትት ኢላ ብቛንቋ ተጋደልቲ ደጀን እያ ነይራ። ኩላተን ትካላት ስለያ ህዝባዊ ግንባር ማለት ስለያ ውድብ፡ ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 85፡ ሃንደሳ ውድብ፡ ከምኡ'ውን ድሓር ዝተጸንበረተን ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70ን ማእከላይ ቤት ጽሕፈተን ኣብ ሽዕብ እዩ ዝነበረ። እታ ንባጽዕ ንምጥቃዕ ዝተዋደደት ስትራተጂ'ውን ብቕዲ ሑጻ ኣብዛ ብወተሃደራት ገዛእቲ ናይ ግፍዒ ታሪኽ ዝሰነደት ሕርሻዊት መዲና ሽዕብ'ዩ ተሳኢሉ፡ ቀሪቡ።

ኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 70 ብጻይ ፍሊጶስ ወልደዮሃንስ (ጀነራል) ናብ ኣሶሳ ቅድሚ ምኻዱ፡ ንሓላፊ ሓይሊ ስለያ ናይቲ ክፍለሰራዊት መድሃኔ ደባስ (ገጽን ፈረቓን) ረኺቡ፡ ነታ ካብ ጉዕዞ ናብ ኣሶሳ ዝተረፈት ጋንታ ሒዙ፡ ናብ ኣፍዓበት ብምኻድ ንኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 85 ስዉእ ተጋዳላይ ገረዝግሄር (ውጬ) ረኺቡ፡ መምርሒ ስራሕ ክወስድ ሓቢሩዎ ነይሩ። ኣባላት ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 85 ኣብቲ ቦታ ንነዊሕ እዋን ስለ ዝሰርሑ (ዝተንቀሳቐሱ) ንኣቀማምጣ ቦታታትን ሰራዊት ጸላእን ከም ኣጻብዕቲ ኢዶም እዮም ዝፈልጥዎ ነይሮም። ካብ ከባቢ ሽዕብ ተበጊሶም ጽርግያ ጋሕተላይ ሰንጢቖም ቢዘን ዝሓድሩሉ እዋን ብዙሕ'ዩ ነይሩ። እታ መድሃኔ ዝሓዛ ናይ ስለያ ጋንታ፡ በቲ ዝተዋህባ መምርሒ መሰረት፡ ብእግሪ ናብ ኣውሎረይም ድሕሪ ምብጽሓ፡ ማርቾድስ ተሰቒላ ናብ ሩባ ቀልሃመት ብኡ ኣቢላ ድማ ኣፍዓበት'ያ ተደርጊማ። ኣብኡ ንሓጺር እዋን ድሕሪ ምጽናሕ ወለድሽኮርን ጋድም ሓሊብን ሰንጢቓ ኣብ ሩባ ኡለ ኣዕረፈት። ኩሎም ኣባላታ ድማ ንብረቶም ሒዞም ንኺወርዱን ካብ ክሻፋ ክጥንቀቑን ተሓበሮም። ብማዕዶ ነታ ጥንታዊትን ዕምርትን ዕዳጋ ዝነበረት ሽዕብ ተዓዘቡ'ሞ፡ ነቲ ጸላኢ ብ12 ግንቦት 1988 ዓንጺ ዓንጸ ንማዕጾ፡ ስዕረት ምስ ኣጋጠሞም ንኣስታት 400 ቆልዓ

ሰበይቲ ዝርከብዎም ንጹሃን ሰባት ብኣልማማ ብጥይትን ታንክታትን ብግፍዒ ዘህለቑሉ ኣጋጣሚ ዘከሩ'ሞ ኣስናኖም ሓርቀሙ።

ድሕሪ ናይ ሓደ መዓልቲ ዕረፍቲ፡ ሓለፍቲ ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70 ዝጽበዮም ዕማም ንምፍላጥ ናብ ብሴስ ተበገሱ። ኣብ ሓንቲ ሓጻር ህድሞ ንሓለፍቲ ስለያ ክፍለሰራዊት 85 ሃጸይን ብጾቱን ረኺብዎም። ኣባላት ክፍለ-ሰራዊት 85 ብብጻያዊ ፍቕርን ሓልዮትን ተቐቢሎም ምስ ኣስተናገድዎም ተኽለብርሃን (ሃጸይ) ማናጀን ጃናን ብዝብል ሳጓ ዝጽውዑ ኣባላት ስለያን ነዞም ሓደስቲ ኣባላት ስለያ ክፍለ ሰራዊት 70 ሒዘምዎም ናብ ሓደ መኣከቢ ቦታ ከዱ። እታ ህድሞ ብራኽ ዘይብላ ትሕቲ መሬት (ኣንደር ግራውንድ) ትኹን ደኣምበር ኩሉንተናኣ ብቐርጺ ህድሞ'ያ ተሰሪሓ። ኣብ ውሽጣ ሓንቲ ዓባይ ጣውላ ምስ ክልተ ሰድያ፡ ድሕሪ እዘን ሰድያ ድማ ዓውደ ኣዋርሕ (ካላንደር) ትርአ። ኣብታ ካላንደር ንመዘኻኸሪ መደባታ ጥራይ ትሕዝቶ ዘይብሎም ብቐለም ጸሊሞም ዝደበኑ ዕለታት ትርኢ። እዚ ህድሞ ኣብ ክንዲ ምድርቤት ብወርወርን ኣፅኑድን ዝተሰርሐ ዳስ ሃልዩዎ ወሰን ወሰኑ ሰባት ኮፍ ክብሉዎ ብመደብ ዝተነድቐ ነይሩዎ። ኣብ ማእከል ድማ ኣዒንቲ ዝስሕብ ብኣዝዩ ውሕሉል ኣገባብ ዝተዳለወ ቅዲ ሑጻ ነበረ። ኣብቲ ቅዲ ሑጻ፡ ኣብ ሓድሕዶም ዝተኣሳሰሩ ጎቦታት፡ ሰማያዊ ሕብሪ ዝተለኽዩ ንዓበይቲ ሩባታት ዘመልክቱ፡ ኣብ የማነ ጸጋም ዝተነጸሩ ዕሙራት ኣግራብ፡ ነዊሕን ካብ ዓበይቲ ጎቦታት እናተጠዋወየ ናብ ጎላጉል ዝወርድ ምስሊ ጽርግያን፡ ኣብ ጸግዐ ጸግዒ ዝተደኮነ ምስሊ መዓስከራት ጸላኢ ፍሉይ ምልክት ታንክታትን መዳፍዕን ብንጹር ተቐሚጦም ይረኣዩ ብምንባሮም ንተሳተፍቲ ዳርጋ ኣብቲ ሓቀኛ ቦታ ዘለዉ ኮይኑ'ዩ ዝስምዖም ዝነበረ። እቲ ነዚ ቅዲ ሑጻ'ዚ ዘዳለወ ኣካል፡ ቀንዲ ዘተኮረሎም ድማ ካብ ጎቦታት ናብ ጎላጉል ወሪዶም ክሳብ ወደብ ባጽዕ ዝኣትዉ ጽርግያታት እዮም ነይሮም። ተኽለብርሃን ንኹሎም ኣዒንቱ ኣዚሩ ኣቓልቦኦም ድሕሪ ምስትብሃል፡ "እቲ ሕጂ ተዋሂቡና ዘሎ ተልእኾ ካብ ጎላጉል ሰምሃር ክሳብ ባጽዕ ንዘሎ ጸላኢ፡ ነዘን ነዚ ስራሕ'ዚ ንክሰርሓ ብቐረባ ተዳልየን ዘለዋ ሰለስተ ኣሃዱታት መጽናዕተን ዘካይዳሉ ዞባታትን ስርሒታትን ብምንጻር፡ ተኣሳሲረን ብምጽናዕ ፍልጠት ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ድፋዓት ጸላኢ ከምዝህልወን ንምግባር'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ ምክትታሎም ከመይ ከምዘሎ ንምስትብሃል ንሓጺር ህሞት ዝግ በለ። ቀጺሉ "ነዚ ረዚን ተልእኾ ንምፍጻም፡ መጀመርታ ኣብ ኣገባብ ኣመራርጻ መጽናዕቲ ኣዝዩ ልዑል ብልሓት ክህልወና ይግባእ። ናብዚ መጽናዕቲ'ዚ ዝምዘዙ ኣባላትና'ውን ኣዝዮም ጥንቁቓትን ተባዓትን ውፉያትን ክኾኑ ከምዝግበኦም ብምግባር፡ ነቲ ክብጻሕን ክጽናዕን ዝግበኦ ቅርጺ መሬትን ኣተሓሓዝ ድፋዓትን ጸላኢ፡ ዓይነት ድፋዓት ብዝሕን ዓይነትን ኣጽዋር፡ ተኣፋፍን ሰንኮፍን ኣተሓሕዛ ጸላኢ፡ ምፍላጥ፡ ናይ ኩልና ተራን ሓላፍነትን

ብምኳኑ፡ ብዕቱብ ንከታተልን ንስራሕን" ብምባል ናብቲ ቅዲ ሑጻ ከተኩሩ ዓደሞም። ድሕሪ'ዚ ዘንጊ መመልከቲት ኣቕኒዑ፡ ካብ ጸጋም ናብ የማን ዘሎ ቦታታት ብኣጠቓላሊ መልክዕ ገለጸሎም። ሕቶ ወይ ኣብቲ መግለጺ ዘይበርሀ ነገር እንተሎ እውን ሓተቶም። እንተኾነ ዝሓትት ምስ ተሳእነ፡ "ድሒሩ ዝፍጠር ጌጋታት ተቐባልነት የብሉን ጥራይ ዘይኮነ ብግቡእ ዘሕትት'ዩ" ብምባል ኣጠንቀቐ።

ቀጺሉ እቲ ኣዝዩ ነዊሕን ጉልቡትን ብምኳኑ፡ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ሳሕል ብስም'ቲ ሃጸይነት ዝጽዋዕ ዓቢ እምባ ዝተሰምየ ግርማጽዮን ዮሃንስ ድማ፡ "ነዚ ክግለጽ ዝጸንሐ ኣብ መሬትን ካርታን ብግብሪ ክንርእዮ'ኳ እንተኾንና፡ ብየማናይ ግንባር ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 61፡ ካብዛ ትረኣየና ዘላ ጸባብ መልሓስ" ኢሉ ድሕሪ ምምልካት፡ "ናብዛ ኣብ ዝባን ኦልሊት ትረኣየና ዘላ ዓባይ ገረብ ሒዛ ንገማግም ሩባ ምጽብደይን ንሓምሓም መዓልድን ምስ በጽሐት፡ ንጸላኢ ብድሕሪኡ ተጠውያ፡ ናብ ዝባን ቆረት ዜሮ ሓደን ምራራን ፍሽይን ክሳድ ምሕናቕ ተወርዊራ ብዝዓሞቐ ተጽንዕ" ኢሉ ነቶም ዝምልከቶም ብኣዒንቱ "ንኣኹም'የ"ብዘስምዕ ድሕሪ ምሕባር፡ "ብምብራቓዊ ሸነኽ ድማ፡ ካብዚ ኣብ ቅድመና ኣፍልቡ ዘርጊሑ ዝረኣየና ዘሎ ጎቦ ግራት ኣቦይ ተኸለጽዮን ጀሚሩ፡ ናብዛ ናይ ኣልጋዕታ ዕውዶ ዕውዶ ትመስል ቀላጥ ወሪዳ እንዳ-ኣቡነ ተኸለ ዒራ-ዒሮ ለኪማ ክሳብ'ዛ ጸባብ እፍግርግር ተጽንዕ" ብምባል ነታ ዘንጉ ናብ ካልእ ኣመጣጠራ። ቀጺሉ "ኣብ ዝዓሞቑ ጥልቀት ናይ መጽናዕቲ ክሳብ እንኣቱ፡ ኣዶናይ ኣብ መንጎ ብዓል ጆንን ብዓል ማናጀን ኮይኑ፡ ካብዘን ኣብ ድሕሪ ጎዳጉዲ ዘለዋ ቀያሕቲ ኮራብቲ፡ ንየማን ጸጋም ዘሎ፡ ናይ ቅድሚት ኣተሓሕዛ፡ ናብዛ የማነይቲ ሸነኽ ትረኣየና ዘላ፡ ራእሳን ጎቦ፡ ሒዞም ናብታ ውጥውጥ ዝበለት ተረተር ወሪዶም፡ ክሳብ'ዛ ናብ ዒራዒሮ ተገምጊማ ትረኣየና ዘላ ጡብ ጎርዞን ናብታ ናይ ቀደም ጡሕና ህዝባዊ ግንባር ዝነበረታ መንተብለን ማራትን እትሸፍን ትኸውን" ኢሉ ካብቲ ኣብ ጥቕኡ ዝነበረ ብራሾ ናይ መን ምኳኑ ብዘየገድስ ኣርባዕተ ምዑጎ ዝኸውን ናብ ጎረሮኡ ኣውሪዱ ዘረባኡ ቀጸለ። "እተን ቀንዲ ናብ ጸላኢ እንኣትወለን ኣብ መንጎ ኣዶናይን ጆንን ዝርከባ ዝሓሻ መስሎኺ ቦታታት ከኣ፡ ካብዛ ቀያሕ ኣፍንጫ ጀሚርና ክሳብ'ዛ ዝጸበበት ሩባ ዝወርድ ዘሎ ቀይሕ መሬት፡ ማለት የማናይን ጸጋማይን ስግር ናብተን ንሽባሕ ዘብላ ጸዓዱ ኣሳሒት፡ ኣብዘን ዝተጠቕሳ ከባቢታት ኣሰር ይኹን ድምጺ ካብ ምግባር ተጠንቂቕና፡ ንሰርሕ። ካብዞም ዝረኣናዮም ቀዳማይ ድፋዓት ጸላኢ ተጠንቂቕና ሓሊፍና፡ ንድሕሪ ጸላኢ እንተ ኣቲና ግን ብዙሕ ዘጸግም ምንቅስቓስ ጸላኢ የብልናን። ካብዚ ተበጊስና ካብ ኣፍግርግር ጀሚርና፡ ናብ መንተብለ ማራት ሰሎሙና፡ ክሳድ ጸሓፍላምን ከባቢ ፍልፍልን ንዝግበር

ምንቅስቓስ ጸላኢ ክንቆጻጸሮ ንኽእል" በለ ብጻይ ሃጸይ። ገና ሓበሬታኡ ኣይወደአን። ምኽትታሎም ንክዕዘብ ግን ንሓጺር ዝግ ድሕሪ ምባል፡ "እዞም ክሳብ ሕጂ ክገልጸልኩም ዝጸናሕኩ ከባቢታት ገለኹም'ኳ ጽቡቕ ገይርኩም ትፈልጥዎም ኢኹም" ምስ በሎም "እወ ግዜ ደኣ በሊዑ እምበር መውዓሊናን ዝተዓለምናሉን ከባቢ እንድዩ ነይሩ" በሉ ብናይ ሓባር ድምጺ።

ብጻይ ሃጸይ፡ ነታ ዘንጊ ናብ ካልእ ወገን ብምምልካት "ኣዶናይ ተስፋጽዮንን ማናጃን ካብ ብሴስ ቅንጻልን እናተበገሱ፡ ናብ የማናይ ስግር ሩባ ኣብሓን ድፍዓት ፍግረት ዓሰስ፡ ዓይለት፡ ጉምሆትን ሓሊፎም ክሳብ ድፋዓት ዓዲ ዒለን ዓዲ ሹማን ንዘሎ ኣተሓሕዛን ትሕዝቶን ጸላኢ ብደቒቕ ክጽንዑዮም" ድሕሪ ምባል፡ ናብ ተስፋጽዮን ማናጃን ሃይለ ወልደኣምላኽን ኣተኲረ። "ዶብ ናይ ስራሕኩም ሩባ ኣብሓ ወሲድኩም፡ ካብ ቅንጻል እናተበገስኩም፡ ንሩባ ማይ ኣዋልድ ብጥንቃቐ ሰጊርኩም፡ ናብ ጎቦታት ከንቲባይ ገላዕን ክሳብ'ቲ ሰንሰለት ጎቦታት ሰኸር ደይብኩም፡ ንኸባቢታት መንበር ሱቑብ፡ መሪሮ ምቕባር ጸዓዱ፡ ኣማን በሪህ ድግድግታ ሶሊኽኩም ንመስመር ጋሕተላይን መዓስከራት ዓዲ ዒለን ብምብራቕ ሸነኾም ተጽንዑ" በሎም። ናብ ኣባላት ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70 ኣዒንቱ ብምዛርን ኣስተውዕሉ ብዘስምዕ ኣጠማማታን፡ "ጸቒጥና ክንዛረበሉን ክንሰርሓሉን ዘድሊ፡ እኹል መረዳእታ ዘይሓዝናሉን ብጻዕርና ክንጭብጦ ዝግበኣናን ዞባ፡ እዚ ንክፍለ-ሰራዊት 70 ዝምልከት ኮይኑ ዝሰፍሐን ኣዝዩ ተኣፋፊ ጎላጉል ዓቡድን ኣጻድፍ ድፋዓት ከንቲባይን ዓሊ ገመድን ክሳብ ድግድግታ ማይ ኣጣልን ሶሊኽካ ንምጽናዕ ኣስታት 14 ሰዓታት ጉዕዞ ዝወስድ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጸላኢ ንምድረበዳ ዓቡድ ቀጻሊ ብፓትሮል ይድህስሶን ንእምበረምን ግሬቶን ዶጋሊን ንኸተጽንዕ'ውን ኣዝዩ ኣሸጋሪ እናኾነ ይኸይድ ብምህላዉ፡ ብኩሉ ዓይነት ብቑዓት ተበላሓትቲ፡ ተባዓት ውፉያት፡ ተዓጻጻፍቲ፡ መሃዝትን ተጸመምትን ኣባላት ጉጅለ መጽናዕቲ ከድልዩ'ዮም" ምስ በለ፡ ኣባላት ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70 ነዚ ጽንኩር ስራሕ'ዚ ተመሪጾም ብምህላዎም ብደሆታቱ ከሎ ገና ተራእዮም'ሞ "ገጥ በሊ ነብሲ" በሉ ንነብሶም።

ሃጸይ ናብ ምጥቕላል ገጹ ይኸይድ ምንባሩ እታ ቀስቲ እናሓበረት "እዚ እንርእዮ ዘለና ሰጣሕ ጎልጎል ዓቡድ፡ ክሳብ ወቐሮ እትበጽሕ፡ ኣብ ርእሲ ዘለዎ ከቢድ ጸቕጢ ኣየር፡ እቲ መሬት ብምዉት ሓውሲ ሑጻ (ካምሲን) ዝኣከቦ ሓመድን ንቑጽ ሳዕሪ ምድረ በዳን (ገሊስ) ነዛ ርእስኻ ሓቢእካ ንኸተጽልለሉ እትኽእለሉ ገረብ ዝበሃል ዘይብሉ ተካል መሬት'ዩ" በለ ብስኽሕክሕ። "ስለዚ፡ ካብ ብሴስ ይኹን ቅንጻል ብጸላም ተበጊስካ ክሳብ መላግቦ ሩባ ኣብሓን ማይ ኣዋልድን እትበጽሕ ኣስታት ሽዱሽተ ሰዓታት፡ ክሳብ ዜይነብ ዛራን ጎላጉል መክርሂትን እትበጽሕ ድማ ብጉጅመጽናዕቲ ሸሞንተ ሰዓታት ዝወስድ

ብምኳኑ፡ ብዝያዳ ጽንዓትን ምጽማምን የድሊ” በለ ፍሽኽታ ኣሰንዩ። “ልዕሊ ኩሉ ኣብ ምኻድን ምምላስን መኣዝንካ ዘስሕት ብምኳኑ፡ ኣብ ጉዕዞ ፍሉይ ምልክት፡ ቅርጺ መሬትን ካልኦት ኣገደስቲ መሓበሪ ምልክታትን ምጽናዕን ምስትብሃልን የድሊ። ብዝያዳ መሬታዊ ህዋ ይኹን ጎልጎል ስለ ዝውሕጠካ ዝለዓለ ጥንቃቐ ይሓትት” ኢሉ ዝግ በለ። ጸኒሑ ከም ስንብድ ኢሉ፦ “ወይለይ ሓደ ነገር ዘኪረ፡ ካብዚ ከባቢታት እዚ ማለት ካብ ሽዕብን ወቒሮን እናተበገሱ ናብ እምበረምን ውሽጢ ባጽዕን እናሰሎኹ ዘጽንዑ ኣባላት 72 (ስለያ ውድብ) ብምህላዎም፡ ብወዝቢ ከይትጋጨዉ ምጥንቃቕ ከድልየኩም'ዩ” ብምባል ዘረባኡን ነቲ ኀቢጡ ዝነበረ ጉልቡት ሰውነቱን ነታ መመልከቲት ቀስቱን ብሓደ ኣዕረፎም። ኩላቶም ኣብቲ ኣኼባ ዝተሳተፉ ኣባላት ስለያ፡ ንዝተዋህቦም ደቂቕን ኣብ ዝተጨበጠ ፍልጠት ዝተመርኮሰን ሓበሬታ በብልቦም ድሕሪ ምምስጋን፡ ነናብ ዝምልከቶም ቦታ ብምኻድ፡ ነናቶም ናይ ትግባረ ስራሕን እማመን ኣብ ምንዳፍ ተጸምዱ። ብፍላይ ኣባላት ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70 ናብ ታባ ቅንጻል ደይቦም መባእታዊ መረዳእታ ቅርጺ መሬት ወሲዶም፡ ንመሬትን ካርታን ብምውህሃድ ብኮምፓስ ኣሲሮም ንመዘከርታ ዝኣክል ኣብ ኖት ቡካቶም መዝገቡ። ነቶም ብፍሉይ ንመጽናዕቲ ዝተሓርዩ ቦታታት ድማ፡ ዝረዳድኡሎም ናታቶም ሓደስቲ ኣስማት ኣጠመቕዎም። እዘን ዝተጠቕሳ ኣሃዱታት፡ ብፍላይ ጋንታ ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70 ነዚ ዝተጠቕሰን ካልእ ካብ ትጽቢት ወጻኢ ዝኾነን ኩነታት ናይቲ ግንባር ኣብ ዘጽንዓሉ እዋን፡ እተን በላይ ህንጻ (ወዲ ህንጻ) ሒዙወን ናብ ኣሶሳ (ኢትዮጵያ) ዝኸዳ ክልተ ጋንታታት፡ ካብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ናብ ሩባ ገልጠም ምስ ተመልሳ፡ ድሕሪ ሒደት መዓልታት ብቐጥታ ብእግሪ ናብ ሽዕብ ብምኻድ ናብታ ኣብ ኤርትራ ንናይ ባጽዕ ስለያዊ መጽናዕቲ ዝተረፈት ጋንታ ንምጽንባር ወጋሕታ 5 ለካቲት 1990 ሩባ ማይ ኡለ ኣተወት። ሬድዮ ኦፐሬተራት፡ ነቲ ኣብ ግዜ ውግእ ንዝፍጠር ነዊሕ ሰዓታት ርክብ ከም ሳዕቤኑ ንዝጋጥሞም ድኻምን ምስልካይን ሓኖኽ (ትሕጃ) ዝኾኖም ሽኮርን ቆጽሊ ሻህን ባትርን ብቐዳምነት ከጠራቕሙ ጀመሩ።

ኣሶሳ ኮይኑ መስርዕ ዝመርሕ ዝነበረ ገደም ንኽትትክእ ሕቶ ኣቕረበ። እቶም ነቲ ኣኼባ ዘካይዱ ዝነበሩ ድማ፡ “ስማዕ! ገደም ቅድመ ግንባር እንተኸደ ንመከራን መስዋእትን እምበር ንራህዋን እንግዶትን ኣይኮነን። ንስኻ ድማ እግርኻ ጠረው ስለዝኾነ፡ ምስ ክብደት ስራሕ ማዕረ ጥዑያት ከም ልብኻ ክትጎዩን የማነ ጸጋም ክትብልን ከሸግረካ'ዩ” በሉዎ። ኣብርሃም እቲ ዘረባ ባህ ከምዘይበሎ ዘመልክት ገጹ ጓህሪ መሲሉ “ኣነውን'ኮ ንመከራን መስዋእትን ማዕረ ሰበይ ክካፈሎ እየ ዝብል ዘለኹ፡ ብዛዕባ ስንክልና እንተኾይንኩም ድማ፡ ኣየናይ ዝድየብ ጎቦን ዝሕኮር እምባን ሃልዩ እዩ። እዚ እንፈልጦ ጎላጉል'ዶ ከይኮነ! ድሓር ከኣ እቲ ስራሕ፡ ኣባላት ምውህሃድን ዓቕምኻ ብምርካትን እዩ” ክብል ዘየወላውል ድሌቱ

ንምኻድ ኣነጸረ። ገደም'ውን ድኻም ኣሶሳ ገና ስለ ዘይወጽኣሉ፡ ንምኻድ ይኸውን ንምትራፍ ብማዕረ ክቕበሎ ድሉው'ዩ ነይሩ። ክንዲ ዝኾነ ገደም ካብ ምኻድ ክበኵር ኣብርሃለይ ድማ ምስታ እትብገስ ኣሃዱ መጥባሕቲ ክብገስ ኣብ ምርድዳእ ተበጽሐ። ክንዲ ዝኾነ እቶም ኣባላት መጥባሕቲ ኣሃዱ፡ ከምቲ ኣብ ኣሶሳ ዝገበሩዎ ናይ ስራሕ ምክፍፋል፡ ኣብዚ'ውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ንነብሶም ወዲቦም፡ ካብ ንእሽቶ ክሳብ ዓቢ ዘድልዮም ንዋት ኣብ ምውድዳን ምስራዕን ኣተዉ። ኣበየናይ ቦታ ኮይኖም ዕማማቶም፡ ማለት ቀዳማይ ረድኤትን ካልእን ይገብሩ፡ ንዝምልከቶም ሓለፍቲ ኣሃዱ መጥባሕቲ ተሓበረ። ኣባላት ቁጠባ እውን ንሰራዊት ዘድሊ ስንቂ ኣቐዲሞም ሂቦም'ኳ እንተነበሩ፡ ብዛዕባ ኣብ ቀጻሊ ክስዕብ ዝኽእል ምዕባለታት ኣብ ግምት ዘእተወ ተወሳኺ ስንቂ ኣብ ምድላው ተጓየዩ። ኣባላት ኤምዳድ (ክፍሊ ኣጽዋር) ከኣ፡ ካብ ነፊርቲ ከውሊ ዝኾኖም ቦታ መሪጾም፡ ካብ ናይ መጥቃዕቲ መስመር ኣዝዮም ተፈንቲቶም ኣብ ሓደ ዓሚቝን ሸሊሕን ስንጭሮ ተተኲስቲ ናይ ኩሉ ዓይነት ብረታት ዝተጻዕና መካይን ዝራገፍ ኣራጊፎም፡ መካይኖም ዓሺጎም ውግእ ክጅመር ጥራይ ኣብ ምጽባይ ነበሩ። ሓለፍቲ ካርታታት ኣብ ቅድሚኦም ገቲሮም፡ ኣተሓሕዛ ጸላእን ንመጥቃዕቲ ዝጥዕምን ዘይጥዕምን ቦታታት፡ ኣተሓሕዛን ምትእስሳርን ኣሃዱታት ወገን፡ ኣየነይቲ ኣሃዱ ኣበይ ትሕዝን ብየማነ ጸጋማ ምስ መን ትተኣሳሰርን ክመያየጡ ይረኣዩ ነበሩ። በዚ መሰረት ቅድሚ ውግእ ዘሎ ውግእ ዛጊት ተጀሚሩ'ዩ ንምባል ዘኽእል ምንቅስቓስ ኣብቲ ቦታ ይርአ ነበረ።

ድሕሪ ምድምሳስ 'ናደው-እዝ' ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ግንባር ከረን ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ሓያል ምርብራብ'ዩ ኣካዪዱ። ኣብዚ ምርብራባት'ዚ፡ ስርዓት ደርግ ንሰውራ ኤርትራ ክስዕር ከምዘይክእል ጥራይ ዘይኮነ፡ ናጽነት ኤርትራ ዘይተርፍ ምዃኑ ንዓለም ግሁድ ኮነ። ሓያሎ ሃገራትን ፖለቲካዊ ሓይልታትን ድማ ጉዳይ ኤርትራ ሰላማዊ ፍታሕ ክርከቦ ክጽውዑ ጀመሩ። እዚ መድረኽ'ዚ ስርዓት ደርግ ቅድመኡ ዝሕሰሞ ዝነበረ ወግዓዊ ዘተ-ሰላም ክቕበል ዝተቓሰበሉ እዩ ነይሩ። መጽሓፍ 'ፈንቅል' ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ ቅጺ-3 ኣስፊርዎ ከምዘሎ፡ እዚ መድረኽ'ዚ፡ ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ፡ ህ.ግ ኣብ ናይ መሬት ውግእ ከይተሓጽረ፡ ኣብ ባሕሪ'ውን ስርሒታት ከካይድ ዝጀመረሉ'ዩ። ህ.ግ ካብ 1986 ጀሚሩ ዝመልመሎ ፈጣናት ጀላቡ ዝዓጠቐ ንኡስ ሓይሊ ባሕሪ፡ ብ19 ሚያዝያ 1988 ኣብ ወደብ ዓሰብ ብባሕሪ ዝፈጸሞ መጥቃዕቲ፡ ብ31 ግንቦት ናይቲ ዓመት'ቲ፡ ኣብ መጻብቦ ባጽዕ ዝነበራ ክልተ መራኽብ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ዝሓምሸሸሉ ስርሒት፡ ብ6 መስከረም 1988 ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ዝተኻየደ ሰለስተ ዓበይቲ መራኽብ ጸላኢን መኽዘናትን ዘዕነወ መጥቃዕቲ፡ ምምስራት ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ዘበሰረ፡ ኣብ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ከቢድ ስንባደ

ዝፈጠረ ፍጻመታት 1988 እዩ። ናብቲ ደሓር ኣብ ስርሒት ፈንቅል ዝተራእየ ናይ ባሕሪን መሬትን ውሁድ ስርሒት ዘምርሐ ምዕባለ ድማ እዩ።

ብመሰረት ሓበሬታ መጽሓፍ 'ፈንቅል' ኣብ ዓመተ 1988 ህዝባዊ ሰራዊት፡ ካብ ግንባር ከረን ጀሚርካ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራ ኣስታት 50 ሰፋሕቲን ምጡናትን ውግኣት'ዩ ኣካይዱ። ኣብ ፈለማ ዓመተ 1989 ድማ፡ በቲ ድሕሪ ምድምሳስ ናደው እዝ፡ ኣብ መንጎ ህዝባዊ ግንባርን ህወሓትን ዝተበጽሐ ናይ ምትሕግጋዝ ስምምዕ መሰረት፡ ታንክታት፡ ከበድቲ መዳፍዕን ረሻሻትን፡ ጸረ-ነፈርቲን ጸረ-ታንኪ ሚሳይላትን ዝዓጠቐ መካናይዝድ ኣሃዱ ህ.ግ፡ ከምኡ'ውን ፍሉያት ኣሃዱታት ኮማንዶ ህ.ግ፡ ኣብ ማእከል ኢትዮጵያ ኣብ ጐድኒ ሰራዊት ህ.ወ.ሓ.ት ተሰሊፎም፡ ኣብ ምሕራር ከተማ ሽረ-እንዳስላሰ ክሳተፉ ከለዉ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ከኣ ህዝባዊ ሰራዊት ኣተኵሮኡ ናብ ምብራቓዊ ጐላጕል (ሰምሃር) ከቕንዕ ዝደረኸ ምዕባለ ተኸስተ። ኣብዚ መድረኽ'ዚ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብቲ ንልዕሊ 10 ዓመታት ዘከየዶ ነዊሕ ናይ ምርብራብ ኵናት ብዝሰለቦ ዝተፈላለየ ከበድቲ ኣጽዋር ናይ ተኸሲ ጕልበት ኣዕብዩ፡ ልዑል ምልከት መካናይዝድ ውግእ ኣጥርዩ ስለዝነበረ፡ ኣብ ፈለማ 1989፡ ኣብ ጐላጕል ሰምሃር ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ውሁድ ናይ ኣጋርን መካናይዝድን መጥቃዕቲ ፈነወ። ጸላኢ ኣብዚ ናይ ጐላጕል ውግእ ኣስታት 30 ታንክታት ከሰረ። ህዝባዊ ሰራዊት ድማ፡ ኣብ ርእሲ ተመኵሮኡ ብናይ ጐላጕል ውግእን ታንክ ብታንክ ግጥምን ዝያዳ ተሳሒሉ ወጸ። ድሕሪ'ዚ ውግእ'ዚ ዓመተ 1ዝተኻየደ ዓቢ ስርሒት እቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ዝጠቐስናዮ ናይ ጥሪ 1990 ስርሒት ኣሶሳ እዩ። እዚ ብሓጺር ዝተጠቕሰ ናይ 1988-1989 ድምር ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ምዕባለታት ድማ'ዩ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ናብቲ ዓቢይ "ስርሒት ፈንቅል" ዘምርሐ። *** ሓሙስ 8 ለካቲት 1990 ብምሉኡ ተዋጋኢ ሰራዊት ነናብ መዋግኢ ቦታኡ "ተበገs" ምስ ተባህለ፡ "ሕጂ ግርም" እትብል ዘረባ ገድሊ ገለ ብኣፉ ገለን ድማ ብልቡ ይዛረባ ነበረ። ንምርድኡ ክጥዕም ምእንቲ፡ ኣቐዲሙ ተሰሪሑን ተታሒዙን ዝጸንሐ ድፋዓት ናይ ተጋደልቲ ክፍለሰራዊት 85ን 61ን ንምብራቕ (ናብ ባጽዕ ገጹ) ደቡብ ንጊንዳዕ ርእሲ ዓድን ብምጥማት ደጀኑ መብዛሕትኡ ንሰሜንን ሰሜናዊ ምዕራብን ዝገበረ ክኸውን እንከሎ፡ ጸላኢ ድማ ገጹ ንምዕራብን ሰሜንን ገይሩ ደጀኑ ካብ ባጽዕ ጀሚርካ ንምብራቕን ደቡብን እዩ ዝነበረ። እዞም ክልተ ተጻረርቲ፡ ማለት ሰራዊት ፍትሕን ሰራዊት መግዛእትን ከም ክልተ ኣርሑ፡ ኣቕርንቶም ስሒሎም መሬት እናጻሕተሩ ንዓመታት ክተፋነኑ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሎሚ መን ሰዓረ ናብ ዝበሃለሉ ናይ መወዳእታ ፍልምያ ዝተቐራረቡ መሰሉ።

በዚ መሰረት ክፍለ-ሰራዊት 70 ንክፍለሰራዊት 85 ብሸነኽ ጸጋሙ ኣሲሩ፡ ከም ሰንሰለት ነቓዓት ከይፈጠረ፡ ናብ ምብራቕ ገጹ ሑጻን ካምሲንን ዝበረኸቱ ጎላጉል ንነዊሕ ሰዓታት ተጓዒዙ፡ ናብ ደንደስ ቀይሕ ባሕርና ተጸግዐ። ጫፍ ደንደስ ባሕርና ረጊጹ፡ ናብ ጸላኢ ዝተጸግዐ፡ ብርጌድ 71 ክፍለ-ሰራዊት 70 ብፍላይ ድማ በጦሎኒ ሓደ ነበረ።989 ብተዛማዲ ህድኣት እያ ሓሊፋ። ድሕሪኡ ዝተኻየደ ዓቢ ስርሒት እቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ዝጠቐስናዮ ናይ ጥሪ 1990 ስርሒት ኣሶሳ እዩ። እዚ ብሓጺር ዝተጠቕሰ ናይ 1988-1989 ድምር ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ምዕባለታት ድማ'ዩ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ናብቲ ዓቢይ "ስርሒት ፈንቅል" ዘምርሐ። *** ሓሙስ 8 ለካቲት 1990 ብምሉኡ ተዋጋኢ ሰራዊት ነናብ መዋግኢ ቦታኡ "ተበገs" ምስ ተባህለ፡ "ሕጂ ግርም" እትብል ዘረባ ገድሊ ገለ ብኣፉ ገለን ድማ ብልቡ ይዛረባ ነበረ። ንምርድኡ ክጥዕም ምእንቲ፡ ኣቐዲሙ ተሰሪሑን ተታሒዙን ዝጸንሐ ድፋዓት ናይ ተጋደልቲ ክፍለሰራዊት 85ን 61ን ንምብራቕ (ናብ ባጽዕ ገጹ) ደቡብ ንጊንዳዕ ርእሲ ዓድን ብምጥማት ደጀኑ መብዛሕትኡ ንሰሜንን ሰሜናዊ ምዕራብን ዝገበረ ክኸውን እንከሎ፡ ጸላኢ ድማ ገጹ ንምዕራብን ሰሜንን ገይሩ ደጀኑ ካብ ባጽዕ ጀሚርካ ንምብራቕን ደቡብን እዩ ዝነበረ። እዞም ክልተ ተጻረርቲ፡ ማለት ሰራዊት ፍትሕን ሰራዊት መግዛእትን ከም ክልተ ኣርሑ፡ ኣቕርንቶም ስሒሎም መሬት እናጻሕተሩ ንዓመታት ክተፋነኑ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሎሚ መን ሰዓረ ናብ ዝበሃለሉ ናይ መወዳእታ ፍልምያ ዝተቐራረቡ መሰሉ። በዚ መሰረት ክፍለ-ሰራዊት 70 ንክፍለሰራዊት 85 ብሸነኽ ጸጋሙ ኣሲሩ፡ ከም ሰንሰለት ነቓዓት ከይፈጠረ፡ ናብ ምብራቕ ገጹ ሑጻን ካምሲንን ዝበረኸቱ ጎላጉል ንነዊሕ ሰዓታት ተጓዒዙ፡ ናብ ደንደስ ቀይሕ ባሕርና ተጸግዐ። ጫፍ ደንደስ ባሕርና ረጊጹ፡ ናብ ጸላኢ ዝተጸግዐ፡ ብርጌድ 71 ክፍለ-ሰራዊት 70 ብፍላይ ድማ በጦሎኒ ሓደ ነበረ።

ጨራ ጸሓይ ዝሃረሞ ባሕርና፡ ከም መስትያት ከብረቕርቕ ምስ ጀመረ፡ ኣስናኑ ገሊሁ ዝስሕቕ ዘሎ ሰብ መሰለ። "ነዚ እኮ እዩ እዚ ኩሉ መስዋእትን ከልበትበትን" በለት እታ ቀጣን ነዋሕ ዝተታወነ መነን ዝመስል ባህ ዘብል ሕብርን ገጽን ዝተዓደለት መራሒት ጋንታ ጅኑቪ ነቲ ባሕሪ ቀው ኢላ ብምጥማት። እቶም ጥቓኣ ዝነበሩ ኣባላታ ድማ ብቓላት ዘይኮነ "ሓቅኺ" ብዘስምዕ፡ ኩላቶም ናብቲ ባሕሪ ብኣንክሮ ብምጥማት ርእሶም እናነቓነቑ ኣስናኖም ጥራይ ይሕርቅሙ ነበሩ። ዘረባ ሃጸይ ሃይለስላሰ "ኤርትራ ምድራን ባሕራን እምበር ህዝባ ኣየድልየናን'ዩ" ዝዘከረ ወደ'ርባዕተ ብዝብል ሳጓ ዝፍለጥ ጽሙእ ዝነብሱ መራሒ ሓይሊ፡ "ንሕና'ውን ባሕርናን ህዝብናን እምበር ንሳቶም ኣየድልዩናን እንብለሉ ሰዓት ብምእኻሉ ዓቢ ዕድል'ዩ" በለ። ነፍሲ ወከፍ ኣባል ክፍለ-ሰራዊት 70 ቅድሚ ሕጂ ሰራዊት ሰፊሩዎ ኣብ ዘይፈልጥ ቦታ ኣድብዩ

ስለ ዝነበረን መምጽኢኡ ዕላማ ስለዝፈለጠን፡ ምስጢራውነት ንምዕቃብ ኣብ ዝተዋህበቶ ስንጭሮ ትኹን ቆጥቋጥ ምስ ተዓሸገ ምዕይ ምባልን ምንቅስቓስን ኣይነበረን። ጭዋዳታት ተጋዳላይ፡ ካብታ ዝተዋህበቶ ቦታ ከይንቀሳቐስ እሱር ኮይኑ ውዒሉ። ውግእ ዝጅመረላ ሰዓት ይናፍቕ ብምንባሩ ድማ፡ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ እታ እንኮ መዓልቲ፡ መዓልታት ኮይና ተሰምዓቶ። ሰዓት ሽሞተ ናይ ምሸት ምስ ኮነ፡ እቶም ኣባላት ስለያ፡ ንኣባላት ናይታ በጦሎኒ ንኽወጽኡ ሓበሩዎም። ልክዕ ካብ ሓደ ማሕዩር ዝተፈትሑ ኮይኑ ተሰምየም። ጸሓይ ሓዲጋቶም ምሉእ ብምሉእ ብምዕዛራ እፎይታ ረኸቡ። ምኽንያቱ ጸላም ንተጋዳላይ ካብ ርእዮት ጸላኢ ከይተሰከፈ ከም ልቡ ንኽንቀሳቐስን ክሰርሕን ዕድል ዝህብ ግርማ ስለዝኾኖ። በዚ መሰረት ኣብተን ኣብ ልዕሊኦም ዝነበራ ኩጀታት ብጥርኑፍ ከምዝድቕሱ ድሕሪ ምግባር፡ ሰዓት 11 ናይ ለይቲ ምስ ኮነ፡ “ያላ ተንስእ!” ተባሂሉ፡ ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ ናይታ በጦሎኒ፡ ካብ ሚእቲ ክሳብ ክልተ ሚእቲ ሜተር ተፈናቲቱ ድፋዓት ብምሓዝ ኣብ ተጠንቀቕ ከም ዝሓድር ተገብረ። ይንኣስ ይዕበ ዝተዋህበቶ ስራሕ ብጥንቃቐን ሓልዮትን ኣጽኒዑን ክሳብ ኣእዛኑ ምጅማር ተኹሲ ዘበስረኦ ሓለዋ ቀጸለ። ስለያ ክፍለሰራዊት 70 ብወገኖም፡ ብመሰረት ዝገበሩዎ መጽናዕቲ፡ ጸላኢ ዝርከበሉን ዘይርከበሉን መስሎኺ ቦታታት ንመካይንን ታንክታትን ዝጽግም ጀቐጀቐን ደቦቕቦቓን ቦታታት ብዝግባእ መጽናዕቶም ኣቐዲሞም ወዲኦም’ዮም። እቲ ኩሉ ብሃንቀውታ ዝጽበይዎ ዝነበሩ መጥቃዕቲ፡ ኣንፈቱ ማዕረ ስፍሓት ናይቲ ግንባር ዝምጠጥ’ኳ እንተነበረ፡ ብሓፈሻ ኣብዞም ዝስዕቡ ሽዱሽተ ኣንፈታት ክጠቓለል ይኽእል፤

1ይ- ክልተ ብርጌዳት ናይ ክፍለሰራዊት 61 ብየማን ጫፍ ተበጊሰን ንገድገድ ሰጊረን ናብ ድፋዓት ኣፍግርግር ሰሎሙናን ሸባሕን ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ጸራሪገን ናብ መትከል ኣቤትን ደብረ መዓርን ገስጊሰን ናብ ዓዲ ሹማን ማይ ውዑይን ክጽጋዓሞ ምስ ናይ ጺጋማይ ግንባር ምዕባለታት ክተኣሳሰራ።

2ይ- ሓደ ብርጌድ ናይ ክፍለ-ሰራዊት 85 ምስ ብርጌዳት 61 ተኣሳሲሩ ንሸባሕን ፍግረትን ብምጥቃዕ፡ ናብ ጎቦታት ዓሱስን ዓዲ ዒለን ተወርዊሩ፡ ምስቲ ካብ ቅንጻል ተበጊሱ፡ ብድፍዓት ጸላኢ ከይተሰምዐ ሶሊኹ ንሩባ ኣብሐ ተኸቲሉ፡ ናብ ቀንዲ መኣዘዚ ዓዲ ዒለ ምስ ዘጥቅዕ ክልተ ብርጌዳት ተራኺቡ ዝቕረም ቀራሪሙ ናብ ጽርግያ ጋሕተላይ ክቖርጽ።

3ይ- ሓደ ብርጌድ ካብ ክፍለሰራዊት 70 ብመንጎ ቅንጻልን ማይ ኣዋልድን ሓሊፉ ንጺጋማይ ስግር ኣብሓ ዝነበረ ድፋዓት ጸላኢ ደማሲሱ፡ ናብቲ ቀንዲ ድፍዓት ዝነበሮ ጎቦታት ከንቲባይ ኣጥቂዑ፡ ናብ ዒላ ገመድን ደጎልን ድሕሪ ምግስጋስ፡ ምስታ ካብ ጺጋም ጎላጉል ሶሊኻ ንድግድግታ እትቖርጽ ሓንቲ

በጦሎኒ ናይ ብርጌድ 20 ክፍለሰራዊት 70 ተወሃሂዱ ንምዕባለታት ናይ ጸጋም እናተኸታተለ ናብ ወደብ ባጽዕ ገጹ ክግስግስ።

4ይ- እቲ ንጽርግያ ጋሕቴላይ ዝቖረጸ ኣሃዱታት ክፍል-ሰራዊት 85 ምዕባለታት ናይ ጸጋማይ ግንባር ድሕሪ ምግምጋም፡ ኣንፈቱ ብምቕያር ምስ ክፍል-ሰራዊት 61 ብምትእስሳር፡ ንሰባር ጉማን ደንጎሎን ኣጥቂዑ ናብ ጋሕያትን ፈረስ ሰገን ተወርዊሩ፡ ብጊንዳዕ ንዝመጽእ ሓይሊ ጸላኢ ክዓጹ። ዝጥዕም ኩነት እንተተረኺቡ ድማ ንጊንዳዕ ገጹ ክግስግስ።

5ይ- እተን ድፋዓት ዓዲ ዒለን ጋሓተላይን ዝተቖጻጸራ ኣሃዱታት ሽቶአን ምስ ወቕዓ፡ እቲ ንነዊሕ ሰዓታት ተወርዊሩ ንውሽጢ ኣትዩ ኣድብዩ ዝጸንሐ ክልተ ብርጌዳት ናይ ክፍለሰራዊት 70 ምስ ተደረብቲ ኣሃዱታት ብፍላይ መካናይዝድ ተደጊፉ፡ ካብ ሩባ ዘይነብ ዛራን ጎልጎል መክርሂትን ተበጊሱ፡ ነቲ ካብ ድፋዓት ግሬቶን ደሴትን ብድሕሪት ክረድእ ዝመጽእ ጸላኢ፡ ካብ ድፋዓቱ ምስ ወጽአ ለኻኺምዎ ንባጽዕ ክግስግስ።

6ይ- ሓይሊ ባሕሪ ህዝባዊ ግንባር ካብ ማርሳ ቆባዕ-በሪጠ ተበጊሱ ምስቲ ብመሬት ናብ ጎላጉል እምበረሚ ዘጥቅዕ ኣጋርን ታንከኛን ኣሃዱታት ተወሃሂዱ፡ ካብ ሰሜን ንደቡብ ኣንጻር ገዚፍ ግን ከኣ ዓምባቹ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ክገጥም፡ እቲ ካልኣይ ክንፊ ድማ ኣብ ደቡባዊ መጻብቦ ቀይሕ ባሕርና ኣድብዩ፡ ነቲ ብኢንገል ይኹን ካብ ዓሰብ ብመራኽብ ዝመጽእ ረዳት ይኹን ካብ ባጽዕ ንዝሃድም ጸላኢ ሓኒቑ ክድምስስ።

ባህርይ እውን ኣብ ግምት ኣትዩ። ኣብዚ እዋንʼዚ ኣብዚ መጥቃዕቲ ዝካየደሉ ኣከባቢ ዝህሉ ክራማትን ግመን፡ ንግደ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ዝድርት ብምንባሩ፡ ኣብቲ መጥቃዕቲ ኣገዳሲ ተራ ክህልዎ ኣብ ልብን ኣተሓሳስባን ብዙሓት ምንባሩ ኣይርሳዕን። ዝተመርጸ ስልቲ መጥቃዕቲ ሃንደበትነት እዩ ነይሩ። ስለዝኾነ ኣጋር ሰራዊት፡ ክፍለ ሰራዊት 70 በብመኣዝኑ ኣብቲ ቦታ ተቐሪቡ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናይ ምቅርራብ ሰዓት ምስ ኣኸለ፡ ካብቲ ተገምሲስዎ ዝነበረ ናይ ምዝናይ ቦታ ብናይ ስለያ ኣባላት ተመሪሑ፡ ንቕድሚት ብምጉዓዝ ንክፍል-ሰራዊት 85 ተጸጊዑ ብጸጋማይ ሸነኽ መዋግኢ ቦታ ሓዘ። በዚ መሰረት ብርጌድ 10 ብየማን፡ ብርጌድ 20 ኣብ ማእከል፡ ብጸጋም ብርጌድ 71 ቦታአን ሓዛ። ቅርጺ መሬት ጎላጉል ዝበዝሖ ብምዃኑ ኣብቲ መጥቃዕቲ ወሳኒ ተራ ዝጻወት ብቐንዱ መካናይዝድ ኣሃዱ ምዃኑ ከሎ ገና ተገሚቱን ተወጢኑን ዝነበረ እዩ። ብሰለስተ መኣዝን ንኽጥቅዑ ድማ መምርሒ ተዋሂብዎም። ጎድኒ ጎድኒ ኣጋር ሰራዊት ብጓዓዝ ገስጋስ ኣጋር ሰራዊት ንክቀላጠፍ ድርኺት ምፍጣር፡ ምስ ታንክታት ጸላኢ ፊት ንፊት ምግጣም፡ ብደብዳብ ከቢድ ብረት ናይ ጸላኢ ኣጽዋራት ምልማስ፡ ንነፈርቲ ብጸረ ነፈርቲ ምቅዋም። ታንክታት

ድምጸን ክስማዕ ስለዘይነበሮ ግን፡ ክሳብ ተሹሲ ዝጅመር፡ ካብቲ ቀንዲ መበገሲ ቦታ ፍንትት ኢለን ኣብ ዝጥዕመን ቦታታት ከምዝጸንሓ'ዩ ተገይሩ። ይኹን'ምበር ኣዘዝቲ ሰራዊት መካናይዝድ ይኹን ኣጋር ዘጥቅዑሉን ዝንቀሳቐሱሉን ቦታታት ብግቡእ ተሓቢሩዎም ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣቐዲሞም እውን ዳህሲሶሞ ነይሮም እዮም።

ህጡር ክራማት ባሕሪ ስለዝነበረ፡ ምድረ ሰማይ ብግመ ተሸፊኑ፡ ማይ ጀበብ ይብል ብምንባሩ፡ ነቲ ሕሉፍ ናይ ሃሩር እዋን ብመሰረቱ ኣረሲዑዎ እዩ። ዝበዝሐ ሰብ ድማ ቴንዳታት ወይ ካልእ ብልሓት መጽለሊ ተኺሉ ከጽልል'ዩ ዝመርጽ ነይሩ። ዓፋፉን ብርኪ ፈልዩ ገሊኡ ሰጊኑ፡ ሸዊቱ፡ መሬት ብቐጠልያ ሕብሪ ተሸፊኑ ንምርኣዩ ባህ ዘብል ኮይኑ ነበረ። ብወገን ህዝባዊ ግንባር እዚ ዝተጠቕሰ ምቅርራባት እናተገብረ እንከሎ፡ ሰራዊት ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያን ገለ ኣዘዝቲ ናይቲ ግንባርን ኣብ ባጽዕ ጽንብል ሓይሊ ባሕሪ፡ ብፍላይ ድማ ነቶም ካብ ምብራቕ ጀርመን ዝለዓለ ስልጠና ወሲዶም ናብ ሃገሮም ኢትዮጵያ ዝተመልሱ ብዝለዓለ ደረጃ ንክኽሕስዎምን ማሕላኦም ንምስማዕን ንምምራቕን፡ ኣብ ዓቢ ናይ ድግስን ደስደስን ኣጋጣሚ ተኣኻኺቦም ነበሩ። ክንዲ ዝኾነ እዞም ኣስታት ¾ ካብ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ እንተላይ ካብ ኣስመራ ብብዝሒ ዝተረኽቡ ዕዱማት፡ ነቲ ኣብ 10 ለካቲት 1990 ዝካየድ ጽንብል ንምድማቕን ንፈንጠዝያን ዝተኣኻኸቡ ብምንባሮም፡ ኣብ ፍጹም ባህታን ተዛናን ነበሩ። መብዛሕትኣን መራኽብ ኢትዮጵያ ድማ፡ በዓል ንምድማቕ እምበር ንዝምጽእ ውግእ ዝተቐረባ ኣይነበራን። ኣብ ሕሉፍ እዋን'ውን ከምኡ'የን ነይረን። እቲ ክጥቃዕ ዝድለ ዘሎ ግንባር፡ ካብ ከባቢታት ምራራ፡ ግርዕ ግመል፡ ክሳድ ጸሓፍ ላም፡ ኩደ ኣፍግርግር ዝበሃል ቦታታት ሰሜናዊ ባሕሪ ሒዙ፡ ንጎልጎል ሸባሕ ወሪዱ፡ ብክንቲባይ ዝበሃል ጎቦ ኣቢሉ ናብ ወቒሮ እምበረሚ ዝጥወ ናይ ኣስታት 1560 ትርብዒት ኪሜ ስፍሓት ዝሸፍን'ዩ ነይሩ።

ነዚ ቦታ'ዚ ድማ ጸላኢ 4 ብርጌዳት ናይ 6ይ ክፍለ ጦር፡ ሓደ ብርጌድ ናይ 10ይ ክፍለ ጦር፡ ካልኦት ተደረብቲ ሻለቃታት፡ 27-29-4 ብርጌዳት መካናይዝድን ሓደ ሞተራይዝድን ብኣጠቓላሊ ልዕሊ 150 ታንክታት ኣሰሊፉ'ዩ ነቲ ቦታ ዓጽይዎ ነይሩ። ንኣብነት ሻለቃ ንጉሰ ተስፋየ ዝተባህለ ናይ 4ይ ታንከኛ ብርጌድ ፖለቲካ ሓላፊ ዝነበረ፡ ኣብ ብርጌዶም ጥራይ 51 ታንክታት ከምዝነበራ ድሕሪ'ቲ ውግእ ገሊጹ። ብመሰረት ዘወጽአ ውጥን ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ ቅድሚ ኸዕብ ዘሎ ግንባራት ተበጊስካ፡ የማናይ ብገድገድ ኣቢሉ ንዓዲ ሹማ ተርቢዑ ናብ ቀንዲ እዚ ናይ 6ይ ክፍለጦር ዝነበረ ዓዲ ዒለ ከጥቅዕ፡ ነዚ ምስ ወድአ ብድግድግታን ጋሕቴላይን ኣቢሉ ንደንጎሎ ላዕላይን ታሕታይን ንጊንዳዕን ገጹ ክግስግስ። እቲ ጸጋማይ ናይ ክፍለ-ሰራዊት 70 ኣጋር ሰራዊት

ምስ መካናይዝድ ኣሃዱ ብምትሕብባር፡ ሰሓጢት ሰንጢቑ፡ ጽርግያ ዶጋሊ ሒዙ ናብ ባጽዕ ከኣቱ። እቲ ኣብ ውሽጢ ብምስላኹ ዘድበየ ሓደ በጦሎኒ ናይ ብርጌድ 20 ድማ፡ ነዞም ካብቲ ቀዳማይ ድፋዕ ተደፊኦም ብህድማ ኣምሊጦም ናብዘን ነተን ኩጀታት ክሕዙ ንዝመጽኡ፡ ከም ቀሪም ዝኣሪ ዓጻዳይ ምቕርሳም'ዩ ነይሩ ዕማሙ። እዛ ውሽጢ ጸላኢ ኣትያ ኣድብያ ዝነበረት በጦሎኒ፡ እዚ ዝተባህለ እንተ ዘይሰሊጡ፡ ብጸላኢ ከቢድ ፈተነ ክገጥማ ክትሓቅቕ'ውን ትኽእል ነይራ እያ። እቲ ካልኣይ ክፉል ናይዚ ብጸጋማይ ዝግስግስ ሓይሊ ድማ፡ ብወቐሮን እምበረምን ኣቢሉ ንባጽዕ ክኣቱ'ዩ። እዚ ውጥን'ዚ ኣብ ሽዕብ ብወግዒ ኣብ ቅዲ ሑጻ ተሳኢሉ ዝነበረ እዩ። ሓሙስ 8 ለካቲት 1990 ልክዕ ሰዓት ሓደ ናይ ለይቲ ድማ ኣብ ምሉእ ግንባር ቅድሚኡ ተሰሚዑን ተራእዩን ብዘይፈልጥ መገዲ፡ ብሓደ ህርመት ከቢድ ሂምታን ዘየቋርጽ ጽዕጹዕ ተዅሲን ክሃምም ጀመረ።

ሓሙስ 8 ለካቲት 1990 ልክዕ ሰዓት 1፡00 ናይ ለይቲ፡ ኣብ ምሉእ ምብራቓዊ ግንባር ቅድሚኡ ተሰሚዑን ተራእዩን ብዘይፈልጥ መገዲ፡ ብሓደ ህርመት ከቢድ ሂምታን ዘየቋርጽ ጽዕጹዕ ተዅሲን ክሃምም ጀመረ። ተጋዳላይ ናብ ዝተወሃቦ ሸቶታት ገስገሰ፤

## የማናይ ክንፊ

ክፍለ ሰራዊት 85 ምስ ክፍለ ስራዊት 61 ተወሃሂዱ ካብ ከባቢ ቅንጽል ተበጊሱ፡ ልክዕ ሰዓት ሓደ ናይ ለይቲ ሽባሕን የማን ጎቦ ከንቲባይን ሰንጢቑ፡ ኣብ ዓዲ ዒለ ዝነበረ መኣዘዚ 6ይ ክፍለ ጦር ጸላኢ ተቖጻጺሩ፡ ንምክትል ኣዛዚ ናይቲ ክፍለጦር ሌተና ኰለኔል ኣፈወርቂ ታከለ ማሪኹ፡ ከይወግሐ ጥራይ ሸውዓተ ታንክታት ሓሙሽተ ቢ-ኤ-ም 21 ወንጨፍቲ ሮኬታት ዝርከቦ ዝተፈላለየ ከበድቲ ብረታት ዳርጋ ከይሰርሐ ተቘጻጺሩዎ። ሽዱሽተ ታንክታት ድማ ኣሕሪሩ ድግድግታ መስመር ባጽዕ በተኾ። ካብዚ ተዅብኵቡ ዝሃደመ፡ ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ፡ ናብተን በጦሎኒ ናይ ብርጌድ 20 ዝሓዘተን ቦታታት መከላኸሊ ንክሕዝ ናብኣ ገጹ ገዓዘ። እንተኾነ ዘይተጸበዮ ተዅሲ ምስ ተቐበሎ፡ "ንብዓል ነጎዳ ብሓዊ ተኩሶ" ዝብልዎ ምስላ ኮይንዎ፡ ከም ደቂ ዛግራ ፋሕ ብትን በለ። ከም ውጽኢቱ ግደ ምምራኽን ምማትን ኮነ። ነቲ ብክፍለ-ሰራዊት 70 ናብ ባጽዕ ንምግስጋስ ዝግበር ጥምጥም ውሕስነት ንምሃብ፡ ክፍለ-ሰራዊት 85ን 61 ኣንፈቶም ጠውዮም ደንጎሎ ተቖጻጺሮም ኣፍደገ ጊንዳዕ ኩድም ብምባል ንጽርግያ ኣስመራ ባጽዕ ረገጥዎ። ኣፈወርቂ ታከለ፡ ምስተማረኸ፡ ነቶም ፈለማ ሓበሬታ ንምርካብ ዝሓተትዎ ዝምልከቶም ኣካላት "ኣነ ይኹን መሳርሕተይ ዘይተጸበናዮን ፍጹም ዘይገመትናዮን ኣዝዩ ሃንደበታዊ ቅልጡፍን በርቃውን መጥቃዕቲ ብምንባሩ ክንየ ዝወረደካ ምቕባል ካልእ ምርጫ ኣይነበረናን" ኢሉ።

ንገለ ካልኢታት ድሕሪ ምስትንታን ከኣ፡ ነቲ ምልክት ጣዕሚ ከም ፋኑስ ዘብርህ ገጹ እስር ኣቢሉ፡ "ምስ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ከነጻጽሮ እንከለኹ፡ ኣዝዩ ንድሕሪት ዝተረፈ ሰራዊት ሒዝካ ክትስዕር ምሕላን ዕብዳንን ሕልምን ጥራይ'ዩ ነይሩ" ምስ በለ፡ በታ ዝሓዛ ንእሽቶ ቆጽሊ ናብ መሬት እናቐስቀሰ ብሓሳብ ተዓዝረ። "ልዕሊ ኩሉ እቲ ብሓደ ግዜ ብኩሉ መኣዝን ዝተኸፍተ ውግእ፡ ንሰራዊትና ንሓድሕዱ ከም ዘይተሓጋገዝን ከም ዘይመላላእን ምግባሩ ዝያዳ ብልጫ ነይሩዎ" ክብል ድማ ኣስተማሰለ። ኣብ 6ይ ክፍለጦር ጸላኢ ናይ ወፍሪ ሓለቓ ሽመልስ በልሁ፡ እቲ ብዓዲ ሹማ ዝጀመረ ውግእ ምስ መዛንኡን ላዕለዎት ሓለፍትን፡ ኣብ ባጽዕ ኮይኖም ብረድዮ ርክብ'ዮም ክመርሕዎ ይፍትኑ ነይሮም። ብኣረዳድኣኦም እቲ ብህዝባዊ ግንባር ዝተጀመረ በርቃዊ ውግእ፡ ነቲ ኣብ ባጽዕ ክካየድ ዝሕሰብ ዝነበረ ጽንብል ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ንምዝራግ ደኣ'ምበር፡ ካልእ ዝዓበየ ዕላማ ከም ዘይነበሮ ኮይኑ፡ ተሓሰመ ሓሰመ ካብቲ ጎላጉል ዘይሓልፍ ውግእ ገይሮም እዮም ገሚቶሞ።

እቲ ውግእ ከምቲ ዝገመትዎ ኣብ ጎላጉል ዘይስተ፡ ብኣንጻሩ ናህሩ ኣዛይዱ ዝዛሪ ውግእ ምዃኑ ምስ ኣስተባህልሉ ግን፡ ካብ ባጽዕ ናብ ድግድግታ (73 ኪሜ ካብ ኣስመራ) ብምምጻእ፡ ነቲ ኩነታት ክመርሕዎን ኣሃዱታቶም ከወሃህዱወንን ፈተኑ። ይኹን'ምበር እቲ ኣብ ግንባር ዝነበረ ሰራዊቶም ተዳኺሙን ተመናኒሁን ኣብ ሕማቕ ኩነታት ስለዝጸንሖም፡ ንሓይሊ ህዝባዊ ግንባር ንግዚኡ ንምግታእ ንዳግመ ምውዳብ ሰራዊቶም እንተሓገዘ ብምባል፡ ንመበል 29 ከምኡ'ውን ንመበል 302 መካናይዝድ ብርጌዳት ናብቲ ዝተጐሃሃረ ውግእ ለኣኹወን። ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ብኡ ንብኡ ጠበናጁኦም ናብዞም ንረዳት ዝመጽኡ ጠውዮም ክቕጥቅጥዎም ምስ ጀመሩ ከኣ፡ እንትርፎ ክሳራን ምዝንባልን ካልእ ክፍይዱ ኣይከኣሉን። ድግድግታ ኣገዳሲት መኣዘዚትን ጸላኢ ክጥቀመላ ዝኽእል ዕርድን ብምንባራ፡ ኣሃዱታት ከቢድ ብረት ህዝባዊ ግንባር፡ ብጻዕቂ ክድብድቡዋ ጀመሩ። ሻለቃ ሽመልስ በልሁን ካልኦት መዛንኡ ኣዘዝትን ስታፋትን ካብዚ ደብዳብ'ዚ ንምድሓን መኣዘዚ ቦታ ንምውሓስን ናብ ማይ ኣጣል ገጾም ተደፍኡ። እንተኾነ ኣብ መገዲ እንከለዉ፡ እቶም ብጸጋም ዝግስግሱ ዝነበሩ ሓይልታት ክፍለ-ሰራዊት 70 ጽርግያ ቆሪጾም ንዶጋሊን ማይ ኣጣልን ምስ ተቖጻጸርዎ፡ ሓሳቦም ቀይሮም ብዓጋመዳ ኣቢልካ፡ ከም ህበይ ጎቦታትን ሸናጭሮን ገይርካ ንባጽዕ ምእታው ኮነ። እንተኾነ እዚ'ውን ድኻምን ጽምእን ምውዳቕ ፍናን ምስ ተደራረቦ፡ ናይ መወዳእታ ዕድሎም ኢድካ ንህዝባዊ ግንባር ምሃብ ኮነ።

ጸጋማይ ክንፊ ባጽዕ ንምሓዝ ሓላፍነት ዝወሰደ ምስ መካናይዝድ ክፍለ-ሰራዊት 74 ብምውህሃድ ዝተበገሰ ገለ ክፋል ክፍለሰራዊት 70 ኣብታ ምስ ክራማት

ሸታሕተሖ ዝበዝሓ ኩሉ መኣዝና ብነቶግቲ ዝተሓጽረት ጎቦ ከንቲባይ ንዘጋጠሞ ብርቱዕ ምርብራርብ፡ ብሓገዝ ደብዳብ ከቢድ ብረትን ጵዑቕ ህጅማትን ምስ ተቐጻጸሮ፡ መካናይዝድ ኣሃዱ ድማ ቀዳመይቲ ታንኪ ምስ ኣቃጸሉ፡ ምስ ሃንደበትነት ናይቲ መጥቃዕቲ ተኣሳሲሩ፡ ዝተረፉ ታንክታትን ረሻሻትን ሕቖአን ሂበን ንድሕሪት ህድማ ጀመራ። መምርሒ ሓለፍቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ጸላኢ ሓንሳብ ሕቖኡ እንተሂቡ፡ ንኸይግምጠል ጭራኡ ሒዝካ ምኹብካቡ ስለዝነበረ፡ ጸላኢ ንገስጋስ ተጋደልቲ ንምዕጋት ወይ ንምዝሓል፡ ተመሊስካ ናይ ምክልኻልን ጸረ መጥቃዕቲ ፈተነታትን ይገብር'ኳ እንተነበረ፡ እቲ ብጸጋማይ ግንባር ዝገጥም ዝነበረ ኣካል ክፍለ-ሰራዊት 70 ካብ ደቡብ ኢትዮጵያ (ኣሰሳ) ዝደለቦ ወተሃደራዊ ፍናኑን ስልቱን ከይዝሓለ ኣብ ሓጺር መዓልታት ኣብ ውግእ ብምእታዉ፡ የማነ ጸጋም እናወሃሃደ ኣብ ቅድሚኡ ንዝጸንሖ ብናይ ኣንበሳ ኩርኒዕት እናጨላገመ፡ ከከም እግርኻ ንምግስጋስ ዝጥዕም ሃዋሁ ፈጠረ።



ሓደ ካብ ኣባላት ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70 መራሕ ጋንታ ክፍለ ስብሃቱ፡ ምስ ኣዛዚ ብርጌድ 71 ዳኒኤል ጨዓይ ኣብ በሪኽ ቦታ ኮይኑ ቦታታት እናሓበረ እንከሎ፡ በዚ መጽኣት ዘይበላ በራሪት ጥይት ብኣፍልቡ ኣትያ ሕቖኡ በሲዓ ወጽኣት። ቀዳማይ ረድኤት ምስ ገበሩሉ፡ ክፍለ ንሕክምና ኣብ ክንዲ ዝኸይድ ብኣንጻሩ እግሪ እግሮም ሰዓበ። "ተመለስ" እንተበልካ፡ "ኣበደን"ብምባል ብዘይካ ባእሲ ካልእ ኣይተረፈን። ምስ ክፍለ ቀጻሊ ምውጣጥ እቲ ኩነታት ዝፈጠሮ ዕማም ዘየፍቅድ ብምንባሩ ኩሉ ሰብ ሃሙን ቀልቡን ናብቲ ዝዓበየ ዕማም ኣተኮረ። እቲ ዝኹብኮብ ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ፡ ኣብ ማይ ኣጣልን ዶጋሊን ብባጽዕ ዝመጽአ ረዳኢ ሓይሊ ምስ ዓገቶ፡ ብመጠኑ ሃዲኡ ክከላኸል ፈተነ። ብሪጋደር ጀነራል ጥላሁን ካብ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ጀነራላት ውግእ፡ "እቲ ዘይሰዓር" ተባሂሉ ዝንገረሉ ንሱ'ውን ካብ ብዝሒ ምድግጋም ናይዚ መጎስ ወይ ናእዳ'ዚ፡ ምሉእ እምነት ኣብ ነብሱ ዘሕደረ ምኩር ጀነራል እዩ ዝነበረ። ካብዚ ድሕሪ ባይታ እዚ ዝተበገሰ ክኸውን ይኽእል፡ መራሒ ኢትዮጵያ ዝነበረ መንግስቱ ሃይለማርያም፡ ብ04 ሰነ 1989 ካብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራ

ከም ዝመጽእን ኣዛዚ ኮር ኮይኑ ከም ዝሰርሕን ዝገበረ። ኣዛዚ ናይ 6ይ ክፍለ ጦር ዝነበረ ብሪጋደር ጀነራል ተሾመ ኣብቲ ብሸሞንተ ለካቲት ብዓዲ ሹማ ዝተጀመረ ወተሃደራዊ ግጥም፡ ከቢድ ናይ ሰብን ንዋትን ክሳራ ስለ ዘጋጠሞ፡ ክከላኸለሉ ኣብ ዘይክእል ደረጃ ከምዝበጽሖ ንጀነራል ጥላሁን ገለጸሉ። ጀነራል ጥላሁን ብግደኡ ኣዛዚ 6ይ ክፍለ ጦር ዝሃቦ ሓበሬታ ንመራሒ ኢትዮጵያ ዝነበረ መንግስቱ ሃይለማርያም ገለጸሉ።

ጽርግያ ባጽዕ ንክቁረጽ ኣብ ዝቀራረበሉ ዝነበረ እዋን፡ ነቲ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ሰራዊት ኣዋሊዱን ኣወሃሂዱን ክከላኸል ከምዘለዎ ባዕሉ መንግስቱ ትእዛዝ ሃበ። እንተኾነ ግዜ ኣይሓገዞን ጽርግያ ባጽዕ ኣስመራ ኣብ ኢድ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ወደቐ።

ዓርቢ 09 ለካቲት 1990

እቲ ብጸጋማይ ክንፊ ዝግስግስ ዝነበረ ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር፡ ንጽርግያ ብየማነ ጸጋሙ ዝነበረ በረኸቲ ቦታታት እናዳህሰሰን ኣብኡ ዝጸንሖ ሓይሊ ጸላኢ እናደማሰሰን፡ ቀትሪ ምድሪ ንዶጋሊ ተቖጻጸራ። ኣብዚ ዝዋጋእ ዝነበረ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ውጉኣቱ ናብ ዝምልከቶ ሕክምና ኣፋንዩ፡ ስዉኣቱ ቀቢሩን ዝሓዞ ቦታታት ኣደልዲሉን ለይቲ ኣብ ተጠንቀቕ ሓደረ።

ቀዳም 10 ለካቲት 1990

ጸላኢ'ውን ብወገኑ ንምክልኻል ዝሕግዞ ኣሎ ዝበሃል ውዳበታትን ምድላዋትን ገይሩ፡ ጸረ መጥቃዕቲ ንምውሳድ ግዜ እናመረጸ እንከሎ፡ ሃንደበት ወጋሕታ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ደምሳሲ መጥቃዕቲ ፈነዉሉ። ጸላኢ ትጽቢቱን ብህዝባዊ ግንባር ዝተወስደ ተበግሶን፡ ከጠዓዓምን ክወሃሃድን ብዘይምኽኣሉ፡ ሰራዊቱ ፋሕ ብትን ኢሉ፡ ናብታ እንኮ መዕቆቢተይ ኢሉ ዝሓስባ ባጽዕ ተሃንፈፈ። ጭራ ሒዝካ ጸላኢ ከም ዘይግልበጠካ ናይ ምግባር ወተሃደራዊ ስልቲ ዝሰነቐ ህዝባዊ ግንባር (ኣጋርን መካናይዝድን) ድማ እግሪ እግሪ ጸላኢ እናሰዓበ፡ ንኽውደብን ዳግማይ ድፋዓት ንኽሕዝን ዕድል ኣይሃቦን። ብኽምዚ ናይ ነብርን ሰሳሕን ናይ ምቁብኳብ ኣገባብ፡ ናብ ከባቢ ባጽዕ እትርከብ ፎርቶ ፊት ንፊት ተፋጠጡ። ሓደ ብርጌድ ናይ ክፍለ-ሰራዊት 96 ድማ ከም ተሓጋጋዚ ክስዕብ ድሕሪ ምጽናሕ ግጥም ንምጅማር ተሸባሸበ። ፎርቶ፡ ንጸላኢ እታ ናይ መወዳእታ ዝበረኸት ዕርዱ ብምኳና ብኸቢድ ብረትን ረሻሻትን ተሓጊዙ፡ ሓያል ምክልኻል ኣካየደ። ጀነራል ጥላሁን እቲ ኩነታት ጽርግያ ባጽዕ ኣስመራ ናይ ምቁጽጻርን መትኒ ቁጠባ ጸላኢ ናይ ምብታኽን ጥራይ ዘይኮነ ናብ ባጽዕ ንምእታው ይምዕብል ብምንባሩ፡ ተወሳኺ ሰራዊት ግድን ክለኣኸሉ ንላዕለዎት ኣዘዝቱ ተማሕጸነ። እንተኾነ ግን “ብዘለካ ተዓጻጺፍካ ተኸላኸል” ዝብል ትእዛዝ

ተዋህቦ። "እዋእ ከመይ ከመይ ድዩ፡ እቲ ኩነታት'ኮ ባዕለይ ብቐረባ'የ ዝከታተሎ ዘለኹ።" ክብል ንልዕሊኡ ዝነበረ ሓላፊ ከረድእ ፈተነ። እንተኾነ ሕጂ'ውን "ውግእን ጸወታ ዳማን (ቸዝ) ኣብ ብዝሒ ዘይኮነ ኣብ ብልሒ'ዩ" ዝብል ተስፋ ዘቑርጽ መልሲ ደኣ ተዋህቦ። ካብዚ፡ ጀነራል ጥላሁን፡ ክገብራ ዝኽእል ሓንቲ ፍታሕ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብወገን ገልዓሎ ኣቢሉ ንባጽዕ ከየጥቅዕ ብምስጋእ፡ ነቲ ኣብ ፎሮ ዓስኪሩ ዝነበረ ሓደ መካናይዝድ ብርጌድ ኣንቀሳቒሱ፡ ንባጽዕ ክሳብ መጨረሽታ ክከላኸለላ ኣብ ፎርቶ ዓሪዱ ክምክት ፈተነ። ድሕሪ ሓያል ምርብራብ፡ እቲ ብጥሜትን ድኻምን ሕልናኡ ዘዕረበ ሰራዊት ጸላኢ ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ንባጽዕ ክከላኸል ኣይከኣለን። ጀነራል ጥላሁን ድማ ማዕረ ዕጫ ሰራዊቱ ኢ.ድካ ምሃብ ኮነ ምርጫኡ።

## ካልኣይ መኣዝን ናይ ጸጋማይ ክንፊ

ኣካል ክፍለ-ሰራዊት 70 ዝኾነ ብርጌድ 71 ከምኡ'ውን መካናይዝድ 74 ኣብ ሽካትን ቀይሕ እምበረምን ጉረቶ ዝተባህለ ጎቦን ንዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ድሕሪ ምጽራግ፡ ናብ ገርጉሱም ተገምገሙ። ብዓሰርተታት ዝቑጸራ ታንክታት ጸላኢ ድማ ከም ኣሓ ባርካ ኣብ ቅድሚኦም ተገተራ። ተጋደልቲ ሒዞመን ዝነበሩ ታንክታት ብቑጽሪ ሸውዓተ እየን ነይረን። ስለዚ ሓንቲ ታንኪ ብገምጋም ምስ ሓሙሽተ ታንክታት ጸላኢ ግጥም ክትጅምር ነበራ። ከምቲ ክልተ ጋንታታት ኩዕሶ ኣብ ዝተራኸባሉ ማእከላይ ዳኛ ናይ ምጅማር ፊስካ ዝነፍሓሎም፡ እዞም ተጋጠምቲ ድማ፡ ነዚ ብዝመሳሰል ታንኪ ብታንኪ ፊት ንፊት ግጥም ጀመሩ። ፈለማ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ሓንቲ ታንኪ ጸላኢ ኣቃጸሉ። ሃልሃልታኣ ንሰማይ ዓረገ። እዚ ንተጋደልቲ ፍናን ንጸላኢ ድማ ጭሕሚ ብጻይካ ክላጸ ጭሕምኻ ማይ ልኸ ዝብል መልእኽቲ ኮነ። ከም ጸወታ ቮሊቮል ብቦምባታት ክደራበዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ድሕሪ ርብዒ ሰዓት፡ ካልኣይቲ ታንኪ ጸላኢ ተቓጸለት። ወተሃደራት ጸላኢ፡ ድሕሪ ኣቦኻ ሞት ግደኻ ዝብል ምስላ ግዲ ዘኪሮም፡ ነቲ ጉልባብ ክገብሩሉ ዝጸንሑ ኣጋር ሰራዊቶም ረጥሪጦም ንድሕሪት ህድማ ተተሓሓዝዎ። ታንክታት ጸላኢ ሕቖአን ምስ ሃባ'ውን ሓንቲ ሳልሰይቲ ታንኪ ብተመልከተለይ ተሰለሰት። (ታንከኛታትና ሃትሪክ ሰሪሖም ማለት'ዩ) ድሕሪ'ዚ ታንከኛታት ጸላኢ ነተን ዝዓጠቐወን ታንክታት ክኣምኑወን ስለ-ዘይከኣሉ ካብ ውሽጢ ወጺኦም እናነጠሩ፡ ሓንቲ ታንክን ክልተ ረሻሽ ዝጸዓና መካይንን ሓዲጎም ከም ነብሪ ዝመጽእ መፍለስ ንባጽዕ ሃደሙ። ብሓፈሻውን ማእከላይን ሚዛን፡ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ልዕሊ 30 ኪሜ እናደፍኡ እዮም ዝግስግሱ ነይሮም። በዚ መሰረት እቲ ብጸጋም ዝግስግስ ዝነበረ ኣሃዱ ምስቲ ብየማን ዝግስግስ ዝነበረ ተራኸቡ። ድሕሪ'ዚ ምረሻ ናብ መደበር ሓይሊ ባሕሪ "ናቫል ቤይዝ" ኮነ።

ቀለቤት ውግእ ንጸላኢ ናብ ዝጸበበ ይሽንቁቖ ብምንባሩ፡ ካብዚ ንምግልጋል፡ ኣሎ ዝበሃል ታንክታቱን ሰራዊቱን ከም እምንን ኮረትን ኣጨቓጪቑ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ዝሰርሖ ዝተሃደመ ዕርድታቱ ተዓሺጉ፡ ብዝለዓለ ቅሩብነትን ንናይ መወዳእታ ግጥምን ቅሩብ ኮነ። ኣብዚ ግጥም'ዚ፡ መራኸብ ጸላኢ ካብ ባሕሪ መዳፍዕ እናተኰሳ ንተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ምስራሕ ክኸልኣኦም ፈተና። ኣብዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ህዝባዊ ግንባር ተጋዳላይ ተወልደ ቀላቲ (ናይ ሎሚ ሚኒስተር ሃብቲ ባሕሪ)፡ ኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 70 ፍሊጶስ ወልደዮሃንስ (ጀነራል) ኣዛዚ መካናይዝድ ኣሃዱ ሮሞዳን ኣውልያይ (ሜጀር ጀነራል) ካልኦትን ብዛዕባ'ቲ ሓድሽ ክስተት ድሕሪ ምምይያጥ፡ ንጸላኢ ብጽዑቕ ተኹሲ ክሳዱ ከም ዘየቕንዕ ገይርካ ጽዑቕ ህጁማት ብምክያድ ካብ ድፍዑ በንቍርካ ንምውጻእ ኣብ ዝብል ሓሳብ ተሰማምዑን ከተግብርዎ ተበገሱን። ኣብዚ ናይ ተሓናንቕ ደቓይቕ፡ ኣይኮነን ሰብ ጨቓዊት'ውን ክሓልፉሉን ክጽግዓሉን ዘየኽእል፡ ፋሕት ዝተባህለ ዓቢ ብረት ንሓደ ተጋዳላይ ዝቐንዓሉ ኣጋጣሚ፡ ውሑዳት፡ ምዑታት፡ ከም ተመን ብበጠ-በጥን ካልእን ተሳሒጎም ምስ ጸላኢ ኣፍንጫ ንኣፍንጫ ብምግጣም ንዘርኣዩዎ ትብዓት ብቐረባ ዝዕዘብ ዝነበረ፡ ኣዛዚ በጦሎኒ ስዉእ ሚኪኤል ቀሺ፡ ኣብ ራድዮ ሃሎው፡ “ኣብዛ ጽንክርቲ እዋን እዚኣ ተጋደልትና ነተን ብዕስለ መሬት ከዲነን፡ ኣፍ ሻምብቆአን ኣቕኒዐን ክውሕጣና ዝደልያ ዘለዋ ታንክታትን ከም ሑጻ ዝተኾመረ ሰራዊትን ብቦምባ ኢድን ካላሽንን ገይሮም ይማርኹወን ኣለዉ” ክብል ይስማዕ ነበረ። ከምቲ ኣብ ከባቢ ፍጹም ቅላዕ ዝወዓዋዕ ምቁር ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ድማ፡ ውግእ ናቫል ቤይዝ ኣብ ዝመቀረሉ ህሞት፡ ኣዛዚ በጦሎኒ ስዉእ ሚኪኤል ቀሺ ካብተን ንህድማ ዝበጋገሳ ዝነበራ መራኸብ ጸላኢ ብዝተተኮሰ ጥይት ብሬን ተሃሪሙ ተሰውአ። ነታ ነዚ ሓደ ካብ ጀጋኑና ዝኾነ ብጻይ ሂወቱ ዝወሰደት መርከብ ድማ ተጋደልቲ ብኣርቢጂ ተሳሂሉዋ።

ም ዝፍለጥ ዓቕሚ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ምስ ሓይሊ ባሕሪ ህዝባዊ ግንባር፡ ብዕጥቅን ብዝሒ ሰብን ፍጹም ዝዳረግ ኣይነበረን። ኣብቲ እዋን'ቲ ናይ 35 ዓመታት ተመኩሮ ዝነበሮ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ፡ ሳላ ሩስያ (ሕብረት ሶቭየት) ቢ-ኤም 21 ወንጨፍቲ ሮኬታት ዘጸወዳ ዓበይቲ መራኽብ ኵናት፡ ፍራይጌት ዝተባህሉ ወንጨፍቲ ሮኬታት፡ ተወሰኽቲ ታንክታትን መካናይዝድ ኣሃዱን፡ ብፍጥነት ዘመላልሳ ጸረግቲ ፈንጂ ወዘተ ዝዓጠቐ እዩ ነይሩ። ብዘይካ'ቲ ብምብራቕ ጀርመንን ሕብረት ሶቭየትን (ሩስያ) ዝግበረሉ ሓገዝ ድማ፡ 50 ሚልዮን ብር (ኣብቲ እዋንቲ ክብሪ ናይቲ ባጤራ ልዑል እዩ ነይሩ) ዓመታዊ ባጀት ካብ መንግስቲ ዝስልዓሉ ሓይሊ'ዩ ዝነበረ - ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ። ኣብ ወደብ ባጽዕ'ውን ዓቢ ናይ ጽገና መደበር ነይሩዎ። እዚ ይኹን'ምበር ምስ ምጅማር መጥቃዕቲ ኣጋር ሰራዊትን መካናይዝድን፡ ሓይሊ ህዝባዊ ግንባር'ውን

ንንኡስ ዓቕሙ ብብልሓትን ተዓጻጻፍነትን ተወፋይነትን ኣጎልቢቱ እጃሙ ከበርክት ኣብ ውጥን ዝኣተወ ብምንባሩ፡ ነቲ ብስም ቀዳማይ ክፋል ባሕሪ ዝጽዋዕ፡ ብሰሜናዊ መስመር ኣብ ዝፍለጥ ውሽጢ ባጽዕ መጥቃዕቲ ምፍጻምን ናይ ጸላኢ መጥቃዕቲ ምምካንን ዝብል ዕማም ተዋሂብዎ ነበረ። እቲ ካልኣይ ክፋል ኮማንዶ ሓይሊ ባሕሪ ድማ፡ ብደቡባዊ ወገን መራኽብ ጸላኢ ካብ ዓሰብ እናተበገሳ ሓገዝ ከምዘየቕርባ ንምግባርን ካብ ውሽጢ ባጽዕ ናብ ዓሰብ ክሃድማ ንዝፍትና ንምዕጋተንን ክከኣል ምእንቲ ኣብ ደቡባዊ መጻብቦ ኣድብዩ ከምዝጸንሕ'ዩ ተገይሩ።

ስለዚ ከምቲ ዝተጠቕሰ፡ መራኽብ ጸላኢ፡ ነቲ ናቫል በይዝ ዘጥቅዕ ዝነበረ ሓይሊ ህዝባዊ ግንባር ንምጉንዳብ ክድብድባ ጀመራ። ምድረ ሰማይ ዓይኒ ክሕዝ ምስ ጀመረ ድማ፡ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ፈጣናት ጀላቡኦም ገይሮም፡ ጠኒኖም ብምጽጋዕ፡ ሃንደበታዊ ተርግእ ብምፍጻም ክሳራታት ስለ ዘሰከሙወን መራኽብ ስርዓት ደርግ ህድማ ምርጫአን ኮነ። ድሕሪ'ዚ ኣብ ክንዲ ምጽጋዕ ኪሎሜተራት ርሒቐን ብነዊሕ ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ፡ ደብዳብ ጀመራ። እዚ ደብዳብ'ዚ ኣድማዕነት'ኳ እንተዘይነበሮ መብዛሕትኡ ብለይቲ ዝካየድ ብምንባሩ ቅሳነት ዝኸልእ ነበረ። ክንድ ዝኾነ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ህ.ግ. ወጋሕታ'ውን ነዳድን ተተኰስትን ጽዒኖም ብምኻድ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ነተን ብማዕዶ ደብዳብ ዘካይዳ ዝነበራ መራኽብ ሃረሙወን። ድሕሪ'ዚ ተጻብኦ ናይተን መራኽብ ክዕገስ ክኣለ። ነፈርቲ ውግእ ጸላኢ'ውን ውግእ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ ህሞት፡ ሓያል ግመ ብምንባሩ፡ ንመጥቃዕቲ ስለዘይምችእ፡ ድሃየን ኣጥፊአን ድሕሪ ምጽናሕ፡ ቀዳም 10 ለካቲት ሰዓት 7:39 ድምጸን ክስማዕ ጀመረ። ትሒተን ብምዝንባይ ድማ፡ ነቲ ድሮ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ዝተቖጻጸሮ ኣጋንእ ነዳዲ ኣጂፕን መኽዘናት እኽልን ብምድብዳብ ንሰማይ ዝስንጥቕ ባርዕ ፈጠራ። እዚ ሓደ ተስፋ ናይ ምቑራጽ ምልክት'ኳ እንተኾነ፡ ጸረ ነፈርቲ ህዝባዊ ግንባር'ውን ብወገኖም ካልእ ዕላማታት ከይውቃዕ ብሓያል ስለዝተቓወሙ ናብ ሰማይ ኣንቃዕሪረን ናብ ዝተበገሳሉ ተመልሳ። ኣሃዱታት ክፍለ-ሰራዊት 70ን መካናይዝድ ኣሃዱ ህዝባዊ ግንባርን፡ ነቲ ንናይ መወዳእታ ዓቕሊ ጽበትን እንተላይ ታዕሊሞም ዘይጸገቡን ስም ኣሃዱኦም'ውን ዘይፈልጡ ትሕቲ ዕድመ ወተሃደራት ኣሰሊፉን ኣጽዒቑን ክከላኸል ዝፈተኖ ምህሙን ፈተነ፡ ሳላ ሓያል መኸተን ተውፋይነትን፡ ውጥናት ጸላኢ ፋሕ ብትን ኢሉ ምዉትን ምሩኽን ኮኑ። ድሕሪ'ዚ እታ ኣገዳሲት መሓንቖ ናቫል በይዝ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ግንባር ኣተወት። ኣብ ናቫል በይዝ ጽዑቕ ውግእ ይካየደሉ ኣብ ዝነበረ ህሞት፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣጋውል ናይቲ ኲናት ስለ ዝገምገሙ፡ ነቶም ውጉኣት ናብ መርከብ ሰቒሎም ክርሕቕዎም ምጽዓን ጀመሩ።

ብዘይካ'ዚኦም እንተላይ ስድራቤቶምን ባዕላቶም'ውን። ሓደ ካብቶም ብሞያ ሓይሊ ባሕሪ ካብ ጀርመን ተማሂሮም ኣብ ባጽዕ ክምረቑ ዝመጽኡ ካዴት ኢሳይያስ ሃብተስላሰ፡ ነዚ ዘሕፍርን ዘስካሕክሕን ናይ ውድቀት ተግባር ምስ ተዓዘበ፡ "እታ ዓባይን ሓያልን ኢትዮጵያ ኢልና ዝኣመንናላ ሃገር፡ ነይራ ድያ ኣይነበረትን" ክብል ንነብሱ ሓተታ። "ናይ ግዝፊ ብልጫ ኣብ ሕመቕ ይምርኮስ" ንእትብል ጥቕሲ ብምዝካር ከኣ፡ ንእግሩ ብሓደ ገዚፍ ፋሻ ገይሩ ድሕሪ ምሽፋኑ፡ ከም ኣዝዩ ብርቱዕ ዝተሃርመ እናተቐናዘወን እናሓንከሰን ምስቶም ውጉኣት ኣብ መርከብ ተሰቕለ። "እዛ መርከብ ሕጂ ተበጊሳ'ዶ ተድሕነና" ኢለን ልቢ ኩሎም ተሳፈርቲ እናተሻቐላ፡ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ብታንኪ ነታ 1030 ዝተባህለት መርከብ ብተመልከተለይ ምስ ሃረሙዋ ቃልቃል ክትብል ጀመረት። ባሕሪ ድሮ ብቐይሕ ደም ክብከል ጀመረ። ድሕሪ'ዚ ዝኽእልን ዘይክእልን ዘዘሊሉ ናብ ባሕሪ ተደርገመ። ካዴት ኢሳይያስ ግን ነቲ ንምድንጋር ዝተጠምጠሞ ሻሽ መዝሒቑ ብምድርባይ፡ ቲፎ ናብ ባሕሪ ተደርጊሙ ዓሳ ክመስል ንባሕሪ ክሰንጥቖ ጀመረ። መሬት ረጊጹ ድማ ንተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ኢዱ ሃበ። እቶም ዘይክእሉ ግን ድራር ዓሳ ኮኑ። እተን ዝተረፋ መራኽብ፡ ኣብቲ ህድማ ዘበገሶ ዕግርግር ነንሓድሕደን ተጋጭየን ከም ፍቑራት ኣፍ ንኣፍ ተወሃሂበን ኣብቲ ባሕሪ ኩድም ኢለን ተረፋ። ካብተን ዝሃደማ ድማ ኣባላት ኮማንዶ ሓይሊ ባሕሪ ኣብ ደቡባዊ መጻብቦ ጸኒሖም ስለ ዘጥቅዑወን፡ ሰለስተ ካብኣተን ክጥሕላ እንከለዋ፡ ዝተረፋ ናብቲ ኣብ ደሴት ዳህላክ ዓስኪሩ ዝነበረ ሓይሊ ባሕሪ ሕብረት ሶቭየት (ሩስያ) ተዓቚባ። ብዘይተጸብዮ መኣዝን፡ ብባሕሪ ክጥቃዕን ኣብ ቅድሚ ዓይኑ መራኽብ ክነዳን ዝረኣየ ሰራዊት ጸላኢ፡ ናይ ተስፋ ምቑራጽን ቅባጸትን ዝቃጸል ኣቃጺሉ ሞቱ ኣብ ባሕሪ ክመርጽ እንከሎ፡ ዝበዝሐ ክፋሉ ኢድካ ምሃብ ከም ዓቢ ምርጫን ጸጋን ወሰዶ። ሓደ ካብኣቶም ድማ ናይ ሞተራይዝድ ክፍለ ጦር ኣዛዚ ዝነበረ ብሪጋደር ጀነራል ዓሊ ሓጂ ዓብዱላሂ ነበረ። ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ነዚ ጀነራል እዚ ማሪኾም ናብ ኣዛዚ በጠሎኒ ብርጌድ 71/1 ሃይለ ጠዓመ ኣቕረቡዎ። ወዲ ጠዓመ ምስቲ ዝነበረ ብርቱዕ ስራሕ የማነ ጸጋም ይብል ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ እዚ ጀነራል እዚ፡ ከም ደድሕሪ ኣዲኡ ሎኽሎኽ ዝብል ቆልዓ፡ እግሪ እግሩ ክስዕብ ምስ ተዓዘበ፡ "ጀነራል፡ ምሳይ ኮለል እናበልካ ካብ እትደክምን ግዳይ ዘይተሓስበ ዓረር ካብ እትኸውንን ስራሕና ክሳብ ነከናውን ኣብዚ ምስዞም ንብረት ዝሕልዉ ዘለዉ ብጾትና እንተጸናሕካ ዝበለጸ'ዩ" በሎ። ጀነራል ዓሊ ግን፡ ናብቶም ተጋደልቲ ብኢዱ እናኣመልከተ፡ ብቋንቋ ኣምሓርኛ "ከም ዝርእዮም ዘለኹ ኣብ መንጎኦም ማዩ ዝሰተየ ዘይብሎም መንእሰያት ተጋደልቲ እዮም። ቅሩብ ምዉቕ እንተ ኢሉዎም ክቐትሉኒ ድሕር ኣይክብሉን እዮም፡ ስለዚ ካባኻ ወይከ ፈልከት፡

እግዚኣብሄር ከኣ ጻማኻ ክህበካ'ዩ" ክብል ከብድኻ ብዝበልዕ ኣገባብ ንኣዛዚ በጦሎኒ ሃይለ ጠዓመ ተማሕጸኖ።

ሃይለ ጠዓመ፡ በቲ ሓደ ጀነራል ዝኣክል ንሞት ክንድ'ዚ ዝኣክል ምፍርሑ ኣደንጊጽዎ፡ በቲ ካልእ ድማ ንህዝባዊ ግንባር ኣገዳሲ ምንጪ ሓበሬታ ምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ባዕሉ ብኣካል ሒዙዎ ናብ ዝምልከቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ኣረከቦ። እዚ ጀነራል'ዚ፡ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ዝገበሮም ቃለ መጠይቓት ይኹን ኣብ መጽሕፍቲ "ወያነ እያ ማሪኻትኒ" ብምባል ውጹእ ሓሶት ይትርኽን ይጽሕፍን ኣሎ። ኣብዚ ስርሒት እዚ ኤች 504 ጸራጊት ፈንጂ (ኣብ ባሕሪ) ኤይ 505 ነዳድን ማይን መግብን እተመላልስ፡ ብዘይካ'ዚኣ ንሓለዋ እተገልግል (ፓትሮል)፡ ከምኡ'ውን ኤይ 33 ላንዲን ክራፍት-ሰራዊትን ታንክታትን እተመላልስ፡ ሰለስተ ናይ ውግእ መራኽብ፡ ቁ13-14-15 ፒሲ ንሓለዋ ውግእን ፍተሻን ዘገልግላ፡ ጁሲፒና ዝተባህለት ናይ ጽዕነት መርከብ ዓንየን። "ኣውራሪስ፡ ሸኘው፡ ታጠቅ" ዝበሃላ ታግ ቦትስ፡ ንዓበይቲ መራኽብ ናብ ወደብ ባጽዕ ዘጸግዓ፡ ክልተ ላንዲንግ ክራፍትስ፡ ብዘይካ'ዚኣን ካልኦት ዓበይትን ንኣሽቱን መራኽብ ድማ ተሰሊበን። ድሕሪ'ዚ፡ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ንግዚኡ ካብ ንጡፍ ውግእ ናብ ምሩኻት ምቕባልን ምኹብኳብን፡ ዛሕ ዝበለ ንእሽቶን ዓብን ንብረት ምእካብ ኣድሃቡ። ኣብዚ ስርሒት'ዚ 300 መኰንናት ማለት፡ ብሪጋደር ጀነራል ጥላሁን ክፍለ፡ ብሪጋደር ጀነራል ዓሊ ሓጂ ዓብደላ፡ ካፕቴን ጸጋየ መኮንን፡ ሻለቃ ተኣምራት ኣኣለ፡ ጁነር ሌተና እልስታስብ ዋሴ፡ ሻለቃ ንጉሰ ተስፋይ፡ ፒቲ ኦፊሰር ዮሴፍ ተኽሉ፡ ዝርከብዎም ሸሞንተ ሽሕ ወተሃደራት ተማሪኾም። ድሕሪ ስርሒት 10 ለካቲ

ወት ስርሒት ፈንቅል ርጉጽ ዝኾነሉ ሃዋሁ ተፈጥረ። ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ንፎርቶን ናቫል ቤይዝን ተቖጻጺሮም፡ ብሕጥምሎን ኣማተረን ኣቢሎም፡ ዕዳጋ ምስ በጽሑ፡ ኤርትራዊ ዝመበቆሉ ክፋል ህዝቢ ባጽዕ፡ ብስእነት ስራሕን ደርቂ ዝጠንቁ ጥሜትን ድኽነትን ዝጽገም'ኳ እንተነበረ፡ ካበየ ኣባይቱ ወጺኡ ብታሕጓስን ዕልልታን ንተጋደልቲ ደቁ እናሰዓመን ካብ ዘለዎ እኽለማይ እናሃበን ንሞራል ተጋደልቲ ክብ ኣበሎ። ሓንቲ "ስለማርያም" እናበላ ብምጽወታ ዝናበራ ዝነበራ ምርኩስ ዝሓዛ ሽማግለ ኣደ፡ ነታ ዝርካባ ዓሰርተ ብር ኣውጺኣን ንሓደ ተጋዳላይ ክህበኦ ምስ ሃቀና፡ እቲ ተጋዳላይ ንየማናይ ኢደን ብፍቕሪ ዓትዒቱ፡ "ንስኽን ትወሃባን ትሕገዛን'ምበር ንስኽን ንዓና ክትህባና ዘይግባእ እዩ" ክብል ገንሐን። ቀጺሉ "እንተ እቲ ዘይሰዓር ሕልናኽን ግን ኣነ ንመዋእል ኣይርስዮን እየ" ክብል መኳሰን። እተን ኣደ ፍሽኽ እናበላ "ጸላኢኻ ውሕጅ ክወስዶ እንተርኢኻ ጥፍጣፍ ወስኸሉ" ስለዝበሃል፡ ጸላእትና ሓንሳብን

ንሓዋሩን ትጸርጉልና ስለ ዘለኹም ፈውሲ ጥሜት ንባኒ እንተኾነኩም ኢለየ” ብምባል ባህገንን ሓሳባተንን ገለጻሉ።

ዓወት ባጽዕ ዝተበሰረ ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ ዝነበረ፡ ማለት ካብ ጸሮና ክሳብ ቅሮራ፡ ካብ ኦምሓጀር ክሳብ ፎሮ፡ ካብ ሽላሎ ክሳብ ሃበሮ፡ ናቕፋ፡ ኣፍዓበት፡ ኣቑርደት፡ ተሰነይ፡ ባረንቱ፡ ዝነብር ህዝቢ እንተላይ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ (ኣስመራ፡ ደቀምሓረ፡ መንደፈራ፡ ከረን) ከምኡ’ውን ኣብ ስደት ሱዳን ማእከላይ ምብራቕ ኣፍሪቃ ኤውሮጳ ሰሜን ኣመሪካ፡ ዝነብር ዝነበረ ህዝብና ብታሕጓስ ውነኡ ዘጥፍእ፡ ዝርንዝሕ ዝነብዕ፡ ምዝራብ ዝሰኣነ፡ ብዙሕ’ዩ ነይሩ። ብፍላይ እቶም ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኮይኖም ነቲ ሕብረት ሶቭየት (ሩስያ) ንኢትዮጵያ እትህቦ ዝነበረት ናይ ኣጽዋርን ካልእን ቀጻሊ ሓገዛት፡ ደው ንኽተብል ብምቅዋም ናይ መግቢ ምሕሳም ኣድማ ዝገበሩ ትሽዓተ ኤርትራውያን፡ እዚ ናይ ፈንቅል ዓወት ተቓውሞኦም ንክቕጽሉ ድርዕን ሞራልን ኮኖም።

ሰንበት 11 ለካቲት 1990

ክልተ ናይ ውግእ መራኽብ ንሓንቲ ናይ ጽዕነት መርከብ ኣሰንየን፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ባጽዕ ዝኣተወን ዝተኸርደነን ሰራዊት ንምሕጋዝ ካብ ዓሰብ ብሸነኽ ደቡብ ናብ ባጽዕ ገስገሳ። እቶም ኣብ ውሽጢ ወሽመጥ ባሕርና ኣዝጊቦም ዝጸንሑ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ህዝባዊ ግንባር፡ በርቃዊ መጥቃዕቲ ፈጸሙለን፡ እተን ክልተ ናይ ውግእ መራኽብ ሕቖአን ሂበን ንዓሰብ ክሃድማ ጀመራ፡ ገለ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ህዝባዊ ግንባር ነተን ዝሃድማ ክኀዩወን እንከለዉ፡ ዝተረፉ ድማ ነታ ናይ ጽዕነት መርከብ ኣቃጻሉዋ። መርከብ ምስ ጽዕነታ ተባርዐት። ኣብታ መርከብ ዝነበሩ ሓደ ካፕቴን ዝርከቦም 21 ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ዘዘሊሎም ናብቲ ባሕሪ ክኣትዉ ምስ ጀመሩ፡ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ህዝባዊ ግንባር ተተቐቢሎም ኣድሓንዎም። “ምሩኻት ኲናት” ከኣ ኮኑ። ኣዛዚ 6ይ ክፍለ ጦር ብሪጋደር ጀነራል ተሾመ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ዝኸውን ወተሃደር ብስም ቆላማ ደጋማ “ሰራዊት ራስ ገዝ ”ተባሂሎም ዝጽውዑ፡ ማለት ተዓሲቦም ዝዓጠቑ ምልሻታት ገፋፊጡ፡ ከምኡ’ውን ዝተደናገሩን ዝተገደዱን ኤርትራውያን ክፉል ተቐማጦ ባጽዕን ነበርቲ ባጽዕ ዝነበሩ ኢትዮጵያውያንን ኣሰንዩ ናብ ውሽጢ ባጽዕ ኣተወ። ከምዚ ዝተጠቐሰ ሰራዊት ደርግ ብበርቃዊ መጥቃዕቲ ስርሒት ፈንቅል ካብ ኩሉ ዕርድታቱ ብፍላይ ካብቲ ንወደባዊት ከተማ ባጽዕ ዝኸበበ ፎርቶን ከባቢኣን ብሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ተጸራሪጉ ንውሽጢ ባጽዕ ገጹ ኣብ ዝኹብከበሉ ዝነበረ እዋን፡ ብዙሓት ካብ ወተሃደራቱን ናይ ውግእ ኣዘዝቱን፡ ነቲ ኣብ 1977 ማለት ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣፈፌት ባጽዕ በጺሑ ሚዛን ኲናትን ኩነታትን ብዘይ ምጥዕዓሙ ዘንሰሓበሉን እቶም

ነዚ ኣጋጣሚ'ዚ ዝተዓወቱሉ ኣዘዝቲ እቲ ስርዓት ድማ ዝተሸሙሉን ዝተናእድሉን ህሞት ዘኪሮም "ዳግማይ ዓወት" እናሓለሙ፡ ዝርካበን መካይኖምን ካብ ሞትን ምምራኽን ዘምለጠ ሰራዊቶምን ኣኻኺቦም ናብ ውሽጢ ባጽዕ ይጕዓዙ ነበሩ። ተቐማጢት ባጽዕ ወይዘሮ መዓሾ እውን ተመሳሳሊ ሓሳብ ነበረን። "ተጋደልቲ ከም ናይ 1977 ስርሖም ሰሪሖም ናብ በረኻኦም ክምለሱ'ዮም" ንዝብል ብዓቕመን ዝሓሰበኦ ሓሳብ ከም ቅቡል ወሲደን፡ ደቀን ኣኻኺበን ንብረተን ወጊነን፡ ካብ ክልተ መዓልቲ ዘየሕልፍ ስንቂ ቋጺረን ንውሽጢ ጥዋለት ገጸን ክጕዓዛ ጀመራ። እቲ ወተሃደራትን ሲቪል ሰባትን ጠራኒፉ ናብ ሓደ ወገን ዝጕዓዝ ዝነበረ እኩብ፡ ካብ ብዝሒ ዝነቐለ ንጽርግያ ስጋለት ቀጣን ከመዘይርአ ሽፈኖ። ሓደ ካብቶም ወተሃደራት ደርግ ንናይ ሚእቲ ሓለቓኡ፡ "ክቡር ሓለቓይ ትርእይዎ'ዶ ኣለኹም እዚ ሲቪል ህዝቢ፡ ካብ ንወንበዴታት (ሻዕብያ) ምጽባይ ምሳና ንውሽጢ ባጽዕ ምእታው መሪጹ" በለ ፍሽኽታ ኣሰንዩ።

እቲ ሓለቓ ሚእቲ፡ ገጹ ብጓሂ ትኪ መሲሉ "ደደብ (ደንቆሮ) ህዝቢ ምሳና እንተዝነብር ወንበዴታት (ሻዕብያ) ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ብሃንደበት ከም ኢራብ እናዘለሉ ውሻጠኻ ኣይምኣተዉን። ልዕሊ ፍርቂ ካብዚኣቶም ደገፍቶምን ሓበሬታ ኣቐበልትን'ዮም" በሎ ብሕርቃን። እቲ ወተሃደር "ከምኡ እንተኾይኑ ደኣ ንምንታይ ምሳና ንማልኣም ሓዲኡ ዘይንገብሮም" በሎ። 'ዘይንቐትሎም' ማለቱ እዩ። እተን ቋንቋ ኣምሓርኛ ብመጠኑ ዝርዳኣን እዝነን ኩር ኣቢለን ክሰምዓ ዝጸንሓን ወይዘሮ መዓሾ፡ በዛ ዳሕረይቲ፡ እዚ ወተሃደር ዝበላ ዘረባ ልበን ክትምሽት ደለየት። እቲ ሓለቓ ሚእቲ፡ እዛ "ሓዲኡ ዘይንገብሮም" ባህ ስለ ዝበለቶ ግዲ ኮይኑ ገጹ ኣብርህ ኣቢሉ፡ "ካብ ምቕታሎም ምርጫና ምሳና ክኣትዉ'ዩ። ምኽንያቱ - ምስዚ ሕጂ ሻዕብያ ተሃንዲዶም ዝመጽኡና ዘለዉ ኩነታት ኣዛሚድካ፡ ካብ ዝተሃደመ ዕርዲ፡ ናይ ሰላማዊ ህዝቢ ዕርዲ ኣዝዩ ዘተኣማምን ባህርያዊ ዕርዲ እዩ። ኣብ ከምዚ ህሞት ጸላኢ (ሻዕብያ) ነቲ 'ምእንታኻ'የ' ዝብሎ ህዝቢ ባዕሉ ከጥፍእ ከም ምርጫ ክወስዶ ይጽገም'ዩ" ክብል እምነቱ ገለጸ። ኣደይ መዓሾ "ንብዓል ነጎዳ ብሓዊ ተኩሶ" ከምዝበሃል፡ ካብቲ ቀዳማይ እዚ ዳሕረዋይ ዘረባ ብዝያዳ ኣሰንበደን። ካብቲ ኩሉ ንጥፍኣት ዝጕዓዝ ዝነበረ "ዓለም'ዩ" ዝበለኦ ተጕዓዚ፡ ንሰንን ደቀን ጥራይ ክምለሳ ንሓደጋ ዘቃልዕ ኮይኑ ስለዝተራእየን፡ ደቀን ዝልክም ውሳነ ብምውሳደን እናተጣዕሳን ነብሰን እናረገማን፡ ብማንታ ልቢ ነቲ መገዲ ጥፍኣት ተጕዓዝኦ።

እቲ ተረፍ መረፍ ወተሃደራት ሒዙ ውሽጢ ባጽዕን ጥዋለትን ኣትዩ፡ ሰላማዊ ህዝቢ ጀሆ ሒዙ ናይ ቅብጸት ስጉምቲ ዝወሰደ ጀነራል ተሾመ ተሰማ፡ ሰላማዊ ህዝቢ ከይልከም ኢዱ ብሰላም ክህብ ብምሩኻት ወተሃደራት ደብዳበ ምስ

ተሰደደሉ፡ ኣብ ትሕቲኡ ንዝነበረ ናይ ፖለቲካ ሓላፊ "ያላ ህጹጽ ናይ ሓለፍቲ ኣኼባ ጸውዓለይ!" በሎ። ንሱ ድማ ነቶም ረድዮ ኦፕረይተራት ንሓለፍቲ ብህጹጽ ክጽውዕዎም ኣዘዞም። ብመሰረት ትእዛዝ ዝርካቦም ተኣከቡ። እቲ ጀነራል መጸውዒኡ ምኽንያት "ሻዕብያ ከምቲ ኣብ 1977 ባጽዕ ንምሓዝ ኣብ ሳሊና ሓያል ምርብራብ ኣካዪዱ ብጽኑዕ መኸተ ኣብዮታዊ ሰራዊት ዝተመከተን ዝፈሸለን፡ ሕጂ ድማ ብስጋለት ቀጣን ዝገበሮ ፈተነ ምስላጥ ስለዝኣበየ፡ እንሆ ናይ ዓቕሊ ጽበትን ፍርሕን ደብዳበ ሰዲዱ" ኢሉ ፍሽኽታ ኣሰንዩ ንኣባላቱ ድሕሪ ምዕዛብ፡ "ምስ መራሒና መንግስቱ ሃይለማርያም ኣብ ዝገበርኩዎ ናይ ረድዮ ርክብ፡ ካብ ኣስመራ ንሓገዝ ዝተላእከ ሰራዊት ብጽቡቕ ገስጋስ ማይ ኣጣል ከምዝተገምገመ፡ እቲ ብዓሰብ ብመራኽብ ዝተበገሰ ድማ ኣብ ወሽመጥ ዙላ ከምዝበጽሐ ኣበሲሮምኒ ኣለዉ። ኣነ'ውን ከበስረኩም ደስ እብለኒ" ድሕሪ ምባል፡ ብዝያዳ ተቢያም ክከላኸሉን ዓወት ቀረባ፡ መዓርግን ጸጋን ድማ ኣብ ቅድሚኦም ተነጺፉ ከም ዘሎ ብምዝኽኻር፡ ነቶም ደብዳበ ካብ ህዝባዊ ግንባር ሒዞም ዝመጽኡ ክልተ ምሩኻት ነበር፡ ኣብ ቅድሚ ሰራዊት ንክርሸኑ ወሰነ።

እቶም ኣብቲ ኣኼባ ዝነበሩ ሓለፍቲ፡ ካብ ውሽጦም ርግኣትን ቅሳነትን ዝረሓቖም ኣብ ርእሲ ምንባሮም፡ እቲ ዝተዋህበ ሓበሬታ ንመብዛሕትኦም ኣጉል ተስፋ ምዃኑ ኣይተማትኡን። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣዝዩ ንኩልኻ ዘዋጥር እዋን፡ ስልጣን መዓርግ ዳርጋ ማዕረ ዝመጽኣሉ ኩነት'ዩ ዝፈጥር። ስለዚ ትብዕ ኢልካ ምዝራብን ምድፍፋርን'ውን ይቕልቀል'ዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ሓደ ካብቶም ሓለፍቲ፡ "ስምዑ ጀነራል እቲ ዝገለጽኩምልና፡ ሓገዝ ይመጽኣና'ሎ ዝብል ሓበሬታ ከም ኣፍኩም ይግበረልና፡ እንተ እቶም ነቲ ደብዳበ ሒዞም ዝመጽኡ ወተሃደራት ግን ሻዕብያ ኣብ ውግእ ማሪኹዎም ከብቅዕ ዘይረሸኖም፡ ንሕና ክንርሽኖም ብዝኾነ መለክዒ ቅቡል'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን። እዚ ምስ እንገብር፡ ኣብ ካልኦት ጽልኢ ኣሕዲሩ ብዝያዳ ንጸላኢ ኢዶም ንኽህቡ ዝደፍኦም እዩ" ክብል ብድፍረት ተዛረበ። ካልኦት'ውን ነዚ ሓሳብ'ዚ ዝድግፍ ተሪር ርእይቶታት ወሰኹ። ጀነራል ኩነታቶም ምስ ተዓዘበ፡ "ንሕጂ መኣከቢና ምኽንያት እዚ ዝተገልጸ'ዩ፡ ተጠንቂቕና ንሓሉ ዝግባኣና ንግበር፡ ጽባሕ ዝጽበየና ሞሳን ክብርን ተሰኪምና እውን ንኽእሎ ኣይኮነን። ኣይዞሃችኡ! (ኣጆኹም)" ክብል ደምደመ። መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር፡ እቲ ጀነራል ሓሳቡ ንኽቕይር ዝገበሩዎ ጻዕሪ ኣይሰመረን። ስለዚ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ምስ ኣዘዝቲ ሰራዊት ብምልዛብ፡ ነዚ ዕንቅፋት ዝኾነ ጀነራልን ሰዓብቱን ሃንደበታውን ተባዕን ረቂቕን ልዕሊ ኩሉ ድማ ህዝቢ ብዝተኻእለ መጠን ዘይህሰየሉ ወይ'ውን ኣዝዩ ውሑድ ሳዕቤናት ዝህልዎ ጥንቁቕ ስጉምቲ ወሲድካ ነቲ ዕቡይ ጸላኢ ምድምሳስ ኣብ ዝብል ውሳነሓባር ተረዳድኡ። ነዚ ዝበቅዕ ስልትን ስትራተጅን ድማ ሓንጸጹ። ንድራር መስዋእቲ እተዓደሙ ገናሽል ሓርነት ሓላፊ ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70 መድሃኔ

(ገጽን ፈረቓን) ከምኡ'ውን እቲ ቀጢን ነዊሕ ናብ ጽልሚ ዝኸደ መልክዕ ዝተዓደለ ካብ ግንባራት ውግእ ዘይፍለ ወኪል ዜና ህዝባዊ ግንባር፡ ጋዜጠኛ ተኸስተ ገረመድህን፣ ሓላፊ ጉጅለ ባህሊ ክፍለ-ሰራዊት 85 ዝነበረ ስዉእ መምህር ሰመረ በርሀ፡ ዝርከብዎም፡ ሰራዊት ደርግ ብዘይካ ብሰላም ኢድካ ምሃብን ንናይ ሓዋሩ መጻኢኻ ምሕሳብን ካልእ ምርጫ ከምዘይብሉ፡ ምውጋእ እንተመሪጹ ግን፡ ዝኸፍአ ሳዕቤናት ክህልዎ ምዃኑ ዘነጽር ኣብ ቴፕ ዝተቐርጸ መልእኽቲ ሒዞም፡ ብመጉልሕ ድምጺ ሓንሳብ ብወገን ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ሚካኤል፡ ሓንሳብ ድማ ብወገን ግራር ኣቃልሑዎ። እንተኾነ ገለ ውሑዳት ባሕሪ ሰንጢቖም ኢዶም ዝሃቡ እንተዘይኮይኑ፡ እቲ ኣዛዚ ይኹን ብተስፋ ዝሰኸሩ ሰራዊቱን ሰላማዊ ህዝቢ ድፋዕ ገይሮም ኣብ ውሳነኦም ደረቑ። እቲ ጅሆ ዝተታሕዘ ህዝቢ ባጽዕ፡ ናይ መግቢ ጸገም'ኳ እንተነበሮ፡ ጽምኢ ማይን ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ግን ኣዝዩ ከበዶ። ስኻ ኢልካ ስለ ዘይምወት ድማ ከ ም ኣባ እስቲፋኖስ ብርሃነ ዝኣመሰሉ ካህናትን መሻይኽን ዝርከቡዎም ልኡኻት ናብ ሰብ መዚ ተላእኩ።

ኣመሓዳሪ ናይ ኣውራጃ ስለዘይነበረ፡ ንምክትል ኣመሓዳሪ ኣቡቃስም ረኺቦም "እዚ ህዝቢ'ዚ እንታይ ገበረ፡ ቅድሚ ኩሉ ኣብ መንጎ ክልተ ሓዊ እዩ ዘሎ። ብዘይካ'ዚ፡ የለን ዘይፈልጡ ቈልዑ ሒዝካ፡ ሕክምና ይኹን ማይ ኣብ ዘይብሉ፡ ኣብ ከቢድ መዋጥር ይርከብ ኣሎ። ስለዚ ስደድዎ ይውጻእ እንታይ ገበረ፧" ክብሉ ተማሕጸኑዎም። እቲ ብዓል መዚ "ህዝቢ ክወጽእ ኣይክእልን'ዩ። ምኽንያቱ ወተሃደር ኢትዮጵያ ተረቢሹ ስለዘሎ፡ ክዳን ቀያይሩ ምስቲ ህዝቢ ወጺኡ ኢዱ ንህዝባዊ ግንባር ክህብ እዩ። ናይ ሕክምናን ማይን ጉዳይ ድማ ክንሓስበሉ ኢና። ድሓር ድማ ንባጽዕ ካብ ወንበዴታት ነጻ ዘውጽኡዋ ረዳት፡ ማይ ኣጣል በጺሖም ኣለዉ" ክብል ኣይብሱል ኣይጥረ ዝኾነ መልስታት ሂቡ ኣፋነዎም። ከምቲ ንሳልስቲ ዝቐነየ፡ ምድረ ሰማይ ሰላም ኣሎ እናተባህለ፡ ድሕሪ ገለ ሰዓታት እቶም ካህናትን መሻይኽን ዝገበርዎ ርክብ፡ ሃንደበት ጽዑቕ ናይ ካላሽናት ተኹሲ ተሰምዐ። "እንታይ ዝኾነ ደኣሉ፧" ኢልካ እንተሓተትካ፡ "ዓቕሎም ጸቢብዎም ፈንጢሶም ክወጽኡ ንዝፈተኑ ደቂ ባጽዕ ንኽመልሱዎም ወተሃደራት ኢትዮጵያ ብኣድራጋ ዝተኮስዎ ተኹሲ'ዩ" ዝብል መልሲ ተሰምዐ። ኣይደንጎየን ገለ ስድራቤታት ሰበን ከምዝሞቱወን ዘመልክት መሪር መልቀስ ተሰምዐ። ብዘይካ ናይ ሰላማውያን ሰባት፡ እቶም ብስም "ራስ ገዝ" ዝተዓስቡ ምልሻታት ደቂ ኤርትራ፡ "ከምቲ ዝድለ ኣይተዋጋእኩምን- ምድሕርሓር ኣርኢኹም- ክትሃድሙ ሓሲብኩምኣስተኳሽ (ሓባሪ ተኹሲ) ኮይንኩም ተወድኡና ዘለኹም ንስኻትኩም ኢኹም" ዝብል ምስምስ እናልዓሉ'ውን ከምዝረሸንዎም ይስማዕ ነበረ። ብ15 ለካቲት 1990 ናይቲ ብዘይ ተኹሲ ኣብ ምልዛብ ዝሓለፈ መቐጸልታ መዓልቲ ኮነት።

ባጽዕ ካብ ናይ ዓውደ ውግእ ናብ ናይ መናፈሲ ቦታ ዝተቐየረት መሰለት። ሰዓት ክልተ ናይ ድሕሪ ቀትሪ፡ ኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 70 ብጻይ ፍሊጶስ ወልደየውሃንስ (ጀነራል) ኣብ መኣዘዚ ቦታኡ ኮይኑ፡ ንሓለፍቲ ስለያ ክፍለ-ሰራዊት ተጋዳላይ መድሃኔን በላይ ህንጻን (ወዲ ህንጻ) ጸውዖም። መድሃኔ ምስ መሳርሕቱ ከም ቀደሞም መምርሒ ንምቕባል ኣብ ቦታ ኣዛዚ ቀረቡ። ከምቲ ልሙድ ኩነታት ጥዕናን ኣባላትን ድሕሪ ምሕታት “ናብዛ ስጋለት ቀጣን ንኽትኣትዉ ቅሩባት ዲኹም፣” በለ ዓይኒ ዓይኖም እናጠመተን ነቲ ወትሩ ዘዘውትሮ ጸጕሪ ልዕሊ ከንፈሩ እናረምጠጠን። ብጻይ ፍሊጶስ (ጀነራል) ከም ወተሃደራዊ ኣዛዚ “ንስጋለት ቀጣን እተዉ!” ኢሉ ብጥረኣ ክእዝዝ ይኽእል ነይሩ’ዩ። እንተኾነ ኣባላት ስለያ ከም ባህሊ ቀንዲ ዕማሞም፡ ከም ኣሚባ ኣብ ከብዲ ጸላኢ ኣቲኻ ምስጢር ጸላኢ ምብርባር ምኳኑ ስለዝፈልጥ’ዩ። ሽዑ’ውን ንሳቶም ዝድለዩሉ ወሳኒ ሰዓት ኣኺሉ ነበረ። ክልቲኦም ሓለፍቲ ነዚ ሓበሬታ’ዚ ብኽፉት ልቢ ምቕባሎም ንምርግጋጽ “ቅሩባትን ፈረቓን’ምበር” በሉ ብዘየወላውል። “በሉ ተዳሊኹም ኣብ ቦታ መበገሲ፡ እንዳ ነዳዲ ወይ ሲነማ ኣይዳ ውረዱ” በሎም። መድሃኔ ምስቲ ካልኣይ መሳርሕቱ ወዲ ህንጻ፡ ብዛዕባ’ቲ ብኣዛዚ ክፍለሰራዊት ዝተዋህቦም ስራሕ ድሕሪ ምምይያጥ፡ መድሃኔ ንወዲ ህንጻ፡ ነቲ ሒዞሞ ዝነበሩ ምሩኻት ናይ ምዝርራብን ሓበሬታ ናይ ምእካብን መስርሕ ዝቐጽሉ ውሱናት ኣባላት ገዲፉ፡ ምስቲ ዝጽበዮም ዘሎ ናይ ተርግእ ወተሃደራዊ ስራሕ ዝቃዶ እኹል ዕጥቂ፡ ዝያዳ ናይ ኢድ ቦምባታት ኩሎም ኣባላት ከምዝዓጥቁ ክንገሮምን ከዳልዎምን ሓበሮ። ብመሰረት ዝተዋህቦ ሓበሬታ ድማ ወዲ ህንጻ ኣባላቱ ድሉዋት ከም ዝኾኑ ገበረ። በዚ ኣገባብ እዚ ሰለስቲኦን ጋንታታት ስለያ ክፍለ-ሰራዊት ካብ ቅድሚኡ ፍልይ ዝበለ ዕማም ማለት ድሎ ብድሎ ምስ ጸላኢ ዝገጥማሉ ኣጋጣሚ ተፈጥረ።

ሰዓት ሓሙሽተ ናይ ምሸት ምስ ኮነ፡ መራሕቲ ጋንታታት ይኹኑ ኣባላት ንስራሕ ምኳኑ’ምበር ብንጹር ናበይን እንታይን ምኳኑ ከይፈለጡ ድሉዋት ኮኑ። እቶም ምስጢር ናይቲ ስራሕ ዝፈልጡ ክልተ ሓለፍቲ፡ ነቲ ስራሕ መሪሑ መን ይኺድ ኣብ ዝብል ሓሳብ “ኣነየ ዝኸይድ ኣነባ! (ኣነ’የ ንመስዋእቲ ዝኸይድ ኣነባ!) ኣብ ዝብል ምጉት ተዋጠጡ። ወዲ ህንጻ ኣብዚ እዋን’ዚ ኮይኑ ከም ዝዝክሮ ካብዛ ውግእ እዚኣ ብምትራፉ ምስ መድሃኔ ንነዊሕ ዝኸደ ኩራ ነይሩዎም። እተን ሰለስተ ጋንታታት መሳርዐን ሒዘን ካብ ከባቢ ፎርቶ ተበጊሰን ዕዳጋ ሰንጢቐን ኣብ ኣፍደገ ስጋለት ቀጣን ዘሎ ደንደስ ተጸግዓ። ነፍሲ ወከፍ ኣባል፡ ብዘይካ ኣብ ዕጥቁ ዝነበረ፡ ኣብ ርእሲኡ ሓሙሽተ ቦምባታትን ኣብ ነጸላ ዝተቛጸረ ጠያይትን ወሰኸ። ብራሾ ኣገዳስነቱ ስለዘይተራእዮም ኣትረፍዎ። ኣባላት ሃንደሳ’ውን ብኸምዚ ኣገባብ ብድሕሪኦም ተጸግዑ። ነፍሲወከፍ ኣባል

ነቲ ባሕሪ ብምጥማት "ንስሌኻ'ዩ እዚ ኩሉ መስዋእትን ከልበትበትን" ዝብሎ ክመስል ቀልቡን ሃሙን ናብኡ ዘበለ።

እዘን ሰለስተ ጋንታታት ንውግእ ይቀራረባሉ ዝነበራ ህሞት፡ እቲ ብ8 ለካቲት 1990 ኣፍልቡ ዝተወግአ ሓደ ካብ መራሕቲ ጋንታታት ዝኾነ ገጹ ብጸጉሪ ርእሱ ዝተሸፈነ ቆማት ክፍለ ስብሃቱ፡ በዚ መጽአ ከይበልዎ ጠቐ በለ። ክንዮ ምግራም "ሕክምናኻ ከይወዳእካ እምበኣር ካብ ሕክምና ሃዲምካ መጺእካ" ጥራይ በልዎ። ናብ ዕማሞም ተመሊሶም፡ ንክፍለ እታ ክገብሩዋ ዝኽእሉ፡ ነዛ ብሰጋጥ ናይ ተተኲስቲ ተረጊጣ ዘላ ስጋለት ቀጣን ንክኸፍቱ ንሓያል ግጥም ይቀራረቡ ምህላዎም ሓቢሮም፡ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ውግእ ድማ ክፍለ ዝገብሮ ነገር ከምዘይብሉ ምግላጽ ነበረት። ክፍለ ኣሃዱኡ ንወሳኒ ውግእ ክትኣቱ ምስ ተወሰነ፡ ንድሕሪት ተመሊሱ ነዚ ዝስዕብ ዘከረ። ቅድሚ ናደው እዝ ምድምሳሱ፡ (1988) ካብ ሳሕል ናብ ከበሳ ዝነበረ ጉዕዞ፡ ብመንገ መጎሎ፡ ተርኪና፡ መስመር ኣቔርደት ባረንቱ ሰንጢቕካ'ዩ ዝኸየድ ነይሩ። እዞም ጽርግያ ሰንጢቕም ዝሰግሩ ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ኣብ ገለ እዋን ዘይተጸበይዎ ድብያ ጸላኢ ይጸንሖም ብምንባሩ ብዙሕ ጸገማት ይገጥሞም ነበረ። በዚ መሰረት ኣብዚ ዝተጠቐሰ ቦታታት ዓስኪሩ ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ምስ ፍናኑ'ዩ ነይሩ። ኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 70 ብጻይ ፍሊጶስ (ጀነራል) ንኣባላት ስለያ ክፍለሰራዊት 70 ኣኪቡ፡ ተዋጋኢ ሰራዊት በቲ ዝጥዕም ኣትዩ ነዚ ዝተጠቐሰ መዓስከራት ክድምስስ ምእንቲ፡ ደቂቕ ስለያዊ መጽናዕቲ ከካይዱ ሓበሮም። ደጋጊሞም ዘካየድዎ ስለያዊ መጽናዕቲ ምርኩስ ዝገበረ መጥቃዕቲ ንክካየድ ድማ ተወሰነ። ከም ኣገባብ ኣባላት ስለያ ነቲ ዘጥቅዕ ኣሃዱ ቦታኡን ታርጌቱን ምስ ኣፍለጥዎ፡ ዕዮ ገዛኦም ብምውዳኦም ናብ ካልእ ስለያዊ መጽናዕቲ ንምውፋር ናብ መበገሲኦም ቦታ'ዮም ክምለሱ ዘለዎም። እንተኾነ ውግእን ጓይላን ዘወናውኖ ሰብ፡ ሂም ከበሮን ቡም ዝብል ቦምባ ኢድን እናሰምዐ ደቂሱ ክሓድር ወይ ርሒቑ ክኸይድ ዘይሕሰብ'ዩ። ኣባላት ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70 ድማ ስለዝመሰጦም፡ ኣብቲ ውግእ ተሳተፉ'ሞ ግደ መስዋእትን መቑሰልትን ኮኑ። ናብ ቦታኦም ምስ ተመልሱ፡ ኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 70 ብትርር ዝበለ ኣገባብ ድሕሪ ምግሳጽ "ንስኻትኩም! እቲ ኩነታት ይጸንክር፡ ይምረር ብዘየገድስ፡ ዕማምኩምን መዝነትኩምን ኣይኮነን። ንስኻትኩም ብውልቂ ይኹን ብሓባር ንህዝብን ውድብ ህዝባዊ ግንባርን ክትብሉ እትኣትዉሉን ዋጋ እትኸፍሉሉን ኣገዳሲ ሰዓትን ወሳኒ ውግእን ክመጽእ'ዩ። እዚ ክሳብ ዝመጽእ ድማ፡ ብዘይ ትእዛዝ፡ ውግእ ርኢና ኢልኩም ከይትኣትዉ!" ክብል ትርር ዝበለ መምርሒ ኣመሓላሊፉ።

እቲ ብሰሪ መውጋእቱ ካብዚ ውግእ'ዚ ዝተርፍ ዘሎ ክፍለ ስብሃቱ፡ ነዚ ዘኪሩ'ዩ፡ ነቲ ካልኣዩ ዝኾነ መራሕ ጋንታ (ወዲ ዘውደ) ናብ ኣዝኑ ጽግዕ ኢሉ፡ "ወያ

ብጻይ ፍሊጶስ ዝበላ መዓልት'ስ ብእግራ ብኢዳ መጺኣ" ምስ በሎ ወዲ ዘውደ ፍሽኽ እናበለ "መስዋእትና ዘይተርፍ ምዃኑ ኣሚነ እኮ'የ ድሕረይ ነዛ ጋንታ መታን ክትመርሓ ኣይትኽይድን ኢኻ ዝብል ዘለኹ" ኢሉዎ ኣመት መጥቃዕቱ ክገብር መኣዝኑ ቀየረ። ብሓደ መዳይ እዚ ንስጋለት ቀጣን ናይ ምጥቃዕ መደብ እናተወጠነ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ'ከ እንታይ ተዛማዲ ውጥን ኮን ይህሉ፣ እዞም ተሓርዮም ዝኣትዉ ዘለዉ ኣባላት ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70ን ሃንደሳን'ከ መጻኢ ዕጫኦም እንታይ ክመስል'ዩ፣ ኣብ ውግእ እንታይ ክትከውን ከምዘለካ ንስኻ ዘይኮንካ፡ እቲ ኩነታት'ዩ ዝውስነልካ። ማይ ዘይርከቦ ከም ሰተታ ጻሕ ዝበለ ሰሃራ እንተገጢሙካ ንተፈጥሮ'ኻ ናብ ገመል ክትቅይሮ ትቕሰብን ትጋደልን። ጎቦ እንተጸኒሑካ ናብ ህበይ ክትቅየር ትቕሰብን ትጋደልን። ከምዚ ሕጂ ነዞም ተጋደልቲ ስለያ ክፍለሰራዊት 70 ገጢምዎም ዘሎ ውግእ ኣብ ባሕሪ እንተገጢመካ ድማ፡ ዓሳ ወይ ጃልባ ወይ ከኣ ኣምፊብያን ንምዃን ብውሕዱ'ውን ብሓሳብ ትሕልን፡ ገድሊ ከኣ ሕመረት መቐረቱ ኣብዚ'ዩ።

**ዘየወላውል ተባዕ ስጉምቲ**

ላዕለዎት መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ባጽዕ ሰላማዊ ህዝቢ ጀሆ ሒዙ ክከላኸል ዝፍትን ዝነበረ ጀነራል ተሾመ ተሰማ ሓሳቡ ንኽቕይር ዝገበሩዎ ጻዕሪ ኣይሰመረን። ስለዚ ምስ ኣዘዝቲ ሰራዊቶም ብምልዛብ፡ ነዚ ዕንቅፋት ዝኾነ ጀነራልን ሰዓብቱን ሃንደበታውን ተባዕን ረቂቕን ልዕሊ ኩሉ ድማ ህዝቢ ብዘይህሰየሉ መገዲ ንምድምሳሱ ሓድሽ ስልቲ ከምዝሓንጸጹ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ጠቒስና ነይርና። በዚ ሓድሽ ወተሃደራዊ ስልቲ'ዚ ድማ፡ ሓሙስ 15 ለካቲት 1990 ልክዕ ሰዓት 5:30 ድሕሪ ቐትሪ ማእከሎትን ዓበይትን መዳፍዕ፡ ሞርታራትን ረሻሻትን ህዝባዊ ግንባር ልክዕ ከምቲ ብኣይሂ በረድን መሸምበባን ምድሪ ዘጸልምት ዝናብ፡ ናብ ቦታ ጸላኢ ክዘንብ ጀመረ። ባሕሪ'ውን እቲ ተኹሲ ግዲ መሲጥዎ፡ ካብቲ ወፌርዎ ዝወዓለ ናብ መሬት ብምጽጋዕ በብቕሩብ ምምላእ ጀመረ። ናይ ተበገስ ሰዓት ምስ ኣኸለ፡ ኣባላት ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70 ልክዕ ሰዓት 5:45 ካብ ጸግዒ ሲነማ ኣይዳ ናብ ውሽጢ ባሕሪ ጠነኑ። በብቕሩብ መንደቕ ድንድል ስጋለት ተጸጊዖም ቅልጣፈ ወሲኾም ንማይ ባሕሪ እናጋለሁ ገስገሱ። ነቲ ኣብ ምጉያይ ዝሕል ዝበለ ሳልሕ ዓፉን፡ መራሒ ጋንታኡ "ኣታ ወዲ እዚ እግርኻ እንታይ ኮይኑ'ዩ ሕልኽ-ሕልኽ እትብል" ክብል ግርጭ ኢሉ ገንሖ። ሳልሕ ዓፉን "ብጻይ! ካብ ምድሪ ኢትዮጵያ (ኣሶሳ) ጀሚረን ክሳብ ሕጂ ካብ ዘየዕረፋ ኣብራኽ እንታይ ክትጽበ ደሊኻ እዚ'ኳ ንሰን ኮይነን!" ክብል መለሰሉ'ሞ፡ ብሰሓቕ ዝኣክል ንገለ ካልኢት ነቲ ውግእ ረስዖ - መራሒ ጋንታ።

ነፍሲ ወከፍ ወተሃደር ጸላኢ ሽሕ'ኳ ካብቲ ንዝኾነ ፍጡር ንምጽሓይ ዝተበገሰ ዝመስል ተኹሲ ነብሱ ንክድሕን ከም ኣንጭዋ መንቀራቕሮ ኣብ ምንዳይ

እንተነበረ፡ ካብቲ ቀንዲ ብቕድሚት ዝመጽኦ ሓይሊ ንምክልኻል ግን ዓዲ ኣይወዓለን። ክንዲ ዝኾነ ነቶም ብጸግዐ ጸግዒ ዝውተፍዎ ዝነበሩ ኣባላት ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70 ነብሱ ንምክልኻል፡ ጠያይትን ቦምባታት ኣርፒጂን ከም መሽምቦባ ፈነወሎም። ገለ ካብ ኣባላት ስለያ ብንጣር ተተኲሰቲ ኣርፒጂን ጠያይትን ተወግኡ። ኮሚሳር ጋንታ ብሉጽ ጠዓመ ድማ ተወጊኡ ወደቐ። እዚ እናኾነ፡ እቶም ዝተረፉ ብዘይካ ንቕድሚት ምቕጻል ካልእ ምርጫ ኣይነበሮምን። ምስቲ እናመልአ ዝኸይድ ዝነበረ ባሕሪ እናተቓለሱ ይግስግሱሉ ኣብ ዝነብሩ ህሞት፡ ብሸነኽ ጺጋም ካብ ጸላኢ ዝተተኮሳ ጠያይቲ ንዘርኣይ ኪዳነ (ተብተብ) ክልተ ኣእዳዉ ኣቑረየኦ። ንሱ’ውን ምስ ብሉጽ ተደረበ። ሕጂውን ንቕድሚት ምቕጻል ጥራይ’ዩ። ምስቲ ዝዘንቦም ዝነበረ እልቢ ጠያይቲን ምስቲ ክውሕጦም ዝመጣጠር ዝነበረ ማይ ባሕሪን እናተቓለሱ፡ ንማይ ባሕሪ ሕብሩ ክቕይር ዝፈታተን ዘሎ ዝመስል ወረር ዝብል ደም ብጸቶም እናረኣዩ ናብቲ ዘድምዕሉ ቦታ ይጽግዑ ነበሩ። እቲ ተጻብኦ በዚ ከየብቅዐ፡ ካብተን ብጸጋም ዝነበራ ዝኣረጋ ጀላቡ፡ ዘይተጸበይዎ ቦምባ ኣርፒጂ ነቲ ዝተጸግዕዎ መንደቕ ሂም ኣቢሉ ደሰኞ። ሽሕ’ኳ እንተዘይወግኣም ከም ኤለትሪክ ተዘዝ ኣቢሉ ብሃፋን ባሩድን ዓለሶም። ሕጂውን ንቕድሚት ምቕጻል ጥራይ’ዩ። ኣብዚ ጉዕዞ’ዚ ሳልሕ ዓፋንን ኅይትኦም (ኮረርን) ተሃሪሞም ተረፉ። ናብ ጸላኢ እናቐረቡን እናተጸግዑን ብዝኸዱ መጠን፡ ዝያዳ ንተጻብኦ ጸላኢ እናተቓልዑ ከዱ። ነዚ ኩሉ እናተጻወሩ ናብታ ኣብ ማእከል ባሕሪ ኅድኒ ስጋለት ዝነበረት ቢንቶ በጽሑ። ኣብዚ’ውን ባሕሪ እናሽመሞም ከደ። ስለዚ ኣብ ባሕሪ ሞት ኣብ ምድሪ’ውን ሞት ካብ ኮነ፡ ናብ ጽርግያ ክወጽኡ ወሰኑ’ሞ ገብረሂወት ገብረኪዳን ኣፍ ልቡ ተሃሪሙ ንቕድሚት ወደቐ። ናብዚ ስርሒት’ዚ ቅድሚ ምብጋሶም ዝተዋህቦም ሓበሬታ ማለት “ኣብ ፍርቂ ምስ በጻሕኩም ናብታ ኣቐዲማ ዝተቓጸለት ጃንጋር ታንኪ ደይብኩም፡ ከም መንጠሪ ተጠቐሙላ” እትብል ሓበሬታ ዘኪሮም፡ ከም መዕቆቢት ተጠቕሙላ።

እንተኾነ እታ ታንኪ’ውን ቀንዲ ዒላማ መጥቃዕቲ ጸላኢ ኮነት። ነዚ ዘስተብሃለ ሃይለ ብትርር ዝበለ ድምጺ “ሃየ ያላ ውረድ ተኣለ- ተበገስ” ኢሉ፡ መሪሕዎም ናብታ ማእከል ባሕሪ ዝነበረት ሓወልቲ መሰል ፓዛመንቶ ዘለለ። ደድሕሪኡ እናተሃንፈፉ ዝኸዱ ዝነበሩ መድሃኔን ዓንዶምን (ቀይሕ ዕንባባ) ተሃሪሞም ናብ ማእከል ባሕሪ ወደቑ። ብኸምዚ ንነፍሲ ወከፍ ስድሪ መሬት ዋጋ እናኸፈሉ ተጓዕዙ። ቀጺሎም ካብዛ ዝተጸግዑዋ ፓዝመንቶ ናብቲ ብጨውን ማሽላን ዝተሰርሐ ድፋዓት ጠኒኖም ክኣትዉ እናተቐራረቡ፡ ካብ ጸጋማይ ጫፍ ስጋለት ቀጣን ዝነበረት መረባዕ ዝወጽአ ወተሃደር ጸላኢ፡ ብተመልከተለይ ብኣድራጋ ዝፈነዎ ጠያይቲ ንየማነ መኮነን ወቒዑ ኣትረፎ። ናይታ እትመርሕ ዝነበረት ጋንታ መጸውዒ ኮድ “ቆጃሕ” እዩ ዝነበረ። እቲ ኣብ ሲነማ ኣይዳ ናይ ረሻሻት

ጽዑቕ ተኹሲ እናዘነቦ ነተን ዝኣተዋ ጋንታታት ዝኣልን ዘወሃህድን ዝነበረ መድሃኔ ደባስ (ገጽን ፈረቓን) ነታ ሒዙዋ ዝነበረ ረድዮ ሃለው ክልተ ግዜ ጸዊጡ "ሃለው ቆጃሕ" በለ። ዝተቐበሎ ድምጺ ድማ ናይ ተስፉይ'ዩ ነይሩ። "ሃለው ባዙቃ" ክብል መለሰ። መድሃኔ "ኩነታትኩም ከመይ ኣሎ፧" ክብል ሓተተ። "ጽቡቕ ኣለና ጽቡቕ ንግስግስ ኣለና" ክብል ኣብ ውሽጢ ረመጽ ኮይኑ መለሰሉ። መድሃኔ ካብ ድምጺ ናይቲ ዝተቐበሎ፡ እቶም ክልተ መራሕቲ ጋንታታት ወይ ተወጊኦም ወይ ተሰዊኦም ክኾኑ ከምዝኽእሉ ገመተ።

ኣብቲ ተጻጊያሙሉ ዝነበሩ ከባቢ ኮይኖም፡ ናይ ዝሞቱ ወተሃደራት ጸላኢ ሬሳታት ተነፊሖ ረኣዩ። ጥቓ ጸላኢ እናቐረቡ ብዝኸዱ ድማ፡ ተኹሲ ይጽዕቆም ነበረ። በዚ ድማ በብሓደ፡ ሰብ ወሓደ ኮነ። ዝያዳ ጽንዓት ኣብ ዝሓትት ጥርዚ ፈተነ በጽሑ። ተሪፉቶም ዝነበረት ሓጻር ስጉሚ ትኹን'ምበር ዕጽፊ ምረትን ትብዓትን ትሓትት እያ ዝነበረት። ምድሪ ዓይኒ ምሓዙ'ዩ ኣብ ምጽልማት ዝመጽእ ለውጢ ኣብ ወተሃደራዊ ግጥማት ቀሊል ኣይኮነን። ኣዘዝቲ ሰራዊት ጸላኢ ነዚ ዝተረድእዎ ክመስሉ፡ ብርክት ዝበለ ቁጽሪ ካብ ሰራዊቶም ካብቲ እንዳ በረድ ከም ፍልሖ ናብቶም ዘጥቅዑ ዝነበሩ ኣባላት ስለያ ክፍለ-ሰራዊት 70 ኣፍሰሱ። ሃይለ ወልደሚካኤል፡ ነዚ ምስ ተዓዘበ፡ "ኣሳፊሕካ ሞት'ዩ ተኾርሚኻ ሞት" ብምባል "ያላ ንእተወን ህጁም" ምስ በለ ኩላቶም ዘዘሊሎም ናብተን ካናለታት ብምድቕዳቕ ንዝነበረኦም ቦምባታት ኢድ ወርወሩወን። ሂም'ሂም ዝብሉ ድምጽታት ተደጋገሙ። እዚ ንባዕሉ ነቶም ካልኦት ተጋደልቲ ብስራት ናይ ምንካስ ኣገዳሲ ክፉል መሬት ምዃኑ ከነጽር እንከሎ፡ ንጸላኢ ድማ ከቢድ ራዕዲ ፈጠረ። ሃይለ ባዕሉ ረድዮኡ ጠዊቑ፡ "ሃለው ባዙቃ" ትሰምዓኒዶ'ለኻ፡ ትሰምዓኒ እንተሊኻ መሬት ነኺስና ኣለና" እትብል መልእኽቲ ሂቡ ናብ ዕማም ምድርባይ ቦምባታት ቀጸለ።

ረድዮ ሃለው ናይ መልሲ ጻውዒት ገበረት። መድሃኔ (ባዙቃ) "ሰሚዐካ'ለኹ ሓየት! ጥራይ ክሳብ ኣሃዱታት ዝድርበልካ ተጸሚምካ ንኸስ" በሎ። "ማይ ሁመክ ዝኸበደ ተሰጊሩዩ!" ዝብል ሓጺር መልሲ ጥራይ ኣብ ኣየር ኣቃልሐ። ስለዚ እቶም ምዑታት ሃጀምቲ በዛ ዝረኸቡዋ ንእሽቶ ናይ ዓወት ኣፍደገ ተበጊሶም ንየማነ ጸጋም ኣጋፍሑ። ብውሽጦም ከም ኩሩበል ማዕጾ መንግስተ ሰማይ ዝኸፈቱ ኮይኑ ተሰምዮም። ልቦም ብሓበን ተመልአ። ከይደንጎየት ፍዮሪ መሓሪ (ጓል መሓሪ) ዝመርሓታ ሓይሊ ናይ በጠሎኒ ክልተ ብርጌድ 71 ብጉያ ሃፍ! እናበለት መጺኣ ጽግዕ በለቶም። ፍናኖም ሰማይ ዓረገ። ድሕሪ'ዚ ረሻሽ ዝጸዓና ኦራላት ጸላእን ተጋዳላይን ኣብ ውሽጢ ቅርዓት ጥዋለት ተሓናነቐ ኮነ። መራሒት ሓይሊ ጓል መሓሪ "ብዓል ኣርፒጂ ኣበይ ኣለኻ" ኢላ ድሕሪ ምቁማት፡ "ሃየ ኣላህማ" እናበለት ንሳን ሓይላን ኣብ ዕሙር ናይ ኢድ- ብኢድ ተኹሲ ተሸመሙ። እታ ብወዲ ግደ እትምራሕ ሓይሊ ከቢድ ብረት ክፍለ-

ሰራዊት 70 ድማ፡ ብጉያ ናብታ ኣብ ማእከል ስጋለት ቀጣን እትርከብ ቢንቶ ብምብጻሕ ረሻሽ ተኺላ ደገፍ ክትህቦም ጀመረት። ካብዚ ንንየው እቲ ኣቐዲሙ ንጸላኢ ዘርብሕ ዝነበረ ባህርያዊ ብልጫ ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባርን ሰራዊት ደርግን ሓደ ኮነ። እቲ "ሰስረኻ" ዝብልዎ ኤርትራዊ ብሂል ድማ ትርጉም ለበሰ። ኣብ ሲነማ ኣይዳ ኮይኑ ምስ ላዕለዎት ኣዘዝቲ እናተራኸበ ነቲ ኩነታት ብቐረባ ዘወሃህድ ዝነበረ ኮሚሳር ብርጌድ 71 ምሕረተኣብ፡ ረድዮ ከፊቱ "ሃለው ደርማስ" ኢሉ ንልዕሊኡ ዘሎ ኣካል ረኸቦ። "ሃለው ደበና" ክብል ድማ መለሰሉ። "ዕማም ጽቡቕ ይግስግስ ኣሎ። ናይ ባዙቃን ቃፍላይን ናብ ማርያም ጥዋለት ገጾም ይግስግሱ ኣለዉ" ኢሉ ዘረባኡ ከቕጽል እናሓለነ፡ ካብ ጸላኢ ዝተተኮሰት ጥይት ኣፍልቡ በሲዓ ወጽኣት። ድሕሪ'ዚ ተጸይሩ ናብ ሕክምና ተወስደ። ስርሒት ምስባር ማዕጾ ስጋለት ቀጣን ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ በጽሐ። እዚ እናኾነ፡ ብካልእ ወገን እንታይ ንጥፈታትን ብልሓታት መጥቃዕትን ኮን ተዋዲዶን ተተግቢሩን ይኸውን፧

**ምድረ-ማያዊ ስርሒት**

14 ለካቲት እተን ብስም 04 ዝፍለጣ ሓይልታት ከቢድ ብረት ክፍለ-ሰራዊት 70 ድሕሪ'ቲ ነዊሕን ኣህላኽን ውግኣት ብፍላይ ድማ ግጥም ናቫል በይዝ፡ ኣብ ደንደስ ባሕሪ ኮይነን ኣብ ተዛማዲ ምዝናይ ነበራ። ኣዛዚ በጦሎኒ ናይ 04 ብጻይ ሚኪኤል (ወሎ) ንኣዘዝቲ ሓይሊ ብርሃነ ተወልደን (ሰንጋል) ንወዲ በርህን ጸዊዑ ሒዝዎም ናብቲ ካብ ናቫል በይዝ ንወደብ ዘጠምት ቦታ ድሕሪ ምኻድ "ብፈጣናት ጀላቡ ገይርኩም ነዚ ባሕሪ ሰንጢቕኩም፡ ናብቲ ብማዕዶ ዝረኣየና ወደብ ክትኣትዉ ኢኹም። ስለዚ ናብዚ ዘምጻእኩኹም መእተዊኹም ብግቡእ ንኽትርእዩ እዩ" በሎም። ግብረ መልሲ ንምጽባይ ናብ ኣዒንቶምን ገጾምን ኣቋመተ። ብርሃነ (ሰንጋል) ፍሽኽ እናበለ፡ ነቲ ካብ መሬት ተበጊስካ ባሕሪ ሰንጢቕካ ኣብ መሬት ብምውራድ ዝጥለብ ዘሎ ምድረ ማያዊ ስርሒት ብሕልና እናተሳእሎ፡ "ብጀላቡ ኣቲና ኣጥቂዕና ቦታ ክንቆጻጸር ዲኻ ዝበልካ ሓቀይ፧" በሎ ብሓውሲ ምግራም፡ ባሕሪ ሰንጢቕካ ውግእ ምክያድ ናይ ፈለማ'ዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ባሕሪ'ውን ሓንቢሱ ዘይፈልጥ ምዃኑ እናሓሰበ። ሚኪኤል ወሎ "ብርግጽ" ክብል ሓጺር መልሲ ሃቦ።

ሰንጋል ምስ ወዲ በርሀ ትጥምምት ኣበሉ'ሞ፡ ሰንጋል ነቶም ኣብ ቅድሚኡ ካብ ባሕሪ ንሰማይ እናዘለሉ ዝፍስሁ ዝነበሩ ዓሳታት ርእዩ ኣቢሉ፡ "ወዲ በርሀ ዓርከይ፡ መስዋእትና ዘይተርፍ'ዩ ሓመድ ዓድና ከይንስእን ጥራይ'ዩ ስክፍታይ" በሎ ፍሽኽታ ሓዊሱ። ሚኪኤል ወሎ ከም ቁጥዕ ኢሉ "ስምዑ ንስኻትኩም ሰሓቕ ተራእይኩም፡ ብፍላይ ሰንጋል ቅድሚት እትኣቱ ንስኻ ስለዝኾንካ፡ ናይዛ ኩላ ጸገም ፍታሕ ኣባኻ'ዩ ቀሊል ሓላፍነት ከይመስለካ!" በሎ። "ማይ ሁመክ

ወሎ ዓርከይ - ጥራይ መዓስ በየን ንኣቱ ኣትሕዘኒ” ክብል ልቡ ኣረስረሶ። “ናይዚ እትብሎ ዘለኻ ዝርዝር ቀስ ኢልካ'ዩ” ክብል ድሕሪ ምምላስ፡ ተታሓሒዞም ካብቲ ቦታ ተኣለዩ። ኣብ መገዶም ምስ ዮሴፍ (ሓኔታይ) ሓላፊ ጉጅለ ባህሊ ክፍለ-ሰራዊት 70፡ ብኣጋጣሚ ጎፊጎፍ ተራኸቡ'ሞ፡ ሰንጋል ካብቲ ናይ ባሕሪ ዝኸርታት ውጽእ ኢሉ፡ ከም ስንብድ ኢሉ “ሰላም ሓነታይ” በሎ። ስንባደኡ ምኽንያት ነይሩዎ'ዩ። ንሱ ድማ ነታ ቅድሚ ቅሩብ መዓልታት ምስኡ ትታኸስን ትረጋረግን ዝነበረት መዛምድቲ (ሕጽይቲ) ዮሴፍ ሓነታይ ዝኾነት ብጻይቲ፡ ኣብ ጎላጉል ሰምሃር ምስዋኣ ዘኪሩ'ዩ። ሰንጋል ነዚ ዝኸሪ ዝሓደገ ፍጻመ ንውሽጡ ውሒጡ፡ ምስ ዮሴፍ ክጨራረቕ ጀመረ። ዮሴፍ ድማ ካብቲ ካብ ጸላኢ ዝረኸቦ ካሴታት ድምጺ፡ ዘጋጥሞም ኣገዳሲ ጉዳይ ንምስናድ ወይ ዝፈትውዎ ደርፍታት ንምምላእ ብምባል፡ ንሰንጋል ኣርባዕተ ካሴታት ካብ ጅብኡ ኣውጺኡ ሃቦ። “በሉ ስራሕ ኣለኒ” ኢሉዎም ድማ ተዓዝረ።

ነተን ኣርባዕተ ካሴታት፡ ሰንጋል ንዕኡ ክልተ ኣትሪፉ፡ ነተን ክልተ ንወዲ በርሀ ክህቦ፡ ኢዱ ወስ ምስ ኣበለሉ፡ ወዲ በርሀ “ክላ ግደፎ ደይ ጽባሕ ኣብዚ ባሕሪ'ዚ ክንስዋእ ኢና” በሎ። ሰንጋል በታ ልምድቲ ዝኾነት ግርህ ኢሉ ዘውጽኣ “ዒታ” እትብል ጀሚሩ፡ “ተተሰዋእካ'ሞ እንታዩ፤ ውድብና ክልተ ካሴት ሒዙልና ተሰዊኡ ኢላ ክይትሽሰካ ዲኻ - ጠን ራሕግጦ” ብምባል ገዲፉዎ ተመርቀፈ። ሰንጋል ኣብ ጉዕዞኡን መዕረፊኡን ነቲ ዝተዋህቦ ዕማም ብሓሳብ የሰላስሎ ነበረ። ዝተዋህቦ ሓላፍነት ናይ ሞትን ሕየትን ጉዳይ ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ዝለዓለ ትብዓትን ዘይተርፍ መስዋእትን ይጽበዮ ምህላዉ ደምደመ። ንነብሱ ፍስሃ ንክህባ ድማ፡ ምስ መዛኑኡ ዝኾኑ ሓለፍትን ኣባላትን፡ ካብቲ ንመብዓሊ በዓል ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ተባሂሉ ዝተደርደረ ቢራታትን ካልእን ኣውሪዶም፡ ንገለ ሰዓታት ድሕሪ ምዝንጋዕ፡ ሰንጋል ናብ መደቀሲኡ ብምምራሕ ኣብ ሓደ ኣብ ደገ ዝነበረ ተዓጻፊ ዓራት ተጋዲሙ ነቲ ባሕሪ ተዓዘቦ። ባሕሪ ንኣሽቱ ማዕበላት ፈጢሩ፡ ምስ ደንደሰ ምድሪ ብምግጫው ናብ ዝነበሮ ቦታ ይምለስ ነበረ። ሰንጋል'ውን ናብ ባሕሪ ሓሳባት ናይቲ ዝተዋህቦ ዕማም ኣብ ዝጠሓለሉ ህሞት፡ ሓደ ብዙሕ መጻሕፍቲ ዘንበበ ተማሃራይ ዩኒቨርሲቲ ዝነበረ፡ ተሾመ መብራህቱ ዝተባህለ ኣዝዩ ዘፍቅሮ ዝነበረ'ሞ፡ ኣብ ውግእ ምሕራር ባረንቱ ዝተሰውአ ብጻይ፡ ብዛዕባ ምስ ባሕሪ ኣተሓሒዝካ ዝካየድ ውግኣት ኣመልኪቶም ካብ ዝተጻሓፉ መጻሕፍቲ ዘዕለሎ ዕላል ተዘከሮ።

## ስርሒት ዲ-ደይ ላንዲንግ ምስ ስርሒት ፈንቅል

ዲ-ደይ (D-Day) ዝብል ኣምር ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ከም ግብሪ ከምዝወዓለ እዩ ዝዝንቶ። ነዚ ስም'ዚ ዘውጽአ ኣዛዚ ሰራዊት መን ምዃኑ ኣይፍለጥን። ብዙሓት ግን ትርጉሙ፡ ዝተሓርየ ወይ ዝተወሰነ ዕለት (Designnated Day)

ማለት ምኽኑ ይገልጹ። ሓደ ዓቢ ወተሃደራዊ ስርሒት ንምጅማር ዝተመርጸ መዓልቲ። ንኣብነት ከም ስርሒት "ኔፕቶን፡ ድየን ብየንፉ፡ ስርሒት ፈንቅል፡ ምድምሳስ ናደው - ውቃው እዝ" ወዘተ. ዝጅምረሉ መዓልቲ። መጀመሪ ሰዓት እውን ኤች-ሃዋር (HHour) ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ። ብቋንቋ ኤርትራዊ ተጋዳላይ ድማ "ናይ ዜሮ ሰዓት" ይበሃል።

ኣብ እዋን 2ይ ኲናት ዓለም፡ ሓይልታት ኪዳን ነቲ ብሓይልታት ጀርመን (ኣክሲስ) ተታሒዙ ዝነበረ ብወተሃደራዊ ኣገዳስነቱን ጽንካረ ዕርድታቱን ዝሽበደ 'ኖርማንድ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣብ ፈረንሳ ዝርከብ ስትራተጂያዊ ዕርዲ፡ ባሕሪ ሰንጢቕካ ንምሓዙ፡ መስዋእቲ ዓሰርተታት ኣሽሓት ወተሃደራት ሓይልታት ኪዳን ዝሓተተ ፍሉይ ወተሃደራዊ ስርሒት (ስርሒት ነፕቶን) ዝጀመሩላ ዕለት 6 ሰነ 1944 እያ ነይራ። ብልምዲ "ዲ-ደይ ላንዲን" ተባሂላ ትጽዋዕ። ዲ-ደይ ላንዲንግ ኣብ ዓለምና፡ ባሕሪ ሰንጢቕካ እግርኻ ኣብ መሬት ኣንቢርካ ብምውጋእ፡ ጸላኢ ንምስዓር ካብ ዝተገብሩ ስርሒታት ዛጊት እቲ ዝዓበየን ዝሽበደን ምኽኑ'ዩ ዝንገረሉ። ነዚ ከቢድ ዋጋ ዝሓተተ ውግእ'ዚ ንምክያድ ግድን ዝኾነሉ፡ ጀርመን፡ ንሰሜን ፈረንሳ ኣፍደገ ዝኾነ ዕርዲ ኖርማንድ ሒዛ፡ ንፈረንሳ ኣልሚሳ ከይኣኽላ፡ ንኣስታት 338 ሽሕ ዝግመት ሰራዊት እንግሊዝ ጸሚዳ ዝሓዘትሉ፡ ብቀንዱ እንግሊዝ ኣብ ወጥሪ ዝኣተወትሉ ኩነት ንምእላይ እዩ ነይሩ። ስለዚ ሓይልታት ኪዳን ካብዚ ወጥሪ'ዚ ንምግልጋል ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ዕርዲ ኖርማንድ ዝነበረ ሓይሊ ናይ ጀርመን ንምድምሳስ ካብ መወዳእታ ናይ 1943 ጀሚሮም'ዮም ውጥናት ዘውጽኡን ዝሰእሉን ነይሮም።

ብመሰረት እቲ ውጥን፡ ኣብቲ ዲ-ደይ ላንዲን ዝተሰምየ ስርሒት፡ ኣስታት ሓደ ሚልዮን ወተሃደራት ዝሓዛ 39 ኣሃዱታት ሓይልታት ኪዳን ማለት - 22 ኣሃዱታት ኣመሪካ፡ 12 ኣሃዱታት እንግሊዝ፡ 3 ኣሃዱታት ካናዳ፡ 1 ኣሃዱ ፖላንድ፡ 1 ደባይ ኣሃዱ ፈረንሳ ክሳተፉ ተኣሚሙ። ላዕለዋይ ኣዛዚ ናይዘን ኣሃዱታት ድማ፡ ኣመሪካዊ ጀነራል ኣይዘን ሃወር ኮይኑ፡ ምስኡ ከም ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ማርሻል ኣርቱድ ተደር፡ ጀነራል ሞንቶጎሞሪ፡ ኣዛዚ ናይቲ ብመሬት ዘጥቅዕ መበል 21 ክፍለሰራዊት፡ ከምኡ'ውን ጀነራል ብራድር ነበሩ። ዝተመርጸ ስልቲ መጥቃዕቲ፡ ብሓሙሽተ ግንባራት ውግእ ኣባሪዕካን ኣብ ኣርባዕተ ሽሕ መራኽብ ዝተጻዕነ ማዕበል ሰራዊት ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ደሪብካን መጢጥካን ምብሳዕ፡ ብድሕሪት ድማ ብጻዕቂ ፓራኮማንዶ ብነፈርቲ ኣውሪድካ ደጀናት ጀርመን ከም ዝዝረግ ገይርካ ነቲ ጽኑዕ ዕርዲ ምትርባዕ'ዩ ነይሩ። መራሒ ጀርመን ኣዶልፍ ወተሃደራዊ ኣገዳስነት ኖርማንድን ሓይልታት ኪዳን ንምጥቃዑ ዝነበሮም ጥሙሕን ብምግንዛብ፡ ነቲ ዝምክሓሉ ወተሃደራዊ ክኢላ ፊልድ ማርሻል ኤርዊን ሮሜል ከም ኣዛዚ ሰራዊት ናብቲ ቦታ መደቦ።

ሮሜል'ውን ብወገኑ፡ ንኣዘዙቲ ሰራዊቱ፡ ተዋጋኢ ሰራዊት ዝጸዓና ኣምፍብያን፡ ብነፈርቲ ውግእ ፓራኮማናዶ ዘሰነዮ ከቢድ ናይ መጥቃዕቲ ሽውሃት ሓይልታት ኪዳን ዘበርዕን 80 ኪ-ሜተር ዝሽፍን ጽኑዕ ዕርዲ ክስራሕ ኣዘዘ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ቅድሚት ደንደስ ባሕሪ ብዝተቖርጸ ኣዕጫውን ቆጣቑጥን ተረግሪጉ፡ ድሕሪኡ ተሸካሊ ሓጻውን ዝተጠናነገ ስልክታት፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ብነቶግቲ ተሓጽረ። በዚ ኣገባብ እዚ፡ ሰራዊት ሓይልታት ኪዳን፡ ካብ ባሕሪ ወሪዱ ኣብቲ ደንደስ ከም ዝደናገኆ ገይርካ ንምቕታሉን ንምጉዳሉን ክጥዕምን ንቀጻሊ ደምሳሲ መጥቃዕቲ ንምድላው ከኣ ክሕግዝን ብምባል'ዩ። ከም ሓሳብ ፊልድ ማርሻል ሮሜል፡ ታንክታቱ ምስ ኣጋር ሰራዊት ተጸጊዐን ኣብቲ ደንደስ ብምዕራድ ንጸላኢ መንከሲ እግሪ ከም ዝኸልእኦ ምግባር ዝብል'ዩ ነይሩ። እንተኾነ ናይ ቀረባ ላዕለዎት ኣዘዝቲ፡ ታንክታት ኣብ ሓደ ማእከላይ መኣዘዚ ቦታ ጸኒሐን ብኣድላይነት ክንቀሳቐሳ'ምበር ኣብ ሕቑፊ ሰራዊት ክዓርዳ ቅድሚኡ ኣብ ኢጣልያ ናይ ዘጋጠሞም ክሳራታት ኣብነት ብምቕራብ "ንሓደጋ ዝዕድም'ዩ" ብምባል ብትሪ ተቓወምዎ።

ምጅማር መጥቃዕቲ ሓይልታት ኪዳን ኣብ ግንቦት ተሓሲቡ "እኹል ምድላዋት ኣይተገብረን" ብዝብል፡ ቅቡል ምኽንያት፡ ናብ ሓሙሽተ ሰነ ተሰጋጊሩ። እንተኾነ ብኣርባዕተ ሰነ ለይቲ፡ ብርቱዕ ንፋስን ከቢድ ደበናን ብምምጽኡ፡ ብፍላይ ንናይ ነፈርቲ መጥቃዕቲ ዘይምቹእ ኩይኑ ተረኽበ። ሽዱሽተ ሰነን ድሕሪኡ ዝነበረ መዓልታትን ሳምንታትን'ውን ብርቱዕ ንፋስ ባሕሪ ዝጀማምረሉ ወቕቲ ብምንባሩ፡ "ድሕሪ ክልተ ቅነ ማዕበል ምስ ሃድኣን ምሉእ ወርሒ ምስ ወጽኣትን እንተ ዝጅመር ምሓሸ" ዝብል ሓሳብ ብብዙሓት ወተሃደራውያን ኣዘዝቲ ቀሪቡ ነይሩ። እንተኾነ ምድንጓይ ዘምጽኦ ሳዕቤናት ብምስጋእ ኣብዚ ዕለት'ዚ ግድን ንክጅመር ላዕለዋይ ኣዛዚ ናይቲ ውግእ ጀነራል ኣይዘንሃውር ተሪር ውሳነ ኣሕለፈ። ብወገን ጀርመናውያን ግና፡ እቲ ብሜትሮሎጂ ዝወሃቦም ዝነበረ ማለት "ኣብ ዝቕጽል ሳምንታት ብርቱዕ ንፋስ ዝዓብለሎ ማዕበል ክህሉ'ዩ" ካብ ዝብል ሓበሬታ ተበጊሶም ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ብሓይልታት ኪዳን ኣብ ካልኦት ግንባራት ዝካየድ ዝነበረ ናይ መናውራ ውግኣት ቀንዲ ውግእ ኪዳን ሓይልታት'ዩ ዝብል ግጉይ ግምት ስለዝነበሮም ነቲ መጥቃዕቲ ኣይተጸበዩዎን። ፊልድ ማርሻል ኤርዊን ሮሜል ከይተረፈ፡ ዕለት ልደት ብዓልቲ ቤቱ ከኽብር፡ በቲ ካልእ ድማ፡ ምስ ሂትለር ብዛዕባ ተወሳኺ ፍሉይ ኣጽዋር ንምዝርራብ ናብ ጀርመን ከይዱ ነበረ። ኣዘዝቲ ግንባራት ጀርመን ድማ ናብ ፍጹም ምዝናይ ገጾም ከይዶም ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኣባላቶም ንዕረፍትን ካልእ ውልቃዊ ጉዳያትን በታቲኖሞም ነበሩ።

ቅድሚ ናይ ዜሮ ሰዓት ምእካሉ፡ ኣዋርሕ ኣቢሉ፡ መኣዝን ኣዘዝቲ ውግእን ወተሃደራትን ጀርመን ንምጥምዛዝ ብረድዮ ርክባት ዝንቡዕ ሓበሬታታት ብቐጻሊ ከም ዝመሓላለፍ ይግበር ነበረ። ብፍላይ ሓደ ወርሒ ንመጥቃዕቲ ምስ ተረፎ፡ ብዘይ ምቁራጽ ናይ ነፈርትን ከቢድ ብረትን ደብዳብ ሓይልታት ኪዳን ኣብ ልዕሊ ጀርመናውያን ተኻየደ። እዚ ድማ ኣብ ናይ መጥቃዕቲ ዕለት ምድንጋር ኣብ ርእሲ ምፍጣሩ፡ ልሙድ ተኽሲ ሓይልታት ኪዳን ኮይኑ ከም ዝውሰድ ገበሮ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ፈረንሳ ዝነበራ ሓበርቲ ራዳራት'ውን ከምዝዓንዋ ተገብረ። እቲ ሓቀኛ መጥቃዕቲ፡ ሽዱሽተ ሰነ ፍርቂ ለይቲ ብጽዑቕ ደብዳብ ነፈርቲ እዩ ጀሚሩ። ድሕሪ'ዚ ወተሃደራዊ ሃንደሳ ባሕሪ ሰጊሮም መሬት ብምርጋጽ ክሳብ ሰዓት ሓሙሽተ ወጋሕታ ንመእተዊ ዝኸውን መትረብ ካብ ነተጕቲ ነጻ ከም ዝኸውን ገበሩ። ብሓሙሽተ መኣዝን ማለት ብወተሃደራዊ ኮድ ኡታህ፡ ኦማህ፡ ጎልድ፡ ጁኖ፡ ስዋርድ ዝፍለጥ ናይ መጥቃዕቲ ቦታታት፡ 24 ሽሕ፡ ናይ ኣመሪካ እንግሊዝን ካናዳን ሰራዊት ዝሓዛ ኣሃዱታት፡ ኣብዚ ናይ ፈረንሳ መሬት፡ ብኣምፌቢያን ንባሕሪ ሰንጢቐን ሰዓት 6:30 እግረን ኣብ መሬት ኣንበራ። ልዕሊ 23 ሽሕ ዝቑጸሩ ሓይሊ ፓራ ኮማንዶ'ውን ማዕረ ማዕረኡ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ፈሰሱ። ኣብ ታሪኽ ዓለምና ቅድሚኡ ይኹን ድሕሪኡ ክንድኡ ዝምብዝሑ ፓራኮማንዶ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ተኻዕዩ ኣይፈልጥን።

ሓይልታት ኪዳን፡ ምድሪ ብምርፋዱ ጥራይ ዘይኮነ ዘይምውህሃድን ኣብ ዝተበሃልካዮ ቦታ ብግዜኻ ዘይምብጻሕን ንዝሓዝካዮ ቦታ ዘይምዕቃብን ንፋሕ ዝበለ ሰራዊትካ ቀልጢፍካ ወዲብካ ንቡር መሳርዑ ከም ዝሕዝ ዘይምግባርን ዝጠንቁ፡ ብወተሃደራት ጀርመን ብተመልከተለይን ብኸቢድ ብረትን ብድሎ-ንድሎን ብዙሓት ከም ቆጽሊ ረገፉ። ብሰሪ ብርቱዕ ማዕበላዊ ንፋስ ድማ፡ መብዛሕትኦም ኣብ ዘይተባህለ ቦታ'ዮም ተራጊፎም። ካብቶም ብፓራሹት ዝወርዱ ዝነበሩ፡ ብዙሓት ወተሃደራት ቦታ ስሒቶም ብምውራድ ንጸገም ዝተቓልዑን ግዳይ ነተጕቲ ዝኾኑን ውሑዳት ኣይነበሩን። ረድዮ ጀርመን ነቲ ናይ ዓዲ እንግሊዝ መራሒ ቸርችል "ውግእ ኣጋር ሰራዊት ንቕድሚት ይግስግስ ኣሎ" ክብል ዝሃቦ መግለጺ ብምጽራርን ንምፍሻልን "እቶም ብሓይልታት ኪዳን ብበርቃዊ መጥቃዕቲ ቦታታት ክሕዙ ዝተላእኩ ወተሃደራት፡ ብምሉኦም ወይ ተቐቲሎም ወይ ከኣ ተማሪኾም ኣለዉ" በለት። ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ 6 ሰነ ጥራይ፡ ብሰሪ'ቲ ዝተገልጸ ወተሃደራዊ ድኻማት፡ ኣስታት 10 ሽሕ ወተሃደራት ሓይልታት ኪዳን ካብ ስራሕ ወጻኢ ክኾኑ እንከለዉ፡ ካብኣቶም 4,414 ከም ዝሞቱ ብንጹር ተፈልጠ። ካብ ሰራዊት ጀርመን ሓደ ሽሕ ጥራይ ቁሱላትን ምዉታትን ነበሩ። ኣብዛ ቀዳመይቲ መዓልቲ ካብተን ስትራተጂያውያን ዝኾና ሓሙሽተ ቦታታት እተን ዝፈኾሳ ክልተ ዕርድታት ማለት ጎልደንን ጅንሆን ጥራይ ተታሒዘን ወዓላ። ዝቐጸለ ውግኣት ነዘን

ዝተታሕዛ ክልተ ቦታታት ኣውሒስካን ኣደልዲልካን ንቀጻሊ መጥቃዕቲ ምቅርራብ ነበረ።

'እዚ ዝተጠቕሰ ጸገማት የጋጥም'ምበር፡ ሰራዊት ሓይልታት ኪዳን ነዚ ውግእ'ዚ ብኩሉ መዳይ ተዳልዮሙሉ ብምእታዎም፡ ነቲ ኵናት ናይ ምቕጻል ዓቕሚ ነበሮም። ጀርመናውያን ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ መስተንክራዊ ዓወት ክረኽቡ'ኳ እንተኸኣሉ፡ ካብቲ ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ ዘሰለፍዎ ዓቕሚ 58 ኣሃዱታት 14 ጥራይ ብምንባሩ፡ ኣብ ቀጻሊ ኵናት እናተዳኸሙን እናዝለቑን እናተማረኹን ክሳብ 21 ሰነ ቀጺሎም፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ተሳዒሮም። እዚ ስዕረት እዚ ድማ፡ ንናይ ቀጻሊ መወዳእታ ውድቀት ሓይልታት ኣክሲሲ መጀመሪ ኮነ። ***
ኣብ ስርሒት ፈንቅል፡ ካብ ናቕል በይዝ ብፈጣናት ጀላቡ፡ ናብ ውሽጢ ባጽዕ ሰጊርካ መሬት ብምንካስ ንሰራዊት ጸላኢ ብድሕሪት ምጥቃዑ ምስ ተወሰነ፡ መሪሑ ንክኣቱ ዝተመዘዘ ሰንጋል፡ ነዚ ናይ ካልኣይ ኵናት ዓለም ዝኸረ'ዚ ከሰላስል ብምሕዳር'ዩ ከይተፈለጠ ናብ ዕለት 15 ለካቲት 1990 ኣብ ዘውግሐ ለይቲ ዓሚቝ ድቃስ ሒዝዎ ዝተዓዝረ። ብሰሪ ድቃስ፡ ቁርሲ ሓሊፍዎ ድማ ኣብ ኣጋ ምሳሕ ተበራበረ። ምስ ተበራበረ ነዛ ክሰርሓ ዝተኣመመት ማለት ባሕሪ ሰንጢቕካ መጥቃዕቲ፡ ከም ደሴት ኖርማንድ ብተባዕ መኸተ ክትተሓዝ ምኻና'ኳ እንተ ዘይተጠራጠረ፡ ክሳብ ክንደይ መስዋእትን ግዜን ኮን ትወስደልና ትኸውን ዝብል ሕቶ ግን ኣብ ኣእምሮኡ ዝመላለስ ሓሳብ ነበረ።

14 ለካቲት ንዕለት 15 ኣረኪባ ምስተኣልየት፡ ኣብ ከባቢ ሰዓት 11 ቅድሚ ቀትሪ ኣቢሉ፡ ሓንቲ ቶዮታ ካብ ቀንዲ መኣዘዚ ፎርቶ ተበጊሳ ናብ ናቕል በይዝ ገጻ ብቕልጡፍ ናህሪ ደበኽ በለት። እዛ መኪና ናይ ሓለፍቲ ክትከውን ከም እትኽእል ርዱእ ኮይኑ፡ "ብዓል መን ደኣሎም፧" ክብሉ ኩላቶም ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ተጋደልቲ እንተላይ እቲ ቆማትን ንውትህድርና ተባሂሉ ምሉእ ሰውነት ዝተዓደለን ሰንጋል ናብኣቶም ኣቋመቱ። ኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ተጋላይ ስብሓት ኤፍሬም (ሎሚ ጀነራል) ኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 70 ተጋዳላይ ፍሊጶስ ወልደዮሃንስ (ሎሚ ጀነራል) ኣዛዚ ክፍለሰራዊት 74 (ከቢድ ብረት) ብጻይ ሮሞዳን ኣውሊያይ (ሜጀር ጀነራል) ካብታ ቶዮታ ወረዱ። ተመራሪሖም ድማ ናብቲ ደንደስ ባሕሪ ገጾም ብምኻድ ንሓጺር ህሞት ድሕሪ ምቁማትን ምልዛብን፡ ዕላሎም እናቐጸሉ ናብታ ሒዛቶም ዝመጽኣት ቶዮታ ተሰቕሉ። እታ ቶዮታ ከም ኣመጻጽኣ ኣካይዳኣ'ውን ተመሳሳሊ ነበረ። ድሕሪ ምኻድ ናይዞም ሓለፍቲ፡ ደቓይቕ ኣብ ዘይመልእ ግዜ ክልተ ነፈርቲ ውግእ ጸላኢ ደበኽ በላ'ሞ፡ ኣብቲ ሓለፍቲ ሒዛ ዝመጽኣት መኪና ደው ኢላትሉ ዝነበረት ቦታ ብምድግጋም ደብደባ። ንልቢ ናይ ኩሎም ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ተጋደልቲ እቲ ኣጋጣሚ ኣሰንበዶ።

ምኽንያቱ ምምጻእ ናይዞም ሓለፍትን ናይዛ ነፋሪትን እግርን ኣሰርን ብምንባሩ። እዚ ይኹን እቲ፡ ምምጻእ ናይዞም ሓለፍቲ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ትግባረ ናይቲ ንሰንጋልን ንወዲ በርሀን ዝተዋህበ ሓላፍነት ርጉጽ ምዃኑ ዝእምት ጉሉሕ ሕላገት ነበረ። ሰዓት 4:30 ኣቢሉ ይኸውን ኣዛዚ በጦሎኒ ሚኪኤል ወሎ ንሰንጋል ጸዊዑ "ከምቲ ትማሊ ዝበልኩኻ ኣሃዱና ብፍላይ ድማ ንስኻ ቅድም ክትኣቱ ኢኻ!" በሎ። ሰንጋል "ጥራይ እቶ እትብል ትእዛዝ ኣበግሳ'ምበር ካብ ትነግረኒ ኣትሒዘ ብኩሉ መዳይ ድሉው እየ ዘለኹ" በሎ። እቲ ባሕሪ "ኣብሽርካ! ኣብ ጎድንኻ ኣለኹ" ከም ዝበሎ ብዘምስል ስምዒት እቲ ትእዛዝ እናተበርሆ። ሚኪኤል ወሎ "በል ኣብ ሰለስተ ጀላቡ፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ጃልባ 20 ዝስቀሉ ናይ ብሉጽ ብሉጻት ሓሪኻ፡ ናብዛ ከውሊ እዚኣ ኣምጽኣዮም" ኢሉዎ ናብቲ ዝበሎ ከውሊ ተዓዝረ። ሰንጋል ካብ ብሉጽ ብሉጻት፡ ማለት ነቲ ዝወሃቦ ዘሎ በዳኒ ዕማም ከተግብሩ ይኽእሉ'ዮም ዝበሎም መራሕቲ መሳርዕን ጋንታታትን ዝርከቡዎም ደቂተባዕትዮን ደቀንስትዮን 60 ተጋደልቲ ሓረየ። ሒዙዎም ድማ፡ ካብቲ ኣባላት ዝነበሩዎ ርሒቑ ናብቲ ሚኪኤል ወሎ ዝነበሮ ከውሊ መሪሑዎም መጽአ። እቶም ከይተሓርዩ ዝተረፉ፡ እንተስ ነብሶም ነጊሩዎም እንተስ ጽንጽንታ ሰሚዖም፡ "ንሕና'ኸ ካብ መን ሰኒፍና" ብዝብል ኒሕ ብጃማላ ናብቲ ሰንጋል ዝነበሮ ፈሰሱ። ሰንጋል ከረድኦምኳ እንተፈተነ፡ "ኩልና ተጋደልቲ ኩልና ድማ ንጽንኩር ኩነታት ንሰግር። ኣይኮነንዶ ኣብ ባሕርናን ሃገርናን ኣብ ምድሪ ኢትዮጵያ (ኣሶሳ) ንጽንኩር ኩነት ከም እንሰግር ዘረጋገጽና ተጋደልቲ ዶኽይኮንና፡ ስለዚ መን ካብ መን'ዩ ዝበልጽን ዝሕረን" ዝብል ቁጠዐ ዘሰነዮ መሸንቦባ ንሰንጋል ኣውረዱሉ። ኣዛዚ በጦሎኒ 04 ሚኪኤል ወሎ፡ ብምልምላም ከምዘየዋጽእ ተገንዚቡ፡ ብትሪ "ተጠንቀቕ! ሰጥ በል!" በሎም። ትእዛዙ ምምልኦም ድሕሪ ምርግጋጽ "መስዋእቲ ኣብ ዝኸደና የብሉን፡ እዚ ንጅምሮ ዘለና ውግእ በዞም ዝኸዱ ዘለዉ ዝውዳእ ኣይኮነን። ብቕዓት ናይ ነፍሲ ወከፍና ዝምዘነሉ ኣብ ቅድመና ብዙሕ ዕማም ኣሎ፡ ኣብኡ የራኽበና!" ክብል ነቶም ዝተረፉ ዝጥርንፎም ወዲቡ፡ ዕዝምዝም እናበሉ ናብታ ክምለሱዋ ዘይደልዩ ቦታኦም ተመልሱ።

ስርሒት ዲ-ደይ ላንዲንግ ምስ ስርሒት ፈንቅል ድሕሪ'ዚ ሰለስተ ፈጣናት ጀላቡ ተመራሪሐን ናብቲ ብዓል ሰንጋል ዘለዉዎ ቦታ ተጸግዓ። ሰንጋል "ተሰርዑ" ዝብል ትእዛዝ ድሕሪ ምሃብ፡ ክፈቕዶም ጀመረ። ብዘይካኡ 62 ተጋደልቲ ነበሩ። እተን ንኣሽቱ ጀላቡ ክስከምኦም ዝኽእላ ን60 ጥራይ እየን። ሰንጋል እቲ ቁጽሪ ከመይ ኢሉ ዛዪዱ፡ ከረጋግጽ ኣብ ዝፈተነሉ፡ ክልተ ብጾት ብበጠበጥን ብቖጣቖጥን ተሓቢኦም ምጽንባሮም ኣረጋገጸ። እዞም ክልተ ብጾት "ካባኹም ኣይንተርፍን ኢና" ብምባል ተማኅቱዎ። ኣብቲ ወሳኒ ናይ ንቐልንቐል ሰዓት ክገብራ ዝኽእል ነገር እንተነይራ፡ ኣሲርካ ከምዝምለሱ ምግባር'ዩ ነይሩ።

ነቶም ዘወርቲ ጀላቡ ጠርኒፉ ዝመጽአ ተጋዳላይ ብዝሃቦም መምርሒ መሰረት፡ ሰንጋል ኣባላቱ በብ20 ናብ ሰለስተ ጀላቡ መደቦም። እተን ጀላቡ ንፈተነ ኣብቲ ከባቢ ምንቅስቓስ ጀመራ። እቶም ዘወርቲ ጀላቡ - ክጥወያን ከንቃዕርራን እንከለዋ፡ ምንቅስቓስ ናይቶም ተጋደልቲ ከመይ ይመስልን ከመይ ክኸውን ይግባእን ነቶም ተጋደልቲ መሃሩዎምን ኣረድኡዎምን። ብድሕሪ'ዚ ኣብ ምንቅስቓስ ጸገም ከይፈጥር፡ ናይቶም ነዊሕ ስረ ወድዮም ዝነበሩ ተጋደልቲ ስረታት ከምዝቑረጽ ተገብረ። እጅጌ ናይ ካምቻታትን ጃኬታትን እውን ይቆረጽ ተባህለ። ሽዳውን ኣብ ባሕሪ ከም ገለ ከይሞልቑ ብገመድ ወይ ከኣ ብፋሻ ናይ ሕክምና ገይርካ ከረው ኣቢልካ ከምዝእሰር ተገብረ።

እቶም ተጋደልቲ ዕጥቂ ካላሽናት፡ ኣርፒጂን ብብዝሒ ቦምባ ኢድን ከምዝዓጥቁ ተገብረ። እዚ እናተገብረ ሰዓት ሓሙሽተ ድሕሪ ቀትሪ ኮነ። ከምቲ ኣቐዲሙ ኣብ ናይ ስጋለት ቀጣን ስርሒት፡ ኣባላት ስለያ ክፍለሰራዊት 70 ዝተገልጸ፡ ከቢድ ብረት ህዝባዊ ግንባር ካብ ዝነኣሰ ክሳብ'ቲ ዝዓበየን ኣሎ ዝበሃል ረሻሻትን ናብቲ ጸላኢ ዓሪዱሉ ዝነበረ ወሰናስን ባሕሪ ብኩሉ መኣዝን ከም ማይ ሓምለ ክዘንብ ጀመረ። ነዚ ደብዳብ ዓይኑ ሰም ኣቢሉ ኣብ ዘለዎ ኮይኑ ዝጸወር ፍጡር ክርከብ ዘይሕሰብ መሰለ። ከም እሳተጎመራ እቲ ክተፍእ እቲ ይጠፍእ፡ እቲ ክጠፍእ ድማ እቲ ይነቱግ ነበረ። ብኣጠቓላሊ ውሽጢ ባጽዕን ወደብን ብዕንብር ትኪ ተጎብአ። ኣብ ኢድ ሰንጋል ዝነበረት ሰዓት ልክዕ ሰዓት ሽዱሽተ ተመልክት ነበረት። ሰንጋል ነቶም ናብዚ መጥቃዕቲ'ዚ ዝተሓርዩ ሰሪዑ፡ "ስምዑ! ነዚ ስርሒት'ዚ ዝተመረጽናሉ ምኽንያት፡ ነዚ ወጢሩ ሒዙና ዘሎ ኩነታት ብናይ ሞትን ህይወትን ውግእ ክንፈትሖ ምኳንና ስለ ዝተኣምነልና'ዩ። ክንዲ ዝኾነ ከም ናይ 1977 ብሰሪ ንእሽቶ ዕንቅፋት፡ ንድሕሪት ከይንምለስ ምእንቲ፡ ካብቲ ኣብ ውግእ ኢትዮጵያ (ኣሶሳ) ከምኡ'ውን ኣብዚ ዝቐነየ ናይ ጎላጉል ውግእ ዘርኣናዮ ትብዓትን ተወፋይነት ንላዕሊ ሓላፍነት ዘሰክመና እዩ።

ስለዚ ክሳብ መሬት መንከሲ ንሕዝ፡ ሓደ ሰብ ተወጊኡ፡ ተሰዊኡ፡ ወይ ወዲቑ ኢልካ ናብኡ ምቁማት የለን። ምኽንያቱ ዝገበርና ገይርና ናብዛ ወደብ ዘእቱ መታኹሲ መሬት ክንሕዝ ኣለና። ነዚ ምስ ገበርና እግሪ እግርና ካልኦት ሓይልታት ክስዕባና እየን፡ ድሕሪኡ ሽግር እንተሎ ይኹን ብዓቢኡ ዓወት ናይ ሓባር እዩ ክኸውን፡ ንሕና ግን ዕዮ ገዛና ብትብዓት ንፈጽም!" ክብል ብተሪር ናይ ትብዓትን ቆራጽነትን ቃላት ዘረባኡ ደምደመ። ኣብዚ ናይ ተበገስ ሰዓት፡ ብሰሪ ምስ ጸላኢ ዝነበረ ቅርበት፡ ከም ኣብ ካልእ እዋን ዝግበር "ዓወት ንሓፋሽ!" ምባልን ባህታ'ኻ ምግላጽን ኣይነበረን። እቶም ናብዚ ፍሉይ ስርሒት ዝተመደቡ ተጋደልቲ ዝተዋህቦም ሓበሬታ ሰኒቖም፡ ሰንጋል ዘማእከለን ሰለስተ ጀላቡ፡ ኣብ ክንዲ ብትኹል ብጋድም ተበገሳ። ሰንጋልን 20 ተጋደልትን ዝሓዘት ፈጣን ጃልባ ድማ ኣብ ማእከል ኮነት። ዳርጋ ኩሎም'ቶም ናብዚ መጥቃዕቲ'ዚ

ዝተበገሱ ተጋደልቲ፡ ኣጋጣሚ ኮይኑ ካብ ዝተፈላለዩ ብሄርን ጾታን እዮም ነይሮም። ባሕሪ ዝፈልጡ'ኳ እንተ ዘይነበሩዎም ኣብ ዕቋር ማይ ዓዶም ምሕንባስ ዝተለማመዱ ካብ መንጎኦም ኣዝዮም ውሑዳት ነበሩ። ረድዮ ርክብ (ሃለው) ንሰንጋል፡ ንኣዛዚ በጦሎኒ 04 ሚኪኤል ወሎ፡ ንኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 70 ብጻይ ፍሊጶስ ወልደዮሃንስን ነቲ ተኹሲ መዳፍዕን ታንክታትን ዘወሃህድ ዝነበረ ኣዛዚ ብርጌድ ኣብ መካናይዝድ ክፍለሰራዊት 74፡ ተጋዳላይ ኪዳነ ተስፋይ (ወዲ ስኞራ)ን ጥራይ እዩ ተፈቒዱ። ኣብቲ ግንባር ዝነበረ ይንኣስ ይዕበ ሓላፊ፡ ብምሉኡ ረድዮታቱ ከፊቱ ጽን ኢሉ ክሰምዕ ጥራይ ትእዛዝ ተዋህበ።

እዘን ሰለስተ ጀላቡ ዝተወሰነ ጉዕዞ ምስ ተጐዓዛ፡ ብሸነኽ ጸጋም ኣብ ከባቢ ሰሊና ዝነበረ ረሻሽ ህዝባዊ ግንባር፡ ብዘይ ኣፍልጦ ነዘን ጀላቡ ብጎድኒ ክሃርመን (friendly fire) ጀመረ። ሰንጋል ቅጽበታዊ ውሳነ ብምውሳድ ጀላቡ ንክምለሳ ኣዘዘ። ንሓላፊኡ ሚኪኤል ወሎ ድማ ብሰሪ ብጎድኒ ዝመጽአ ተኹሲ ረሻሻት ይምለስ ከምዘሎ ሓበሮ። ወሎ ንልዕሊኡ ዝነበረ ሓላፊ ብጻይ ፍሊጶስ ሓበረ። ብጻይ ፍሊጶስ ድማ ምስ ወዲ ስኞራ ብምርድዳእ እቲ ተኹሲ ረሻሻት፡ ናብ ካልእ መኣዝኑ ከም ዝቕንዕ ገበሮ። ሚኪኤል ወሎ ነቲ ኣብ መስመር ኮይኑ ዝጽበዮ ዝነበረ ሰንጋል፡ ብረድዮ እቲ ሽግር ከም ዝተፈትሐን ጉዕዞኡ ክቕጽል ከምዝኽእልን ገለጸሉ። እንደገና ጀላቡ ተገዲመን ተበገሳ። ኩሎም ተጋደልቲ ምድሪ ከይሓዙ መጥቃዕቲ ከይፍነዎም'ሞ፡ ኣብ ባሕሪ ጥሒሎም፡ ድራር ዓሳ ከይኮኑ፡ ውሽጣዊ ሻቕሎት ነበሮም። በዚ ድማ እቲ ናይ ሒደት ደቓይቕ ጉዕዞ፡ ጉዕዞ ሓደ ዘመን ኮይኑ ተሰምዖም። ቀልጢፍካ መሬት እትረግጸሉ ቦታ ንምብጻሕ ተመነዩ። ባሕሪ ከም ደግዳግ የማነ ጸጋም'ኳ እንተነዋነዎም፡ ከምታ ዝተባህሉዋ ገጥ ኢሎም ብምሓዝ ድማ ብሰላም ናብቲ ደንደስ በጽሑ። እቶም መራሕቲ ፈጣናት ጀላቡ፡ እቶም ተጋደልቲ ናብ ምድሪ ምጽጋዕ መታን ክጥዕሞምን ብቐሊሉ ንኽወርዱን ብምባል ክሳብ መሬት ተንኪፈን ሓጎግ ዝብል ድምጺ ዘስምዓ ኣጸግዑወን። ሰንጋል “ያላ ኩሉኻ ውረድ!” ዝብል ትእዛዝ ሂቡ ንባዕሉ ክወርድ ክሳብ ዝፍትን ድሮ ገሊኦም ኣብቲ ደንደስ ኮይኖም ቦምባታት ኢድ ክድርብዩ ተዓዘበሞ ቅልጣፈኦም ገረሞ። ንባዕሉ ውርድ ምስ በለ ጫማኡ ወስ ምባል ከሊኡዎ ለመጥመጥ ክብል ተሰምዖ። ናብቲ ባሕሪ እንተ'ስተብሃለ፡ ናይታ ብብጾትና ኣቓዲማ ኣብ ናቫል በይዝ ዝተሃርመት መርከብ ፍሳስ ነዳዲ ማዕበል ገፊዑ ናብቲ ደንደስ ስለዘጸግዖ ኩሎም በቲ ፍሳስ ነዳዲ ንግዚኡ ተሸገሩን ሰውነቶም ብጸለሎ ተቐብኣን። ይኹን'ምበር ተጸሚሞም ናብቲ ደንደስ ብምብጻሕ ተኹሲ ጀመሩ።

እቲ ደንደስ ብኮንተይነራት ዝተደርደረ ኣእካል መሊኡ ጥራይ ዘይኮነ ይቃጸል'ውን ብምንባሩ በቲ ሓደ፡ በቲ ካልእ ድማ፡ ወተሃደራት ጸላኢ ካብቲ ኣቐዲሙ ዝወርዶም ዝነበረ ደብዳብ ነብሶም ንምሕያብ፡ ገለ ኣብ ኮንተይነራት

ገለ ድማ ኣብ ዝተጸፍጸፈ ኣእካልን ቴንዳታትን ተሓቢኦምን ፋሕ ኢሎምን ብምንባሮም፡ ናብ መን ተኲስካን በየናይ ሸነኽ ተኾሲ ይመጽኣካን ከም ዘሎ ዘይትፈልጠሉ፡ ሕውስውስ ዝብል ኩነት ተፈጥረ። ኣብቲ ቦታ ዓሪዶም ዝነበሩ ወተሃደራት ጸላኢ፡ ኢትዮጵያውያን ጥራይ ዘይኮኑ እንተላይ ብረት ጸላኢ ዝተሓንገጡ ከዳዓት ደቂ ሃገር ብምንባሮም፡ ብዘይካ ቋንቋ ኣምሓርኛ፡ ሓሓሊፉ ኤርትራዊ ቋንቋ ይስማዕ ነበረ። ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ድማ፡ እቶም ወተሃደራት ጸላኢ፡ ንተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ከምቶም ኢዶም ንጸላኢ ሂቦም ኣብ ጎድኖም ኮይኖም ዝዋግኡ ዝነበሩ ከዳዓት ገይሮም ንዝተወሰነ እዋን ቆጺርዎምን ገመቱዎምን። ኣብ ውሽጢ'ዚ ህሞት እዚ ሓደ ወተሃደር ኢትዮጵያ፡ ናቱ ወገን መሲልዎ፡ ናብ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ህሩግ በለ። "ኢድካ ንላዕሊ" በሉዎ ተጋደልቲ ብረት ናብ ኣፍልቡ ብምቕናዕ። ነገራቱ ጋን ኮኖ። በየን ነጢቦም ንምርድኡ ተጸገመ። ድሕሪ'ዚ ጻዕቅን ሳሕውን ሰራዊት ኣበይን ብኸመይን ዝብሉ ሕቶታት ንክምልሰሎም ተወከስዎ'ሞ ብሸነኽ የማን (ጸላኢ) ጻዕቂ ከምዘለዎ ሓበሮም። ምድረ ሰማይ ጸልመተ። ዝድርበ ቦምባታትን ዝትኮስ ጠያይትን ነቲ ዝጸንሐ ቃጸሎ ከም ዕልልታ ኣደታት ድምቀት ወሰኸሉ። እተን ኣራጊፈነኦም ዝኸዳ ጀላቡ እንደገና ነታ ብወዲ በርሀ እትምራሕ ሓይሊ፡ ካብ ዝተዋጽኡ ተጋደልቲ ሒዘን ጠበቕ በለኦም። ድሕሪኣ'ውን ፋጁ ዝሓዘን ኣሃዱታት ጠበቕ በላ። ድሕሪ'ዚ ተኣሳሲርካን ተረጋጊእካን መጥቃዕቲ ተጀመረ። ኣብዚ ህሞት'ዚ ገለ ተጋደልቲ ክውግኡ ስለዝጀመሩ፡ እተን ጀላቡ ውጉኣት ሒዘን ብምምላስ ካልኦት 60 ተጋደልቲ ካብ ቦጦሎኒ ናይ ኣብሖ - ብርጌድ 71 በጦሎኒ ኣዛዚ ናብቲ ደንደስ ተራገፉ። ነተን ፈለማ ምድሪ ዘንከሳ ብሰንጋልን ወዲ ሃይለን ዝምርሓ ክልተ ሓይልታት ከቢድ ብረት 04 ናብቲ ጸላኢ ኣጽዒቑሉ ዝነበረ የማን ወገን ክደፍኡ፡ ነቲ ጸጋም ድማ ነተን ዳሕራይ ዝመጽኣ ሓይልታት ክገድፉለን መምርሒ ብላዕለዎት ኣዘዝቲ ተዋህበ። እዚ ድማ ምድሪ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝተረግጸ ዘተኣማምን ብቅሳነት ንምውጋእ ዕድል ዝፈጥር ነበረ። ከም ናይ ኖርማንድ-ብይ ባሕሪ ሰንጢቕካ ውግእ ዝተዛዘመ መሰለ።

ገዛ ንገዛ ዝካየድ ናይ ከተማ ውግእ ድማ ቀጸለ። ምድረ ሰማይ ፍጹም ጸልሚቱ ብምንባሩ ነቲ ናይ ከተማ ውግእ ተወሳኺ ስለዝኾነ ከበደ። ዝያዳ ክብደት ዝሃቦ ድማ፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ብርሃን ኣብ ዘይብሉ ፓላሶታት ውሽጢ ባጽዕ ኮይኖም፡ ነቶም ኣብ ውሽጢ ዝቃጸል ዝነበረ ስርናይን ካልእን ኮይኖም ዝትኩሱ ዝነበሩ ተጋደልቲ ምሉእ ብምሉእ ይርእይዎምን ብተመልከተለይ ይትኩሱሎምን ቦምባታት ኢድ ብላዕሊ ይድርብዩሎምን ብምንባሮም'ዩ። ስለዚ ኣብ ከምዚ ዓይነት ተኾሲ፡ ልዕሊ ሓባራዊ ውልቃዊ ክእለትን ፍናንን ተዓጻጻፍነትን ወሳኒ ግደ ስለ ዝህልዎ ተራ ናይ ሓላፊ ድሩት እዩ፡ ዝያዳ

ትብዓትን ተዓጻጻፍነትን ናይቶም ተዋጋእቲ ዝሓትት እዩ። ኣባል ክቢድ ብረት 04 'ስፓርታክስ' ብዝብል ሳጓ ዝጽዋዕ ተጋዳላይ፡ ብላዕሊ ካብ ዝተደርበየ ቦምባን ኣድራጋ ጠያይትን ንምኽዋል ክብል፡ ነብሱ ዓጻጺፉ ብቕጽበት ኣብ ዝተወንጨፈሉ ህሞት፡ ምድሪ ጸላም ብምንባሩ፡ ጽርግያን ባሕርን ሓደ ዓይነት መልክዕ ሒዙ ተራእዩዎ፡ ጽርግያ ሒዘ ይጎዪ ኣለኹ ኢሉ፡ ዘይሓሰቦ ናብቲ ባሕሪ ህር-ግዲም ብምባል ብርቱዕ ድምጺ ጦምቦላሕ ፈጠረ። ኣብቲ ከባቢኡ ኮይና ትታኹስ ዝነበረት ተጋዳሊት ክብራ ዳዊት እውን፡ እቲ ድምጺ ስለ ዘጠራጠራን ድምጺ ሰብ ስለዝሰምዐትን ጽርግያ ሒዛ እተኸደት ንሳውን ንስክላ ባሕሪ ምዃኑ ኣስተውዒላ ደው በለት። ሓደ ሰብ ካብ ምጥሓል ንምግልጋል ምስ ባሕሪ ክቃለስ ድማ ተዓዘበት።

“መን ኢኻ፧” በለት ድምጻ ኣበሪኻ። ብዝተወጠረ ድምጺ “ስፓርታክስ'የ” በለ። ናብቲ ባሕሪ ከመይሉ ከምዝኣተወ'ኳ እንተደንጸዋ፡ ህይወት ብጻይ ልዕሊ ኩሉ ምዃኑ ተገንዚባ፡ ንምድሓኑ ብስምዒት ናብቲ ባሕሪ ክትኣቱ ሃቀነት። እንተኾነ ንሳ'ውን ንባዕላ ሓምቢሳ ዘይትኽእልን ባሕሪ ሓደገኛ ምዃኑን ትዝ በላሞ “ኣጆኻ! ናባይ ገጽካ ጥራይ ተመጣጠር” በለቶ። ፍንና ንምሃቡ ዝኣክል። ስፓርታኩስ ኣብ ባሕሪ ሓንቢሱ ኣይፈልጥን። ኣብ ራህያታት ናይ ዓዲ ግን ብፍላይ ኣብ ግዜ ክረምቲ ምስ መዛኑኡ ዝገብሮ ዝነበረ ናይ ምሕንባስ ፈተነን ውድድርን ብመጠኑ ስለዝሓገዞ፡ ጻዕሪ ሓዊሱ ናብ ክብራ ገጹ ሰጕመ። ክብራ ድማ ጥውዮ ነጻላ ወርወረትሉ። ንሱ ነታ ነጻላ ሒዙ ክብራ ብዘለዋ ሓይሊ ንላዕሊ ናብኣ ገጻ እናሰሓበት ምድሪ ከም ዝነክስ ገበረቶ። ምስ ወጽአ፡ ክብራ ተግባራቱ ኣስደሚሙዋ፡ ክርትም ኢላ ሰሓቐት። ስፓርታክስ ግን ንሰሓቓ ግምት ኣይሃቦን። ንዝወሓጦ ታኒካታት ማይ ጨው በጨቕ ኣቢሉ ከውጽእን ነታ ባሕሪ ዝወሓጣ ብረቱ መተካእታ ካብ ዝሞቱ ወተሃደራት ብረት ክናድን ናብ ሃሰውሰው ከደ። ሓንቲ ባህ ዝበለቶ ብረት ኣልዒሉ ድማ፡ ማይ ካብ ሰውነቱን ክዳኑን ኣባ ጨጎራ ክመስል ጀበብ እናበለ ምስ ክብራ ተመዓራርዩ ሓድሽ ተኹሲ ናብ ጸላእቱ ፈነወ።

ወይዘሮ መዓሾ ነቶም ንውሽጢ ባጽዕ ሒዘናኦም ዝኣተዋ ደቀን ዓይኒ ዓይኖም እናረኣያ ብሕልና ድሕሪ ምሽቍራር “እዞም ደቀይ ዓይንኹምን እዝንኹምን ዓምትዎ፡ ሞት ብሞቱ ከይረኣናን ከይሰማዕናን ክንመውት” በላኦም። እዚ ዘረባ'ዚ መሊሱ ነቶም ቆልዑ፡ መልኣከሞት ይመጽኦም ከምዘሎ ዘስምዕ ብምንባሩ ፊቕ ኢሎም ክበኽዩ ጀመሩ። ወይዘሮ መዓሾ ብዘረባአን ዝተጣዕሳ ክመስላ፡ ዘረባ ንምቅያር “ስምዑ እዞም ደቀይ፡ ሞት ከከም ዕድመኻ'ዩ ዝወስድ፡ ሞት እንተመጽአ ቅድመኹም ኣነ ስለዝመውት፡ እዘን ገንዘብ እንሄዋ መነባበሪ ይኾናኹም” ክብላ ድርዳር ገንዘብ ኣብ ቅድሚኦም ዘርግሓሎም። እቶም ካብ 8 ክሳብ 15 ዓመት ዝበጽሑ ሰለስተ ደቀን፡ ብዛዕባ'ቲ ገንዘብ ዝኾነ ተገዳስነት

ከየርኣዩ “ንሕናስ ደይ ከማኺ ትንፋስ ሒዝና ኢና፡ ካብ ገንዘብ ንስኺ ትሕሽና” ብምባል እናሕነቕነቑ ኣብ ሕቕፊን ተሸጕጡ። እዚ ጭንቀት'ዚ ዓይነቱን ዓቐኑን ይፈላለ ደኣምበር፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ

ናይተን ጀሆ ሰራዊት ጸላኢ ኮይነን ዝቐነያ ስድራቤታት ዝነበረ'ዩ። ሓደ ብዕድመ ድፍእ ዘበሉ ኣቦ፡ ካብ ሕልሚ ከም ዝተበራበሩ ሃንደበት ብድድ ኢሎም፡ “ስምዑ ኣቱም ስድራና! በኺና፡ ቆዚምና፡ ነዚ ባዕልና ዝሓረናዮ ኣበሳ'ዚ ኣይከነቑርሮን ኢና፡ እንታይ ደኣ ንግበር- ንማህለል!” ኢሎም ዘረባኦም ድሕሪ ምፍራቕ “እዝጊዮ መሓረና ክርስቶስ. . . “ ክብሉ ጀመሩ። ክርስትያኑን ኣስላማዩን ድማ በብእምነቱ ጸሎት ከዕርግ ጀመረ። ወይዘሮ መዓሾ “በሉ እዞም ተጋደልቲ ደቅና ክሰምዑና ምእንቲ ብዓውታ ንማህለል” ብምባል ድምጸን ኣበረኻ። እንተኾነ ከምቲ ጽቡቕ ፋጻ ተመን ይጽውዕ ዝበሃል፡ ድምጸን ንሓደ ማዕጸ ፈግ ኣቢሉ ብምእታው ብረቱ ዘወጣውጠሎም ወተሃደር ደርግ ደኣ ሰሓበ። ገዛ ንእለቱ ህጣም ውሒጡዋ ከም መቓብር ጸዋ በለት። ኩሉ ሰብ ዘዘዋዕሞ ጸግዒ ብምሓዝ ኣዒንቱ ብስንባደ ጉልሕምሕም በለ። እቲ ወተሃደር ኩነታቶም ድሕሪ ምስትብሃል፡ “ንምንታይ ምህለላ ተቛርጹ፧ ቀጽልዎ ተማህለሉ፡ ፈጣሪ ምሳኹም ኣሕቢሩ እንተድሓነና ተሎ ቀጽሉ” በሎም ብሓውሲ ትእዛዝ። ጸኒሑ ገጹ ገልቢጡ ዕዝር በለ። ወይዘሮ መዓሾ ፍናን ረኺበን “በሉ እዞም ተጋድሎ በታ ራድዮ ሃለው ገይሮም ክስሕቡናን ክሰምዑናን ሃየ ዓው ንበል - እዝጊዮ መሓረና ክርስቶስ . . . “ ብዓውታ ደርገመኦ።

ከቢድ ብረት ኣብቲ ከባቢ ብጻዕቂ ብምውዳቕ ዝፈጥሮ ናዕታ፡ ዘየቋርጽ ጠራዕራዕ ጠያይቲ፡ የማነ ጸጋም ዝጻፋዕ ዲግ ዲግታ ናይ ኣእጋር ነቶም ሰባት ረበሾም። ትርግታ ልቢ ናይቶም ኣብቲ ገዛ ዝተዓቑቡ ክብ ለጠቕ ኣብ ዝብለሉ ዝነበረ ህሞት ድማ ሃንደበት ማዕጾ ብኸቢድ ተኳሕኩሐ። መብራህቲ ናይ ከተማ ባጽዕ ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ ብምንባሩ፡ ውሽጢ ገዛ ኣዝዩ ጸልማት ነበረ። እዚ ንባዕሉ ከቢድ ፍርሃት ዝፈጥር ነበረ። እቲ ወተሃደር፡ ዝኸፍቶ ሰብ ከይተጸበየ ብእግሩ ብሓይሊ ሃሪሙ ነቲ ማዕጸ ፈግ ኣበሎ። ኣብቲ ኣፍደገ ኮይኑ፡ “እዚህ ወንበዴ ኣለ፧” (ኣብዚ ሽፍታ ኣሎ) በለ ቦምባ ኢድ ኣብ የማናይ ኢዱ ዓትዒቱ፡ ወስ እናበለን ናይ ምድርባይ ስምዒት ኣብ ገጹ እናተነበን። ስድራቤታት ብምሉኣተን ኮቦርታ ያኢ ከድሕነን ተጎልቢበን መን ምስ መን ከም ዝመውት ብምምራጽ ክጸጋጋዓን ክተሓቛቖፉን ተራእያ። እንተኾነ ብደገ ዝተተኮሰ ጥይት ነቲ ወተሃደር ጥብ ኣበሎ። ብሓውሲ ስንባደ ብድድ ኢሉ ክዕዘር ሃቀነ፡ ኣይደንጎየትን ካልኣይቲ ጥይት ንሓዋሩ ኣዐገሶቶ። ካብቲ ቦታ፡ 50 ሜተር ኣብ ዘይርሕቕ ከባቢ ብቋንቋ ትግርኛ “ሃለው ማሕታ. . .” ዝብል ድምጺ ተሰምዐ። “እዝንና ድዩ ወይስ ባህጊ ልብና ዘንቀሎ'ዩ” ብዝብል ኣተና ስድራቤታት ነንሓድሕደን ተጠማመታ። ሓደ ነቶም ኣብቲ ገዛ ዝነበሩ እኽብካብ ስድራቤት

ተስፋ ዝህብ ዝነበረ "ዓሊ ሳሆታይ" ወዲ ባጽዕ፡ ነዛ ብዘይ ተደጋጋሚ ምርግጋጽ፡ ዝሰምዓ ድምጺ ተጋደልቲ እተስምዕ ተስፋ ከይትጠፍኦ ግዲ ሰጊኡ፡ ብድድ ኢሉ ቤት ኣርሕዩ ንግዳም ወጽአ። እንተኾነ ዘይተጸበዮ "ቁም እጅህን ወደላይ!" ዝብል ቋንቋ ኣምሓርኛን ምዕማር ብረትን ተቐበሎ። "ክላ ጠፋእኩ!" ዝብል ናይ ተስፋ ምቑራጽ ሓሳባት ኣብ ልቡ ዕንክሊል እናበለ' ክልተ ኣእዳዉ ከም ዝበርር ሽላ ንላዕሊ ተኸለን። እቲ ብረት ዝዓመረ ሰብ፡ ኣብ ውሽጢ ድን ኮይኑ "ፊትህን ኣዙረህ ጀርባህን ስጥ" በሎ ብትሪ። ካብዚ ንደሓር ዓሊ ብልቡ "ክሊ ዓለም ቀበጽኩኺ! ናተይሲ ተወዲኡ እዩ። እቶም ስድራይ ተኸሲ ሰሚዖም ከይወጽኡ'ሞ መላስ ኣውያትን ነጋርን ዘይብልና ከይንተርፍ" ዝብል ተወሳኺ ስግኣት ሓደሮ።

እቲ ብረት ዘቐንዐ ሰብ፡ ንኣካላት ዓሊ ብጥንቃቐ ድሕሪ ምፍታሽ፡ ቅድሚ ዓሊ ሕልፍ በለ። ዓሊ ኣተኵሩ ጠመቶ። ሽዳ ሳእንን ዕጥቂ ተጋደልትን ረኣየሉ። ሓደ ክልተ'ውን ሰዓቡዎ። "ወይለይ ኣታ ብዓል መን ዲኹም፧" በለ ከይተፈለጦ። እቲ ኣቐዲሙ ዝፈተሾ ሃንደበት ግልብጥ ኢሉ፡ "ንስኻ'ኸ መን ዲኻ፧" ክብል ብምግራም ሓተቶ። "ዓሊ ሳሆታያ ኤርትራዊ ሓውኹም እየ" በሎም ፍስሃ ንምሉእ ሰውነቱ ወሪርዎ ጥራይ ዘይኮነ ሓቑፉ ክስዕሞም ድንዕ-ድንዕ እናበለ። "እዋእ እንታይ ደኣ ስቕ ኢልካ ትፍተሽ" በሎ እቲ ካልኣይ ተጋዳላይ - ነገሩ ኣስደሚምዎ። "ዋእ ቋንቋ ኣምሓርኛ ብምዝራብኩም ተጠራጢረ" በሎም ሕጂ'ውን ክሳብ 32 ኣስናኑ ተኸፊቶም ዝረኣዩ ፍሽኽ እናበለ። "ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ፡ እዚ ግዝኣት እዚ በዚ ክንጠቕሶ ዝጸናሕን ቋንቋ ክመሓደር ስለዝጸንሐ'ዩ" በሎ እቲ ተጋዳላይ'ውን ፍሽኽታ እናለገሰ። እተን ስድራ፡ ንዓሊ "ሕጂ'ዶ ደሓር ይቐትልዎ" እናበላ'የን ከብደን ሓቑፈን ነበራ። እቲ ተጋዳላይ "ስማዕስ'ከ ኣብዛ ማዕዶና ዘላ ገዛ ወተህደራት ደርግ ኣለዉ'ዶ፧" ክብል ሓተቶ። "ኣይፋሉን! ልክዕ ከምዚ ኣብዚ ዘለናዮ ካብ 500 ዘይውሕዱ ትንፋስ ኣለዉ" ክብል መለሰሉ። እቲ ተጋዳላይ ናይ ስንባደ ምልክት ርእሱ እናሓዘ፡ ነታ ረድዮ ናብ ኣፉ ወቲፉ "ሃለው ወልዕ እታ ዝበልኩኻ (ዳርባ ከቢድ ብረት) ሓንሳብ ዝግ በል - ዝግ!" በሎ ደጋጊሙ።ንገለ ካልኢታት ዝን ድሕሪ ምባል፡ "እንታይ ድኣሉ ካብዛ ዝገለጽካለይ ገዛ ብሬናትን ጠያይትን ብብዝሒ ዝትኮሰ ዘሎ" በሎ ብምድንጻው። ዓሊ ሳሆታይ "ወይ ንስኻ፡ ወዮ ደኣ ተጸሪጎም ከይዶም'ምበር፡ ምእንቲ ንሕና ምስኦም ክንልከም፡ ከቢድ ብረት ኣብዛ ጥቓና ኣጸጊዖም እንድዮም ክትኩስዎ ቀንዮም። ንሕና እንታዮም ኬንና ክድንግጹልና። ብቐደሙ ንሳቶም ኣይተጋገዩን። ንሕና ውግእ ከም ናይ 1977 ብሓጺር ዝውዳእ ተጋደልቲ ድማ ናብ ዝነበርኩሞ ቦታ ትምለሱ ብምባል ማንታ ልቢ ሒዝና ደድሕሪኦም ምስዓብና'ዩ እቲ ጌጋ። እንቋዕ ጥራይ መወዳእታኡ ኣጸበቐልና!" ኢሉ ንነብሱ ብምግሳጽ ዕቑር ዝቐነየ ናይ ጓሂ ትንፋስ ንምውጻእ ብነዊሕ ኣስተንፈሰ። እቲ

ረድዮ ሃለው ዝሓዘ ተጋዳላይ "በል ንዓናይ ነታ ገዛ ብዙርያኣ ኣኹልለኒ፡ ሓደ ወተሃደር እንተጸኒሑ ግን ወይልኻ!" ክብል ኣጠንቀቐ።

ዓሊ መሪሕዎ እናተበግሰ እተን ከም ፍሓም ሓዊ ኣብ ፈርኔሎ ተኾሚረን ዝቐነያ ስድራቤታት፡ በብሓደ እናወጽኣ ነቶም ተጋደልቲ ብትሑት ድምጺ ኣብ ምሕቋፍን ምስዓምን ተጸምዳ። ምድሪ ናብ ምውጋሕ ገጹ ከይዱ ከብዲ ኣድጊ ምስ ኮነ፡ ኩሎም ስድራቤታት ብዛዕባ ንብረት ከይሓሰቡ እግሮም ብዘፍቅዶ ናብቲ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ግንባር ዝኾነ ሓራ ቦታ ዘብዘብ ክብሉ ጀመሩ። ኣደይ መዓሾ ድማ ናብ ቤተን ኣዲስ ኣለም፡ ደቀን ሒዘን ከም ሰበን ተጓዕዛ። ቤተን ሳላ ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ግንባር ምጽንሑ ብሕፉሩ እተን ክልተ ኣባጊዐን ድማ ከምታ ዝገደፈኦን ኣብ ከባቢ ደምብአን ጸንሓ። ከም ሰብ ሕቑፍ ኣቢለን ሰዓመአን። "ወተሃደራት ደርግ እንተዝኾኑ ነይሮም ቀደም ኣዕጽምቲ ኮይነን ተረፍ ኣኽልባት ምኾና" ድሕሪ ምባል፡ ነቶም ኣብ ቅድሚኣን ዝነበሩ ተጋደልቲ ጸዊዐን ነታ ሓንቲ በጊዕ ህያብ ኢለን ሃባኦም። ነታ ሓንቲ ድማ ሓሪደን ምስ ደቀን መምለስ ነፍሲ ዝሓለፈ መከራ ገበራኣ። ርግኢ ምስ በላ ድማ ብዛዕባ'ቲ ዝወስደኦ ግጉይ ስጉምቲ "ማንታ ልቢ" ኣስተንተና። *** ከባቢ ሰዓት ትሽዓተ ምስ ኮነ፡ ከምቲ ኣብ ዝሓለፉ ጽሑፋትና ዝጠቐስናዮ ማለት - እቶም ብወገን ስጋለት ቀጣን ንቕድሚት ዝገስገሱ፡ ጸግዒ ጸግዒ እናፈተሹ ናብታ ንወደብን ውሽጢ ባጽዕን እትፈሊ ቢንቶ ብምጽጋዕ ምስቶም ብጀላቡ ብባሕሪ ዝኣተዉ ተረኣኣዩን ብረድዮ ርክብ ብቐረባ ክወሃህዱን ከኣሉ። ድሕሪ'ዚ ናብ ሆቴል ሬድ-ሲ ሰጎሙ። ብመስኮት ናብ ውሽጢ'ቲ ሆቴል እንተተዓዘቡ ኣብ መሬት ዛሕ ዝበሉ ሰባት ረኣዩ። ብሰላሕታን ጥንቃቐን ናብቲ ቦታ እንተቐረቡ፡ ኣብ ሓደ ክውል ዝበለ ቦታ ብጃምላ ዝተረፍረፉ ሬሳታት ተዓዘቡ።



ለካ እቶም ንህዝቢ ባጽዕ ጅሆ ሒዞም ከብቅዑ፡ ሕደጉ ተባሂሎም ተለሚኖም ብሰላም ኢዶም ክህቡ ፍቓደኛታት ዘይኮኑ እኒ ብሪጋደር ጀነራል ተሾመ ተሰማ ዝርከብዎም ላዕለዎት ሓለፍቲ ደርግ ምኻኖም ኣስተብሃሉ። "ደጊም እቲ ውግእ ኣብቂዑ'ዩ" ተበሃሂሎም ንሓድሕዶም ተሰዓዓሙ። ድሕሪ'ዚ መሪሕነት ህዝባዊ

ግንባር ክሳራታት ጸላኢ ኣብ ምግምጋምን ዝተጨበጠ ዓወታት ኣብ ምውሓስን እዩ ኣትዩ። ኣብ ስርሒት ፊንቅል 40 ሽሕ ሰራዊት ኢትዮጵያ ምዉትን ቁሱልን ምሩኽን ክኸውን እንከሎ፡ ልዕሊ 80 ታንክታት 8 ቢኤም ወንጨፍቲ ሮኬታት፡ 40 ናይ 122 ሚ.ሜ. ሄውትዘር መዳፍዕ፡ ክሳብ 20 ሽሕ ዝበጽሕ ፈኰስቲ ብረት፡ ብርክት ዝበለ ጸረ ታንኪ ተመራሒ ሚሳይል ተሰሊቡ። እዚ ዝተሰልበ ኣጽዋራት ንጉልበት ተኽሲ ህዝባዊ ግንባር ዝደረዐ ነበረ። ዝያዳ ኩሉ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ካብ ባሕሪ ምስ ናይ መሬት መራኸቢ ዝነበረቶ እንኮ መስመር ተረገጠቶ። ካብዚ ተበጊሱ መራሒ ስርዓት ኢትዮጵያ መንግስቱ ሃይለማርያም "ባጽዕ ምሓዝ ማለት፡ ናይቲ ከም ብሌን ዓይንና እንርእዮ ናይ ሓይልታት ሰራዊትና ዓንዲ ሕቖ ዝኾነ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ስዕረት ማለት'ዩ። ስዕረት ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ድማ፡ ውድቀት ሰራዊት ኢትዮጵያ ብምሉኡን ምንጻል ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያን ማለት እዩ። ስለዚ ኩናት ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት፡ ኣብ ምድሪ ኤርትራ ኣብ ወሳኒ መድረኽ በጺሑ ኣሎ" ክብል ብማዕከናት ዜና ሃገሩ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኣርድኦ።

ድሕሪ ደጊም መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ንህዝባዊ ግንባር፡ ከምቲ ብርሃን ክትርእዮ'ምበር ክትጭብጦ ወይ ድማ ብግናዕ ኢድካ ክትክውሎ ዘይከኣል፡ ከምኡ ገይሩ ካብ ምርኣይን ምውሳድን ንላዕሊ ካልእ ምርጫ ኣይነበሮን።

ሓዳስ ኤርትራ

ጥሪን - ለካቲትን 2026